# መጽሓፍ-ሓበሬታ ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት ንስድራ-ቤት

ምርዳእን ምድህሳስን ስርዓተ ሕጊ ኪንግ ካውንቲ




ዜሮ ማእሰርቲ መንእሰያት

King County

**ናይ 2020 ሕታም**

# ዝርዝር ትሕዝቶ


| ኣርእስቲ | ቁ. ገጽ |
|---|---|
| ካርታ ታሪኽ ዜሮ ማእሰርቲ መንእሰያት (ምስሊ) | 3 |
| መእተዊ | 4 |
| እንድሕር ወረቐት መንበሪ ፍቓድ ዘይብለይኩ፧ | 5 |
| እንድሕር እንግሊዝኛ ዘይዛረብ ኮይነኹ፧ | 5 |
| ሞያውያን ዝርከቡ ኣብ ስርዓት ሕጊ ኮተቴታት (ምስሊ) | 6 |
| ክፍልታትን ሞያውያንን ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት | 7 |
| መደበራት ፖሊስ | 7 |
| ቤት-ጽሕፈት ኣኽባሪ ሕጊ ኪንግ ካውንቲ | 7 |
| ክፍሊ ተጣባቒ ህዝቢ ኪንግ ካውንቲ | 8 |
| መጋበእያ ኮተቴታት ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኪንግ ካውንቲ | 8 |
| ቆልዓኻ ኣብ ኣምክሮ ኣብ ዝህልወሉ | 9 |
| ሓበሬታ ኣምክሮ | 9 |
| ክፍሊ ቤት-ማእሰርቲ ዓበይትን ኮተቴታትን ኪንግ ካውንቲ | 10 |
| ቆልዓኻ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምስ ኣተወ | 10 |
| መጀመርታ ቆልዓኻ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት ምስ በጽሐ እንታይ የጋጥም | 10 |
| እንድሕር ቆልዓኻ ብምኽንያት ስድራ-ቤታዊ ጎነጽ ተቐይዱ ኮይኑ፧ FIRS | 11 |
| ቆልዓኻ ኣብ ማእሰርቲ ምስ ዝህሉ እንታይ ክትገብር ትኽእል | 11 |
| ንቆልዓኻ ምጥባቕ | 12 |
| እንታይ ኢዩ ዘጋጥም ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት፧ | 13-16 |
| እንድሕር ቆልዓይ ጥርዓን ዓመጽ ወይ ሸለልትነት ኣቕሪቡኹ፧ | 16 |
| እቲ መስርሕ ቤት-ፍርዲ | 16-27 |
| ምኽርታት ናብ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ኣብ እትበጽሑሉ | 17 |
| ቆጻራታት ቤት-ፍርዲ | 17 |
| እቲ መስርሕ ቤት-ፍርዲ (ምስሊ) | 18-19 |
| ቀዳማይ ምቕራብ ናብ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ | 20 |
| ተወሰኽቲ ቆጸራታት ቤት-ፍርዲ | 21-22 |
| ብብዝሒ ልሙዳት ዘይኮኑ ቆጸራታት ቤት-ፍርዲ (ምስሊ) | 23 |
| Diversions (ግልሰታት) | 24 |
| ደገፍቲ ፕሮግራማት ቤት-ፍርዲ ከምኡውን ሽርክነታት | 24-27 |
| ምላሽ ጥዕና ጠባይ | 24 |
| ስልጠና ምትካእ ጎነጽ (ART) | 24 |
| ኣብ ስግኣት ዝርከቡ መንእሰያት (ARY)፡ ኣገልግሎታት ሓገዝ ዘድልዮ ቆልዓ (CHINS) ከምኡውን ፕሮግራማት ብኩራት | 24-27 |
| ገምጋሚት ጉጅለ ፍትሒ ኮተቴ (JJAT) | 27 |
| ማእከል ጸጋታት ቆልዓን ስድራ-ቤትን ናይ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ | 27 |
| ኣማራጺታት ጽኑዕ ማእሰርቲ፡ ኤሌክትሮኒካዊ ክትትል ኣብ ገዛ ከምኡውን ጉጅለኣዊ ክንክን | 28 |
| ምዕጋት መዛግብቲ | 28 |
| ብብዝሒ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ቃላት | 29-32 |
| ኣሕጽሮተ ቃላት | 33 |
| ኣገግሎታትን ጸጋታትን ማሕበረሰብ | 34-41 |
| ምስጋና | 41 |


King County
ZERO YOUTH DETENTION
Relationship Oriented
Accountability & Transparency
Value Service Providers
Cultivating conditions for young people to be HAPPY, SAFE, HEALTHY and THRIVING
Prioritize Voices of Youth & Families
Quantitative Data
As overall number of youth in detention decreased, racial disproportionality increased
Average daily population in detention: 41.8
Increase in use of electronic monitoring while overall detention decreases
Black youth represent 10% of King County's population, but 50% of the detention population
ALIGN AND OPTIMIZE CONNECTIONS BETWEEN SYSTEMS TO INCREASE EFFECTIVENESS
COMMUNITY SERVICES
SCHOOL SYSTEMS
JUSTICE SYSTEM
SUPPORT YOUTH AND FAMILIES TO REDUCE RECURRENCE OF LEGAL SYSTEM OUTCOMES and IMPROVE HEALTH OUTCOMES
DIVERT YOUTH FROM THE FORMAL LEGAL PROCESS and DETENTION to COMMUNITY-BASED OPTIONS
"Its easier to get a gun than it is to get a job."
DETAIN
DIVERT
PRISON PIPELINE
Qualitative Data
wealth disparities
Overcoming Historical Barriers
social determinants of health
educational inequity
PREVENT YOUTH FROM ENTERING THE JUVENILE LEGAL SYSTEM
LEAD WITH RACIAL EQUITY
war on drugs
mass incarceration
redlining
juvenile justice act
sub-prime lending
Historical Data
performative anti-racism
either/or thinking
perfectionism
linearity
urgency at the expense of relationships
defensiveness
right to comfort
quantity quality
DOMINANT CULTURAL VALUES

እንድሕር ነዚ መምርሒ ክትርዳእ ሓገዝ ዘድልየካ ኮይኑ፡ ብኽብረትካ ደጊምካ ርኣዮ ምስ ዝኾነ ናይ ኪንግ ካውንቲ ሞያዊ ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት ወይ ተወከስ ኣብ zydinfo@kingcounty.gov። እዚ መምርሒ ክርከብ ይክኣል ብንቋንቋታት ኣምሓርኛ፡ ሩስያኛ፡ ሶማልኛ፡ እስጳንኛ፡ ትግርኛ ቋንቋ ማርሻል after "ትግርኛ" ከምኡ`ውን ቬትናምኛ።

# መእተዊ

ሓደ ቆልዓ ኣብ ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት ምስ ዝሳተፍ፡ ዝበዝሕ ግዜ እቶም ኣባላት ስድራ-ቤት ድሕሪ ቡዙሕ ግዜን ጉልበትን ምፍሳሶም ደገፍ ንምርካብ ነቶም ናብኡ ዘምርሕዎም ኩነታት ንምቕያር ድኻም ይስምዖም ኢዩ። ከም ወሃቢ ክንክን መጠን ካብ ቤት-ትምህርታትን ኣማኸርትን ደገፍ ደሊኻ ክትኮውን ትኽእል ኢኻ። ኣገልግሎታት ኣብ ምውካስ ዕንቅፋታት ብምርካብካ ድማ ተበሳጪኻ ክትኮውን ትኽእል ኢኻ። እቶም ሓገዝ ንምርካብ ዝተኻየዱ ፈተነታት ብዘየገድሱ፡ ዝበዝሕ ግዜ ኣባላት ስድራ-ቤት ንናይ ቆልዓኦም ጠባይ ንነብሶም ኢዮም ዝወቕሱ።

ንቆልዓኻ ውሑስ ዝኾነ ሃዋሁ ምፍጣር ናትካ ሓላፍነት ጥራይ ኣይኮነን። ናይ ኩሉ እቲ ማሕበረሰብ ሓላፍነት ኢዩ ቆልዑ ዝስስንሉ ሃዋሁ ምፍጣር። እቶም ኣብ ስርዓተ ሕጊ ዝርከቡ ሰባት ምስ ዝኾነ ጸጋታት፡ ደገፋት ከምኡ`ውን ኣገልግሎታት ከተሓሕዙኻ ኢዮም ነዚ ዑደት ንምኹላፍ። ኣብቲ ስርዓተ ሕጊ ምስታፍ ኣዝዩ ዓቢ ነገር ኢዩ ከምኡ`ውን እንድሕር ቆልዓኻ ብገበን ተኸሲሱ፡ ነባሪ ዝኾነ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል ኢዩ።

ነዚ ምኽንያት ኢዩ ከኣ ኪንግ ካውንቲ ኣበርቲዑ ዝሰርሕ ዘሎ ዝያዳ ዝደልደለ መርበብ ደገፋት ማሕበረሰብ ዝሃንጽ ዘሎ መታን ቆልዑ ኣብቲ ዘድልዮም ግዜ እቲ ዘድልዮም ሓገዝ ክረኽቡ። እዞም ደገፋት ማሕበረሰብ ንተጠቃምነት ጽኑዕ ማእሰርቲ ወይ ተወሳኺ ተሳትፎ ስርዓተ ሕጊ ዘወግዱ ፍታሓት ከናድዩ ኢዮም። ናይ ዕቑዳት መጽናዕታት ከምዘርእይዎ፡ ንመንእሰያት ኣብ ቤት-ማሕቡስ ምዱጋን ህዝባዊ ውሕስነት የረጋግጽ ማለት ኣይኮነን፡ እኒ ደኣ ነቶም መንእሰያት፡ ስድራ-ቤታቶም ከምኡ`ውን ማሕበረሰቦምን ኢዩ ዝጎድእ። ምእንቲ ቆልዑ፡ ስድራ-ቤታት ከምኡ`ውን ማሕበረሰባት ሕጉሳት፡ ጥዑያት፡ ውሑሳት ከምኡ`ውን ዝስስኑ ንክኾኑ ዝያዳ ክንገብር ንኽእል ኢና ከምኡ ድማ ክንገብር ኣለና።

እዚ እናተኻየደ ከሎ ድማ፡ ከም ወላዲ መጠን ኣብ ኣሸጋሪ ኩነታት ናይ ድሕሪ ቆልዓኻ ምእሳሩ እንታይ ክገብር ኢየ ኢልካ እትሓስበሉ ኢኻ ትኸውን። ብዛዕባ ቆልዓኻን ጽቡቕ ምህላዉን ቡዙሕ ሕቶታት ክህልወካ ይኽእል ኢዩ። ቆልዓይ ደሓን ዲዩ? ቆልዓይ ሕጂ ኣበይ ኣሎ? ንቆልዓይ መዓስ ናብ ገዛ ከምጽኦ ይኽእል? መዓስ ክርእዮ ወይ ክዛረቦ ይኽእል? እንታይ ክገብር ይኽእል? ንመን ክኣምን ይኽእል? ቀጺሉ እንታይ የጋጥም?

እዚ መምርሒ ኮቪድ-19 ንምክልኻል ስጉምታት ማሕበራዊ ርሕቀት ኣብ ዝውሰደሉ ዝነበረ ግዜ ዝተሰርሐ ኢዩ ። ዘይተጸንበረቑ ፍልልያት ክህልዉ ይኽእሉ ኢዮም ኣብ ኣገልግሎታት፡ ቆጸራታት ቤት-ፍርዲ ከምኡ`ውን ምብጻሕ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት።

**እዚ መምርሒ ነዞም ሕቶታት መልሲ ከቕርቡ ብዝደለዩ ወለድን ተጣበቕቲ ስድራ-ቤትን ዝማዕበለ ኢዩ። እዚ መምርሒ ከም ዝርዝር ዝኾነ መግለጺ ናይ ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት ተባሂሉ ዝተሓሰበ ኣይኮነን። ኣብ ክንድኡ ግን፡ ተስፋ ንገብር እዚ መምርሒ ዝያዳ ክሕግዘኩም ኣብ ምርዳእ ተራኹም ኣብቲ ስርዓት ከምኡ`ውን ኣብ ምርካብ ምስ ዝኾነ ዓይነት ደገፍ ንዓኹም ወይ ንቆልዓኹም ዘድሊ።**

# እንድሕር ወረቐት መንበሪ ፍቓድ ዘይብለይከ፧

ናይ ስደት ኩነታቶም ብዘየገድስ ኪንግ ካውንቲ ድሉው ኢዩ ንኩሉ ሰብ ክቕበልን ከገልግልን። ስደት ኣዝዩ ኣሸጋሪ ተመኩሮ ኢዩ ከምኡ ድማ ቆልዑ ኣብ ሓድሽ ባህሊ ክተዕብዮም ነቲ ብድሆ የካብዶ። ካብቶም ክፍልታት መንግስቲ ኣብ ኪንግ ካውንቲ ዝርከቡ ዋላ ሓደ ብዛዕባ ናይ ስደት ኩነታት ዝሓትት የለን። ናይቲ ከባቢ ፖሊስ ኣይሓቱን ኢዮም ብዛዕባ ናይ ሓደ ሰብ ናይ ስደት ኩነታቱ ኣብ ግዜ ቀይዲ። እቲ ሓበሬታ ኣይውሃብን፡ ኣይእከብን ወይ ኣይቅመጥን ኢዩ ኣብ ዝኾነ እቶም ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ማዕከን ዳታ። እንድሕር ቆልዓኻ ወረቐት መንበሪ ፍቓድ ዘይብሉ ኮይኑ ድሕሪ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምውዓሉ ኣይክጥረዝን ኢዩ። እቶም ኣብ ስርዓተ ሕጊ ኪንግ ካውንቲ ዝርከቡ ሞያውያን ጸጋታት ኣለዉዎም ዘራኽቡ ንዝተሰደዱ ስድራ-ቤታት ምስ ንጹራት ጸጋታት ብመሰረት ዝተጠልብዎ። ነዚ ሓገዝ ንምቕራብ ኣገዳሲ ኣይኮነን ንናይቶም ስድራ-ቤታት ኩነታት ስደቶም ምፍላጥ።

[**ኣብዚ ጠውቑ ንክትረኽቡ King County Immigrant and Refugee Program (ፕሮግራም ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን ኪንግ ካውንቲ)**]() ወይ ደውሉ ናብ King County Office of Equity and Social Justice (ቤት-ጽሕፈት ፍትሕን ማሕበራዊ ፍትሕን ኪንግ ካውንቲ) (206) 477-7525 ወይ (206) 263-3434።

# እንድሕር እንግሊዝኛ ዘይዛረብ ኮይነ፧

ኩሉ ሰብ ሃገራዊ መበቆሉን ክእለት ቋንቋ እንግሊዝኛኡን ብዘየገድስ ኣለዎ መሰል ብግቡእ ክሳተፍ ኣብ ናይ ክፍለሃገር መስርሕ ቤት-ፍርዲ ከምኡውን ፕሮግራማት። ዝበዝሕ ግዜ ጉዳያት ቤት-ፍርዲ ኣዝዮም ዝተወደቡ ከምኡውን ፍሉያት ቃላት ኣብ ጥቕሚ ዝውዕለሎም ኣጨነቕቲ ተምኩሮታት ኢዮም። እንድሕር ውጽኢታውያን ዝኾኑ ናይ ቋንቋ ኣገልግሎታት ዘይሃልዮም፡ ቡዙሓት ሰባት ኣብቲ መስርሕ ፍርዲ ክህሰዩ ኢዮም፡ እዚ ድማ ንዖኦም ወጻዒ ከምኡውን ዘይቅዋማዊ ዝኾነ ጾር ኢዩ ኣብቲ ናይቲ መስርሕ ተሳትፎኦም።

ኩሎም ሰራሕተኛታት ኪንግ ካውንቲ ክውከሱ ይኽእሉ ኢዮም ብኣካል ተራኺብካ ከምኡውን ናይ ተሌፎን ትርጉም ኣገልግሎታት። እንድሕር ስምካ፡ ቁጽሪ ተሌፎንካ ከምኡውን ስም ናይቲ ትዛረቦ ቋንቋ ክትነገር ክኢልካ፡ ናይ ኪንግ ካውንቲ ሰራሕተኛ ምስ ተርጓሚ ኮይኑ መሊሱ ክድውለልካ ይኽእል ኢዩ። እንግሊዝኛ ትዛረብ እንተኾይንካ፧ ግን ከኣ ብተርጓሚ ምዝራብ ዝያዳ ይምችኣካ እንተኾይኑ፡ ብኽብረትካ ሕተት ክግበረልካ ተርጓሚ። ዝሓሸ ኢዩ ብዛዕባ እቲ ሓበሬታ ምቕት ክስመዓካን ከምኡውን ንጹር ዝኾነ ርድኢት ክህልወካን መታን ዝኾነ ሕልኽላኻት ከተወግድ ከምኡ ድማ እቲ መስርሕ ዝሓሸ ንክኸውን።


እቶም ተርጎምቲ ነቲ ዝርርብ ጥራይ ኢዮም ብቐጥታ ክትርጉምዎ ዘለዎም፡ ከምኡ ድማ ክህቡ ኣይክእሉን ከምኡ ድማ ክህቡ የብሎምን **ጥብቅና** ወይ ምኽሪ።

### ምትርጓም ንኣኼባታት ኣብ ቤት-ፍርዲ

ንጠበቓኻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ወይ ንናትካ JPC (ኣማኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት) ብዛዕባ ቅሩብነት ናይ ተርጓሚ። እንድሕር ንሰራሕተኛታት ቤት-ፍርዲ ነጊርካዮም ተርጓሚ ከምዘድልየካ፡ ከረጋግጹ ኢዩ ዝግብኦም ሓደ ናጻ ተርጓሚ ንኩሎም ናይ ቤት-ፍርዲ ፍጻመታት ቅሩብ ከምዝኸውን። **ነቶም ናይ ትርጉም ኣገልግሎታት ብቐጥታ ምውካስ ኣየድልየካን ኢዩ፡ ግን ሕቶታት ምስዝህልወካ ባዕልኻ ክትውከሶም ትኽእል ኢኻ፡** Interpreters for Court Matters (ተርጎምቲ ቤት-ፍርዲ የገድስዩ) (206) 477-1415 scinterp@kingcounty.gov።

*ካብ ኣፍጋንኛ ክሳብ ዙሉ፡ Superior Court's Office of Interpreter Services (OIS) (ቤት-ጽሕፈት ኣገልግሎታት ተርጎምቲ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ) ይሕዝ ንልዕሊ 160 ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝትርጉሙ ተርጎምቲ፡ ዝሕግዙ ድማ ንእንግሊዝኛ ዘይዛረቡ ኣብ ጉዳያት ቤት-ፍርዲ። ኣገልግሎታት ትርጉም ብነጻ ኢዮም ዝወሃቡ ንኩሎም ናይ ቤት-ፍርዲ ፍጻመታት።*

# ሞያውያን ኣብ ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት



# ክፍልታትን ሞያውያንን ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት

ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት ብቡዝሓት ክፍልታት ኪንግ ካውንቲ ከምኡ`ውን ብመሻርኽቱ ዝኾኑ ናይ ማሕበረሰብ ውድባት ዝተሰርሐ ኢዩ። ንቆልዓኻ ዝጸልዉ ውሳኔታት ብቡዝሓት ዝተፈላለዩ ሰባት ይወሃቡ ኣብ ዝተፈላልዩ ግዜያት እቲ መስርሕ። ቀጻሊ ክትፈልጥ ኣለካ እንታይ ውሳኔታት ይወሃቡ ከምዘለዉ ከምኡ`ውን ነቶም ውሳኔታት ንምሃብ መን ሓላፍነት ከምዘለዎን። ዝያዳ ሓበሬታ ምስዝህልወካ ብዛዕባ ናይ ቆልዓኻ ኩነታት፡ ዝያዳ ኢኻ ክትድግፎ ትኽእል። ግድን ጽሓፎ እቲ ስም፡ መዓርግ፡ ስም ናይቲ ቤት-ጽሕፈት ከምኡ`ውን ቁጽሪ ተሌፎን ናይቶም ምስ ቆልዓኻ ዝሰርሑ ሰባት። ኣዝዩ ሓጋዚ ኢዩ እንድሕር ንኩሉ ሓበሬታ እትምዝግበላ ንእሽቶ ደብተር ሒዝካ።

ብተወሳኺ ነቶም ኣብ ታሕቲ ዝተጠቕሱ መብርሂ፡ ነፍሲ-ወከፍ እቶም ክፍልታት ነናቶም መርበብ ሓበሬታ ኣለዎም። ብኽብረትካ ነቶም መርበብ ሓበሬታታት ብጽሓዮም ከምኡ`ውን ንዝያዳ መብርሂ ብዛዕባ ስርሖም፡ ተራኦም ከምኡ`ውን ኣገልግሎታቶምን ንነፍሲ-ወከፍ ክፍሊ ብቐጥታ ተወከስ።

## [መደበራት ፖሊስ]()

እንድሕር ቆልዓኻ ንፖሊስ ተውኪሱ፡ እቲ ፖሊስ ሰራሕተኛ ናይ King County Sheriff's Office (ቤት-ጽሕፈት ሸሪፍ ኪንግ ካውንቲ) ክኾውን ይኽእል ኢዩ ወይ ናይ መደበር ፖሊስ ናይቲ ከባቢ ንእሽቶ ከተማ። ሓደ ፖሊስ ንሓደ ፍጻመ ምላሽ ክህብ እንከሎ፡ መጀመርታ ገምጋም ይህብ ንውሕስነት ናይቲ ኩነታት ከምኡ`ውን ገበን ዝተፈጸመን ዘይተፈጸመን። ድሕሪ መርመራ ምግባሩ፡ እቲ መንእሰይ ኣብ ገበን ተሳቲፉ ኢዩ ኢሉ ክውስን ይኽእል ኢዩ። ነቲ ቆልዓ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታውን ከምኡ`ውን ናብ ጽኑዕ ቤት-ማእሰርቲ ክሰድዎ ወይ ክገብርሉ **ውከሳ** (ጸብጻብ ፖሊስ) ናብ **Prosecuting Attorney's Office (PAO) (ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ)** ክውስኑ ይኽእሉ ኢዮም።

## [ቤት-ጽሕፈት ኣኽባሪ ሕጊ ኪንግ ካውንቲ]()

1211 East Alder St. Seattle, Washington 98122-5553
ሰዓታት ስራሕ፡ **ሰ**ኑይ – ዓርቢ 8:30ቅ.ቀ ክሳብ 4:30ድ.ቀ
(206) 477-3044

ኣብ ኪንግ ካውንቲ እቲ Prosecuting Attorney (ዋና ኣኽባር ሕጊ) ብህዝቢ ኢዩ ዝምረጽ። ተወሰኽቲ ኣኽበርቲ ሕጊ ድማ ይቖጸሩ ንክሰርሑ ኣብቲ ክፍሊ ኮተቴታት። ቤት-ጽሕፈቶም ኣብቲ **Children and Family Justice Center (CFJC) (ማእከል ፍትሒ ቆልዑን ስድራ-ቤትን)** ኢዩ። እቶም ፖሊስ ንቆልዓኻ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምስ ኣእተዉዎ፡ ነቲ ጸብጻብ ናብ ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ይሰድዎ። እቲ ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ድማ ጉዳይ እቲ ቆልዓ ብፕሮግራም ማሕበረሰብ ዲዩ ክርአ ዘለዎ ወይ ናብ Court (ቤት-ፍርዲ) ክበጽሕ ኣለዎ ኢሉ ይውስን።

> **ኣኽባር ሕጊ** – ናይ ኣኽባር ሕጊ ስራሕ ኣብ ቤት-ፍርዲ እቶም ኣንጻር ቆልዓኻ ዝቐረቡ ክስታት ሓቅነቶም ምርግጋጽ፡ ንናይ ማሕበረሰብ ውሕስነት ምጥባቕ ከምኡ`ውን እቶም ናይ ግዳያት ስምብራት ምንጽብራቕ ኢዩ። ኣብ ኩሎም ቆጸራታት ቤት-ፍርዲ ድማ ክርከቡ ኢዮም። ሓደ ሓደ ግዜ ዝተፈላለዩ ኣኽበርቲ ሕጊ ክቐርቡ ኢዩ ኣብቶም ቆጸራታት። ንስኻን ቆልዓኻን ነቲ ኣኽባር ሕጊ ኣብቲ ቤት-ፍርዲ ጥራይ ኢኹም ክትርእይዎ፡ በጀካ ኣብ ስድራ-ቤታዊ ጎነጽ ዝትንክፍ እንተኾይኑ ጉዳይ ቆልዓኻ።
>
> **ተሓላቒ ግዳይ** – እቶም Victim Advocates (ተሓለቕቲ ግዳይ) ይህቡ ሓበሬታ፡ ደገፍ ከምኡ`ውን ውከሳ ነቶም ዝተጎድኡ ሰብ(ባት) በቲ ናይቲ ቆልዓ ፈጺምዎ ዝበሃል ገበን፡ እዚ ድማ ንኣባላት ስድራ-ቤት ዘጠቓልል ኢዩ። (206) 477-3035 ኢሜይል ስደዱ ናብ፡ vau.juvenile@kingcounty.gov

## The King County Department of Public Defense (ክፍሊ ተጣባቒ ህዝቢ ኪንግ ካውንቲ)

The Dexter Horton Building
710 Second Avenue, Suite 200 Seattle, WA 98104
ሰዓታት ስራሕ፡ 8:00ቅ.ቀ ክሳብ 5:00ድ.ቀ
ተሌፎን፡ (206) 296-7662 ወይ ብነጻ፡ (844) 935-3534 TTY፡ 711 ኣገልግሎት ምስግጋር

**Defense Attorney (ጠበቓ ተኸሳሲ)** ወይ **Public Defender (ተጣባቒ ህዝቢ)** – እንድሕር ቆልዓኻ ብገበን ተኸሲሱ ኣሎ፡ ናብ ሓደ ጠበቓ ክምደብ ኢዩ (ብተወሳኺ ዝበሃል "ተጣባቒ ህዝቢ")። ናይዚ ጠበቓ ስራሕ ምውካል ንቆልዓኻ ኣብ ቤት-ፍርዲ፡ ንቆልዓኻ ሕጋዊ ምኽሪ ምሃብ ከምኡ`ውን ቆልዓኻ ሕጋውያን ውሳኔታት ኣብ ምውሳድ ክሕግዞን ኢዩ። እቲ ጠበቓ ንቆልዓኻ ኢዩ ዝውክል ንዓኻ ኣይኮነን። ናይቲ ጠበቓ ስራሕ ነቲ እቲ ቆልዓኻ ዝወስዶ ውሳኔ ምጥባቕ ኢዩ። እቲ ጠበቓ ንቆልዓኻ ክገልጸሉ ኣለዎ እቶም ሳዕቤናት ናይቶም ዝወስዶም ውሳኔታት። እቲ ናይ ቆልዓኻ ጠበቓ ኣይፍቀደሉን ኢዩ ከካፍለካ እቶም እቲ ቆልዓ ክካፈሉ ዘይደልዮም ሓበሬታ። እዚ ድማ የጠቓልል ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ተፈጺሙ ዝበሃል ጉዳይ፡ መሰኻክር ክኾኑ ዝኽእሉ ከምኡ`ውን/ወይ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ቆልዓኻ ድሕረባይታ።

**Mitigation Specialists (ክኢላታት ምፉኳስ)** ከምኡ`ውን **Paralegals (ተሓጋገዝቲ ጠበቓ)** ይሰርሑ ምስ ናይ ቆልዓኻ ጠበቓ ተኸሳሲ። ነቲ ናይቲ ጠበቓ ስራሕ ምድጋፍ ኢዩ ስርሖም።

## The King County Superior Court Juvenile Division (መጋባእያ ኮተቴታት ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኪንግ ካውንቲ)

1211 E. Alder St. Seattle, WA
Main Floor Receptionist (206) 263-8634
ካብ ሰንይ ክሳብ ዓርቢ ካብ 8:15ቅ.ቀ ክሳብ 4:30ድ.ቀ

Juvenile Court (ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት) ኣብ ውሽጢ King County Superior Court (ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኪንግ ካውንቲ) ዝርከብ ናቱ ክፋል ኢዩ። ዝተልየ ኢዩ ካብ Juvenile Detention (ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት), the Department of Public Defense (ክፍሊ ተሓላቒ ህዝቢ) ከምኡ`ውን ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ።

### ሰራሕተኛታት ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት

እቲ ቤት-ፍርዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝሰርሑ ሰባት ይቖጽር። እዞም ሰባት ዝተፈላለዩ መዓርጋትን ሓላፍነታትን ኣለዉዎም ኣብ ውሽጢ እቲ ክፍሊ።

**ደያኑ** – Judges (ደያኑ) ብመንግስቲ ዝተመርጹ ሰብ ስልጣን ኢዮም። ሓደ ዳኛ ኣብ ኩሎም ቆጸራታት ቤት-ፍርዲ ሕጊ ይስዓብ ከምዘሎ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ። እቲ ዳኛ ቆልዓኻ ብሓደ ገበን ገበነኛ ወይ ዘይገበነኛ ሙኳኑ፡ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ክጸንሕ ዘለዎን ዘይብሉን ከምኡ`ውን እንታይ ክእዘዝ ከምዘለዎ ነቲ መቕጻዕቱ ንምዝዛም (ከም ኣምክሮ **Juvenile Rehabilitation (JR) (ተሃድሶ ኮተቴታት)** ወይ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ) ይውስን። ኣብ ቆጸራታት ቤት-ፍርዲ ንስኻን ቆልዓኻን ንዳኛ ጥራይ ኢኹም ክትውከሱ ዘለኩም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ናይ ቆልዓኻ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ ብቐጥታ ምስቲ ዳኛ ክትዛረብ ዕድል ክትረክብ ኢኻ። ዝኾነ ነቲ ዳኛ ከተካፍሎ እትደሊ ሓበሬታ ክትነግሮ ኣለካ ነቲ Intake (ተቐባሊ) **Juvenile Probation Counselor (JPC) (ኣማኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት)** እቲ ዝቐበለካ JPC ብዛዕባ ናይ ቆልዓኻ ሓበሬታ ክጸሙቕ ኢዩ ከምኡ`ውን ምሕጽንታታት ክገብር ኢዩ ነቲ ዳኛ ብዛዕባ ኣማራጺታት ክንክን ቆልዓኻ።

**Juvenile Probation Counselors (ኣማኸርቲ ኣምክሮ ኮተቴታት)** JPCs ንናይ ቆልዓኻ ዘድልይዎ ነገራት ኣብ ምልላይ ይሕግዙ፡ ይሕግዝዎም ድማ ኣብ ምኽታል ናይቲ ዳኛ ትእዛዛት ከምኡ`ውን ናብቲ ዳኛ ጸብጻብ የሕልፉ።

ዝተፈላለዩ ዓይነት JPC ኢዮም ዘለዉ ከምኡ`ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ግዚያት ኢዮም ዝሳተፉ ኣብቲ መስርሕ፡

*Screening JPC (መማዩ JPC)* – መጀመርታ ቆልዓኹም ናብ ቤት-ማእሰርቲ ኣብ ዝመጻሉ ቃለ-መሕትት ይገብረሎም ነቶም ወለዲ/ሞጉዚ።

*Intake JPC (ተቐባሊ JPC)* – ምሕጽንታታት ይህብ ነቲ ዳኛ ብዛዕባ ኣገልግሎታት ክንክን ክሕግዙ ዝኽእሉ ንቆልዓኻ። እንድሕር ሕቶታት ኣለካ ብዛዕባ እቲ መስርሕ ቤት-ፍርዲ፡ እቲ ተቐባሊ JPC ኢዩ እቲ ዝበለጸ ክትረኽቦ ትኽእል ሰብ። እንድሕር እቲ ዳኛ ክፈልጦ ኣለዎ እትብሎ ሓበሬታ ብዛዕባ ቆልዓኻ ኣለካ፡ ክትነግሮ ኣለካ ነቲ ተቐባሊ JPC።

*Supervising JPC (ተቖጻጻሪ JPC)* – እንድሕር ቆልዓኻ ኣብ ናይ ግልሰት ፕሮግራም ኣሎ ወይ እንድሕር ብገበን ተኸሲሱ ግን ከኣ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ እንድሕር ዘየለ፡ ክምደበሉ ኢዮ ተቖጻጻሪ JPC። እቲ ተቖጻጻሪ JPC ኣብ ጥቓ ናይ ቆልዓኻ መንበሪ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ኣምክሮ ክሰርሕ ኢዩ።

## ቆልዓኻ ኣብ ኣምክሮ ኣብ ዝህልወሉ

እቲ ቤት-ፍርዲ፡ ቆልዓኻ እቲ ዘድልዮ ደገፍ ናይቲ ማሕበረሰብ ክረክብ ይኽእል ኢዩ ኢሉ ምስዝኣምን፡ ኣብ ኣምክሮ ከጽንሖ ይኽእል ኢዩ። ዝበዝሑ ነቲ ዝተኸሰሱሉ ገበን ዝኣምኑ መንእሰያት ወይ ብዝተኸሰሱሉ ገበን ገበነኛታት ኮይኖም ዝርከቡ ኣብቲ ማሕበረሰብ ይቕጽሉ ከምኡ`ውን ይሳተፉ ኣብ ውጥን መደብ ኣምክሮ ምስ ኣማኸሪ ኣምክሮ ኮተቴታት። ቆልዓኻ ገለ ሕግታት ክኽተል ክጥለብ ኢዩ፡ ከም ናብ ቤት-ትምህርቲ ኬድካ ምምሃር ከምኡ`ውን ክቕረበሉ ኢዩ ንዑኡን ንስድራ-ቤቱን ዝተወልቀወ ደገፍን ኣገልግሎታትን። እንድሕር ቆልዓኻ ኣብ ኣምክሮ ኣሎ፡ እቲ ኣማኸሪ ኣምክሮ ኮተቴታት ምሳኻን ምስ ቆልዓኻን ክሰርሕ ኢዩ ኣብ ምምዕባል ሓፈሻዊ ዝኾነ ውጥን ጉዳይ፡ እዚ ድማ ከጠቓልል ይኽእል ከም ምምኻር፡ ስራሕ ምርካብ ከምኡ`ውን ደገፍ ትምህርቲ። እቲ ቀንዲ ዕላማ ኣማኸሪ ኣምክሮ፡ ንቆልዓኻ ከምኡ'ውን ንስድራ-ቤትካ ኣብቲ እዋን መስርሕ ጸጋታት ምቕራብ ከምኡ`ውን ውሑስን ጥዑይን መጻኢ ንምውሓስ ኢዩ።

## ሓበሬታ ኣምክሮ

እንድሕር ነቲ ናይ መንእሰያት ተቖጻጻሪ ኣመኻሪ ኣምክሮ ትፈልጦ እንተኾይንካ፡ ብቐጥታ ክትረኽትቦ ትኽእል ትኾውን ኢኻ። እንተዘይኮይኑ ግን፡ ናብቲ ዋና ተቐባል ጋሻ ብምድዋል ክትሰጋገር ትኽእል ኢኻ ናብቲ ቅኑዕ ሰብ።

### ቤት-ጽሕፈታት ኣምክሮ ኮተቴታት

**Seattle** (City Unit) (206) 477-4929
1211 E. Alder St. Seattle, WA

**Federal Way** (South II) (206) 477-7360
34004 16th Avenue South #104 Bellevue, WA 98003

**Renton** (South I) (206) 477-5335
451 SW 10th Street #200 Renton, WA 98057

**Bellevue** (Northeast Unit) (206) 477-6490
1722 138th Place NE #200 Bellevue, WA 98005

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ተራ ናይ JPC ብጽሑ ናብዚ መርበብ ገጽ።

**[The King County Department of Adult and Juvenile Detention (DAJD) (ክፍሊ ቤት-ማእሰርቲ ዓበይትን ኮተቴታትን ኪንግ ካውንቲ)]**
1211 E. Alder St. Seattle, WA

እዚ ክፍሊ ንቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት የካይድ። ዋላ`ኳ ኣብ ሓደ ህንጻ እንተኾኑ፡ ግን DAJD ዝተፈልየ ክፍሊ ኢዩ ካብ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት። እቶም ምስ መንእሰያት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት DAJD የጠቓልሉ ምዝጉባት ነርሳት፡ ሞያውያን ጥዕና ኣእምሮ፡ ተሓጋገዝቲ ሕክምና፡ መምሃራን፡ ሰብ መዚ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት፡ ኣዋሃሃድቲ ዳግመ ሃናጺ ፍትሒ፡ ክኢላታት ምእዘናን ገምጋምን፡ ኣዋሃሃድቲ ምዝንጋዓት፡ ወለንታውያን ኣዋሃሃድቲ ከምኡ`ውን ተቖጻጸርቲ ምእራም።

# ቆልዓኻ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምስ ኣተወ

እንድሕር ፖሊስ ንቆልዓኻ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ የእቲዮም፡ ናብ ገዛ ክሰድዎ ይኽእሉ ኢዮም ከምኡ`ውን ድሒሩ ካልእ ግዜ ናብ ቤት-ፍርዲ ክመጽእ ይኽእል ኢዩ።

ካልኦት ግዜያት ድማ፡ ፖሊስ ንቆልዓኻ ክኣስሮ ኢዩ ከምኡ`ውን ክወስዶ`ዩ ናብ ቤት-ማእሰርቲ። ፖሊስ ንቆልዓኻ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ክወስድዎ ይኽእሉ ኢዮም በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት፥

1. እቲ ፖሊስ፡ ቆልዓኻ ብረት ተጠቂሙ ገበን ፈጺሙ ኢሉ ምስ ዝኣምን።
2. እቲ ፖሊስ፡ ቆልዓኻ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛ ቤት-ትምህርቲ፡ ኣመሓዳሪ ወይ መምህር መጥቃዕቲ ፈጺሙ ኢሉ ምስ ዝኣምን።
3. እንድሕር ቆልዓኻ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንክኣቱ ዝተዋህበ **warrant (ትእዛዝ)** ኣሎ ኮይኑ።
4. እቲ ፕሊስ እንድሕር ቆልዓኻ ንካልእ ሰብ የፈራርሕ ኔሩ ወይ ኣብ ንሓደ ሰብ ክጎድእ ዝኽእል ወይ ከቢድ ዕንወት ኣብ ንብረት ክስዕበሉ ዝኽእል ኩነታት ኔሩ ኢሉ ምስ ዝኣምን።
5. እንድሕር ቆልዓኻ ኣቐዲሙ ቡዙሕ ግዜ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ኔሩ ከምኡ`ውን ስክፍታታት እንተሎ ብዛዕባ ህሉው ናይ ቆልዓኻ ጠባይ።

ንዝርዝር ጥርጣረ ገበናት ንቆልዓኻ ብፖሊስ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ክወስዱ ዝኽእሉ ርአ [Juvenile Detention Intake Criteria (መለክዒታት ናብ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት ንምእታው)]።

# መጀመርታ ቆልዓኻ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት ምስ በጽሐ እንታይ የጋጥም

እንድሕር ፖሊስ ንቆልዓኻ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ወሲዶሞ፡ ብመኪና ክወስድዎ ኢዮም ናብ Children and Family Justice Center (ማእከል ፍትሒ ቆልዑን ስድራ-ቤትን) ኣብ 1211 E. Alder St ኣብ ሲያትል።

**ሕክምናዊ መርመራ፡**
ቆልዓኻ ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት ምስ በጽሐ ሓንቲ **ነርስ** ክትምርምሮ ኢያ። እንድሕር እቶም ሰራሕተኛታት ዕቱብ ዝኾነ ስክፍታታት ኣለዎም ብዛዕባ ናይ ቆልዓኻ ጥዕና ወይ ኣእምሮኣዊ ጥዕና፡ ቆልዓኻ ናብ ሆስፒታል ክውሰድ ይኽእል ኢዩ ንመርምራ። እንድሕር ቆልዓኻ ከቢድ ዝኾነ ስክፍታታት ጥዕና ዘይብሉ፡ ዳግም መርመራ ክግበረሉ ኢዩ ብነርስ ኣብቲ ጽኑዕ ቤት-ማእሰርቲ ኣብ ዝበጽሓሉ።

ሓንሳብ ቆልዓኻ ኣብ ጽኑዕ ቤት-ማእሰርቲ ምስ ኣተወ፡ በሪ ናብ ሕክምናዊ ክንክን ከምኡ`ውን ኣገልግሎታት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ክህልዎ ኢዩ ከምቲ ዝተመልከተ። እቲ ክሊኒክ ጥዕና ንድሌታትካ ክከታተሉን ክቐርቡን መታን ኣብ ዝኾነ ሰዓት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ኢዩ። ሓንቲ ነርስ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት እቲ ቆልዓ ናብቲ ጽኑዕ ቤት-ማእሰርቲ ምብጽሑ ንወለዱ ክትድውለሎም ኢያ ንክትፈልጥ ዝያዳ ብዛዕባ ታሪኽ ጥዕንኡ ከምኡ ዘድልዮ ነገራት፡ እዚ ድማ ብዛዕባ ዝኾነ እቲ ቆልዓ ዝወስዶ መድሃኒት ምፍላጥ የጠቓልል።

**ምስቲ መማዪ ምዝራብ፡**
ሓደ ፖሊስ ወይ ሓደ መማዪ ኣማኸሪ ኣምክሮ ኮተቴታት (**JPC**) ክድውለልካ ኢዩ ቆልዓኻ ናብቲ ቤት-ማእሰርቲ ምስ በጽሐ። እቲ "Screener (መማዪ)" ንስክፍታታትኩም ክሰምዓኩም ኢዩ፡ ንሕቶታትኩም ክምልስ ኢዩ ከምኡ`ውን ክሕግዘኩም ኢዩ ኣብ ምርዳእ እቶም ዝቕጽሉ መድረኻት። **እዚ ጽቡቕ ግዜ ኢዩ ንቆልዓኻ ክትጣበቐሉ።** ነቲ መማዪ ንገሮ ሓበሬታ ክፈልጦ ኣለዎ እትብሎ ብዛዕባ ቆልዓኻ። ንኣብነት፡ ቆልዓኻ ስንክልና እንተለዎ ወይ ቤት-ኣልቦ እንተኾይኑ ንገሮ ነቲ መማዪ።

እቲ መማዪ እዞም ሓበሬታ ክካፈሎም ኢዩ ምስ ሰራሕተኛታት ካብ **ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት፡ ቤት-ፍርዲ፡ ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ፡ ክፍሊ ተጣባቒ ህዝቢ።**

## ቆልዓኻ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ይጸንሕ ወይ ገዛ ይኸይድ፡

እቲ መማዪ ካባኻ፡ ካብ ቆልዓኻ ከምኡ`ውን ካብ ፖሊስ ሓበሬታ ክውሰድ ኢዩ። ብድሕሪኡ ድማ ነቶም ሕግታት ናይ ቤት-ፍርዲ ክምልከቱ ኢዮም ንክፈልጡ ቆልዓኻ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዲዩ ክጸንሕ ወይ ናብ ገዛ ኢዩ ክኸይድ ንምፍላጥ።

ዝበዝሕ ግዜ፡ ቆልዓኹም ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ክጸንሕ ኣለዎ እንድሕር፥

- ቆልዓኻ ከቢድ ገበን ፈጺሙ ኣሎ ኢሉ ፖሊስ ምስ ዝኣምን።
- እቲ ቤት-ፍርዲ ስግኣት እንተለዎ ንድሕነት ቆልዓኻ ኣብቲ ማሕበረሰብ።
- እቲ ቤት-ፍርዲ ስግኣት እንተለዎ ቆልዓኻ ነብሱ ክጎድእ ይኽእል ኢዩ ዝብል።
- እቲ ቤት-ፍርዲ ስግኣት እንተለዎ ቆልዓኻ ናብ ናይ መጻኢ ርክባት ኣይክመጽእን ኢዩ ዝብል።

## ዝቕጽሉ መድረኻት፡

እቲ መማዪ ኣብ ናይ ቆልዓኻ ኩነታት ብምምርኳስ ክነግረካ ኢዩ ቀጺሉ እንታይ ከምዘጋጥም። እንድሕር ቆልዓኻ ድሮ ምስ JPC ይራኸብ ኣሎ፡ እቲ JPC ምሳኻ ክሰርሕ ኢዩ ኣብቶም ዝቕጽሉ መድረኻት። ቆልዓኻ ንክንደይ ንውሓት ግዜ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ከምዝጸንሕ ኣብቲ ውልቃዊ ኩነታቱ ኢዩ ዝሙርኮስ ከምኡ`ውን እቶም ብJPC፡ ብዳኛ ከምኡ ድማ ብኣኽባር ሕጊን ጠበቓ ተኸሳሲን ዝውሃቡ ውሳኔታት።

# እንድሕር ቆልዓኻ ብምኽንያት ስድራ-ቤታዊ ጎነጽ ተቐይዱ ኮይኑ፡ ጣልቃ ስድራ-ቤት ከምኡ`ውን ማእከል ኣገልግሎታት ዳግመ ህንጸት (FIRS)

እንድሕር ቆልዓኻ ብዘቤታዊ ጎነጽ ኣንጻር ኣባል ስድራ-ቤት ተኸሲሱ፡ ብቑዕ ክኾውን ይኽእል ኢዩ ንክኣቱ ናብ Family Intervention and Restorative Services Center (ጣልቃ ስድራ-ቤት ከምኡ`ውን ማእከል ኣገልግሎታት ዳግመ ህንጸት) ኣብ ክንዲ ዝጸንሕ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ። ማእከል FIRS ዘይዕጹው ትካል ኮይኑ፡ ክኢላታት ናይ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን ናይ ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ስድራ-ቤት ዝፍጽሙ ብመንእሰያት ውዳብ ናይ ማሕበረሰብ ውዳብ ኢዮም ድማ ሰራሕተኛታቱ። እንድሕር ቆልዓኻ ኣብ FIRS ዝተመዝገበ ኮይኑ፡ ቆልዓኻን ስድራ-ቤትካን ዘይስሩዕ ዝኾነ ስምምዕ ትገብሩ ናብ ኣገልግሎታት ጥዕና ጠባይ ንክትመላለሱ ነቶም ዘድልዩ ነገራት ንምርካብ። ሰራሕተኛታት FIRS ምኽሪ ምትህድዳእ ይህቡ ንመንእሰያት ምስ ስድራ-ቤቶም ብውሕስነት ዳግማይ ንክጽንብርዎም። ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ስድራ-ቤታት ይቕረበሎም ኣብ ገዝኦም ስድራ-ቤታዊ ምኽሪ፡ ኣገልግሎታት ጥዕና ኣእምሮ፡ ኣገልግሎታት ዕጸ-ፋርስን ኣልኮልን ከምኡ`ውን Step-Up Program (ፕሮግራም ክብ ምባል) ብፍሉይ ዘተኩር ኣብ ስድራ-ቤታዊ ጎነጽ በጽሕታት። ማእከል FIRS **ውሑስ** ቤት-ማእሰርቲ ኣይኮነን።

እንድሕር ቆልዓኻ ብቑዕ ኮይኑ ንFIRS፡ እቲ መማዪ ነዚ ምርጫ ምሳኻ ክዛተየሉ ኢዩ። ንስኻ ከም ወላዲ/ሞጒዚ እንተተሰማሚዕካ ጥራይ ኢዩ ቆልዓኻ ናብ FIRS ዝኣቱ። ዝያዳ ፍለጥ ብዛዕባ [FIRS ኣብ መርበብ ሓበሬትኦም](FIRS ኣብ መርበብ ሓበሬትኦም)።

ማእከል FIRS (መንእሰያት ዝጸንሑሉ ትካል) (206) 474-7373 FIRS ተቖጻጻሪ ፕሮግራም (206) 477-6528

# ቆልዓኻ ኣብ ማእሰርቲ ምስ ዝህሉ እንታይ ክትገብር ትኽእል

**ንቆልዓኻ ቀልጢፍካ ክትበጽሖ ፈትን።** ንፍርቂ ሰዓት ንዝኾውን ግዜ ክሳብ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ። ናይ ቆልዓኻ ዝተኣዘዘሉ መድሃኒት ተማልኣዮ ኣብታ ቀዳመይቲ ምብጻሕ። ዝኾነ ምግቢ፡ ክዳን፡ ገንዘብ ወይ ውልቃዊ ነገራት ክትማላእ ኣይፍቀድን ኢዩ ናብቲ መብጽሒ በታ። ወላዲ ወይ ሞግዚ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክመጽእ ይኽእል ኢዩ ኣብታ ቀዳመይቲ ምብጻሕ። ድሕሪ እታ ምብጻሕ፡ እቶም ልሙዳት ሰዓታት ምብጻሕ፥

3:30ድ.ቀ ከምኡ`ውን 9:00ድ.ቀ ኣብ መዓልታት ስራሕ<br>
9:00ቅ.ቀ ከምኡ`ውን 2:30ድ.ቀ ከምኡ`ውን 3:30ድ.ቀ ክሳብ 9ድ.ቀ ኣብ ቀዳመ-ሰንበትን በዓላትን

**መሰል ቆልዓኻ ክውከል ብጠበቓ ተረዳእዮ።** ጠበቓ ቆልዓኹም ንናይ ቆልዓኹም ድሌታትን ውሳኔታትን ይውክል። ጠበቓ ቆልዓኹም ክሰር ሕ ኢዩ ቆልዓኹም ካብ ቤት-ማእሰርቲ ንክወጽእ ከምኡ`ውን ዝያዳ ዝተሓቱ ክስታት ክግበረሉን ድማ ይሰርሑ። ንቆልዓኻ ምስ ጠበቓኡ ሓቂ ክዝራብ ንገሮ።

**ፖሊስ ንቆልዓኻ ቅድሚ ድሕርን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታዎም ሕቶታት ክሓትዎ ኢዮም።** ኣብ ኪንግ ካውንቲ፡ ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ፖሊስ ንሓደ ቆልዓ ብዘይ ህላውነት ናይ ጠበቓኡ ቃለ-መሕትት ኣይገብርሉን ኢዮም። ቆልዓኻ ናይ ዘይምምላስ መሰል ኣለዎ ከምኡ`ውን ንስኻ ወይ ጠበቕኡ ኣብኡ ንክትህልዉ ክሓትት መሰሉ ኢዩ ከምኡ`ውን ኣብቲ ቃለ-መሕትት ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት።

**ክትቅበሎም ዘይከኣልካ ጻውዒታት ተሌፎን ብዝተኻእለካ መጠን ቀልጢፍካ ደውለሎም።** እንድሕር ዝሰርሕ ቁጽሪ ተሌፎን ዘይብልካ ነቲ ቤት-ፍርድን ጠበቓን ናይ እሙን ዝኾነ ዓርኪ ወይ ኣባል ስድራ-ቤት ቁጽሪ ሃቦም። ንኩሎም ክትቅበሎም ዘይከኣልካ ጻውዒታት ተሌፎን ብዝተኻእለካ መጠን ቀልጢፍካ ደውለሎም ከምኡ`ውን ስምካን ቁጽሪ ተሌፎንካ ዘለዎም መልእኽታት ግድፍ። ብተወሳኺ ኢሜይል ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

# ንቆልዓኻ ምጥባቕ

ቆልዓኻ ብጥሕሰት ሕጊ ኣብ ዝጥርጠረሉ ግዜ ክትድግፎን ኣብ ጎኑ ክትህሉን ኣገድሲ ኢዩ። ቆልዓኻ ኣባኻ ወይ ኣብ ካልእ ኣባል ስድራ-ቤት ጉድኣት ኣውሪዱ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ከምኡ`ውን ናይ ቆልዓኻ ጠባይ ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ ዝኾነ ክመስል ይኽእል ኢዩ። እዚ ድማ እቲ ቆልዓኻ ዘድልዮ ሓገዝ ዝረኽበሉ ምሳኻ ዘለዎ ዝምድና ዘመሓይሽሉ ከምኡ`ውን ናይ ስድራ-ቤትኩም ኣንፈት ህይወት ዝመዓራረየሉ ዕድል ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ቡዙሕ ዕድላት ክወሃብ ከድልዮ ይኽእል ኢዮ፡ እቲ መስርሕ ኣብ ዝካየደሉ ግዜ ድማ ሓልዮትን ደገፍን ካብ ዝምድና ዘለዎ ምስኡ እኹል ሰብ የድልዮ ኣብ ህይወቱ። እንድሕር ኣብ ጎኑ ክትርከብ ዘይትክእል ኮይንካ፡ እቲ ስርዓት ምስ ካልኦት ባዕልኻ እትውክሎም እኹላት ሰባት ክሰርሕ ይኽእል ኢዩ።

**እንድሕር ቆልዓኻ ስንክልና ኣለዎ፡** ቆልዓኻ ሕጋዊ መሰል ኣለዎ መሰረታውያን ዘድልይዎ ነገራት ክቐረብሉ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ፡ ቤት-ትምህርቲ ከምኡ`ውን ቤት-ፍርዲ። እንድሕር ቆልዓኻ ሕዱር ስንክልና ኣለዎ፡ መሰረታውያን ዘድልይዎ ነገራት ክቐረብሉ ክትጠልብ ትኽእል ኢኻ ነቶም ቤት-ማእሰርቲ፡ ቤት-ትምህርቲ ከምኡ`ውን ቤት-ፍርዲ። CFJC ከማልእ ኣለዎ ንጠለባት Americans with Disabilities Act (ADA) (ኣዋጅ ስንኩላን ኣሜርካ)።

**እንድሕር ቆልዓኻ ሰደመኛዊት፡ ሰዶመኛ፡ ድርብ ጾታዊ፡ ጾትኡ/ኣ ዝቐየረት ወይ ቡሸቲ ኮይኑ/ና፡** እቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ኪንግ ካውንቲ ዝርከቡ ሞያውያን ፍሉይ ዝኾነ ስልጠና ይውሃቡ መታን ንኩሎም መንእሰያት LGBTQ (ሰደመኛዊት፡ ሰዶመኛ፡ ድርብ ጾታዊ፡ ጾትኡ/ኣ ዝቐየረት ወይ ቡሸቲ) ዘእንግዱ ክኾኑ። እንድሕር ዝያዳ ፈሊጦም ብዛዕባ ናይ ቆልዓኻ ኩነታት፡ ዝያዳ ድማ ናቱ ድሌታት ከማልኡ ይኽእሉ። ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት፡ መንእሰያት ብመሰረት ጾታ ይፈላለዩ። [ዝያዳ ኣብዚ ኣንብብ](#)።

**ዘድልየካ ነገር ሕተት፡** ኣብ ስርዓት ሕጊ ዝሳተፍ ዘሎ ቆልዓ ዘለዎም ወለዲ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ደገፍ ይደልዩ ከም ካብ ስራሕ ዕረፍቲ ምውሳድ፡ ማዕዳ፡ ምኽሪ፡ ጸጋታት ከምኡ`ውን ክንክን ቆልዓ። እቲ ቤት-ፍርዲ ክትሳተፍ ስለዝደልየካ፡ ብዝተኻእሎ መጠን ድማ ንክትሳተፍ ክሕግዘካ ኢዩ። እዚ ድማ ምስ`ቶም ንስድራ-ቤትካ ወይ ንቆልዓኻ ዘድልዩዎ ኣገልግሎታት ናይ ምርኻብ ዕድል ክኾውን ይኽእል ኢዩ። ነቶም ሞያውያን ክትሕብሮም ኣለካ ዘድልዩኻ ነገራት ኣብ ዘይትረኽበሉ (ከም መንበሪ፡ ምግቢ፡

ክዳውንቲ) ወይ ናብ ቆጸራታት ምብጻሕ። ናብቶም ከምዘለዉ ዝፈልጥዎም ጸጋታት ክሰዱኻ ኢዮም ከምኡ`ውን ዘለዉኻ ምርጫታት ክዝትዩ ኢዮም። እንድሕር እቶም ሞያውያን ዝያዳ ብጽቡቕ ተረዲኦሞ ድሌታትካ፡ ዝያዳ ድማ ክሕግዙኻ ይኽእሉ።

**ስሩዕ ይኹን ኣካይዳኻ፡** መስርሕ ሕጊ ሕልኽላኻት ዝመልኦ ክኾውን ይኽእል ኢዩ። ቡዙሓት ሰባት ንክሕግዙኻ ኢሎም ክቐርቡኻ ኢዮም ከምኡ`ውን ዝተፈላለየ ተራ ክህልዎም ኢዩ። እቶም ኣብኡ ዝሳተፉ ሰባት`ውን ክቕየሩ ኢዮም ኣብቲ ኩነታት ብምምርኳስ። ግድን ጽሓፎ እቲ ስም፡ መዓርግ፡ ስም ናይቲ ቤት-ጽሕፈት ከምኡ`ውን ቁጽሪ ተሌፎን ናይቶም ምስ ቆልዓኻ ዝሰርሑ ሰባት። ሓንቲ ንእሽቶ ደብተር ኩሉ ሓበሬታ እትምዝግበላ ምሓዝ ሓጋዚ ክኾውን ይኽእል ኢዩ። ምስቲ ንእሽቶ ደብተርካ መቐመጢ ፋይል ሓዝ ንኩሉ ሰነዳትካ መትሓዚ ዝኾውን። ብጽሑፍ ጌርካ ሕቶ ሓበሬታ ኣቕርብ ከምኡ`ውን በቶም ንዓኻ ንክትርድኦም ዝቐለሉ ኣገባባት።

**ሕቶታት ሕተት፡** ስርዓተ ሕጊ ሕልኽላኽ ኢዩ! ድሓን ኢዩ ቡዙሓት ሕቶታት ክህልዉኻ ከምኡ`ውን ብተደጋጋሚ ሓደ ዓይነት ሕቶታት ክትሓትት እንድሕር ረሲዕካዮ ወይ ዘይተረዲእካ። እቲ ሞያዊ መልሲ እንድሕር ዘይፈለጦ ናብ ካልእ ሰብ ክመርሓካ ይኽእል ኢዩ።

**ናብ ቆጸራታት ቤት-ፍርድን ከምኡ`ውን ካልኦት ቆጸራታት ተረኽብን ኣብ ግዜኻ ድማ ተረኸብ፡** እንድሕር ኣብ ልክዕ ግዜ ቆጸራ ክትርከብ ዘይትኽእል ኮይንካ ወይ ከም እትዱንጒይ ምስ እትፈልጥ፡ ናብቲ ሰብ ወይ ቤት-ጽሕፈት ቆጸራ ጌርልካ ዘሎ ደውል። ነቶም ሞያውያን ንገሮም ብዛዕባ ናይ ስራሕ ሰዓታትካ ከምኡ`ውን ኩነታትካ፡ መታን ኣብቲ ንስኻ ናጻ ዘለኻሉ ክድውሉልካ።

**ኣብ ኩሎም ንቆልዓኻ ዝምልከቱ ውሳኔታት ተሳተፍ፡** ኣብ ዝከኣለካ ተረኸብ ኢኻ። ዋላ`ኳ ዘይንቡር ወይ ፍርሒ እንተተሰመዓካ ግን ተዘረብ ዓው ኢልካ ኣብ ቆጸራታት መታን ክትህብ ዝክኣለካ ኣብ ናይ ቆልዓኻ ድሌታት። ሰባት ድሮ ፈሊጦም ኣለዉ ወይ ሓበሬታ ከም ይካፈሉ ኢዮም ኢልካ ኣይትገምት። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ሞያውውያን ብሕጊ ይኽልከሉ ኢዮም ካብ ምክፋል ሓበሬታ ምስ ነሓድሕዶም።

**ተሳታፍነት ኣብ ቤት-ፍርዲ፡** ተዳሊኻ ጽናሕ ንክትሳተፍ ንነብስኻ ብምጥባቕ ወይ ኣገዳሲ ኢዩ ትብሎ ሓብሬታ ብምውሳኽ። ርእይቶኻ ዝተፈልየ ክኾውን ይኽእል ኢዩ ካብ ናይቶም ጠበቓታት ወይ ኣማኸርቲ ኣምክሮ። ርእይቶኻ ኣብ ግምት ክኣቱ ኣገዳሲ ኢዩ። ደጋፊ ዝኾውን እትኣምኖ እኹል ሰብ ወይ ኣባላት ስድራ-ቤት ክትማላእ ትኽእል ኢኻ።

**ክብረት ዘለዎም ዝምድናታት ህነጽ ምስቶም ምስ ቆልዓኻ ዝሰርሑ ሰባት፡** ብዛዕባ ዘለካ ስምዒታት ኣብ ናይ ቆልዓኻ ኩነታት ወይ እቲ ውልቀ ሞያዊ ብዘየገድስ ኩሉ ግዜ ብኽብረት ክትዛረብ ኣለካ። እንድሕር ክብረትካ ዝተደፍረ ኮይኑ ተሰሚዑካ ወይ እንድሕር ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ተጌሩለይ ትብል ኮይንካ፡ ንናይቲ ሰራሕተኛ ተቖጻጻሪ ሓብሮ። እቲ መስርሕ ኣዝዩ ኣጨናቒ ክኾውን ኢዩ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ዝምድናታት ናይ ምህናጽ ክእለትካ ድማ ንዓኻን ንቆልዓኻን ክሕግዝ ኢዩ። ኣገዳሲ ኢዩ ኣብ ዘድልየካ እዋን ደገፍ ከተናዲ ከምኡ`ውን ሕቶታት ክትሓትት።

# እንታይ ኢዩ ዘጋጥም ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት፧

## 1211 E. Alder St Seattle, WA

ቤት-ማእሰርቲ ዕጹው ህንጻ ኮይኑ ይካየድ ድማ ብክፍሊ ቤት-ማእሰርቲ ዓበይትን ኮተቴታትን (DAJD)። ቆልዓኻ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ክህሉ ይኽእል እንድሕር ቆጸራ ቤት-ፍርዲ ይጽበ ኣሎ ወይ መቕጻዕቱ ይፍጽም ኣሎ። ናብ ቤት-ማእሰርቲ ምኻድ ዘፍርሕ ተመኩሮ ክኾውን ይኽእል ኢዩ፡ ብፍላይ ድማ እቲ ኣብኡ ዘጋጥመካ ዘይትፈልጦ ምስ እትኾውን። ማእከላት ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት ሕግታት ውሕስነት፡ ቦታ፡ ጥዕና ከምኡ`ውን ምዝንጋዕ ብጥብቂ ክስዕብኦ ኣለወን።

እንድሕር ቆልዓኻ ናብ ውሑስ ቤት-ማእሰርቲ ተሰዲዱ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ቤት-ማእሰርቲ ንብረቱን ክዳውንቱን ኣብ መኽዘን ይዕቅብሉ። እቶም ሰራሕተኛታት ንቆልዓኻ ይፍትሽዎ ዝኾነ ዘይፍቀድ ነገር ሒዙ ይኣቱ ከይህሉ ንምርግጋጽ። ቆልዓኻ ነብሱ ይሕጸብ ከምኡ`ውን እቶም ሰራሕተኛታት ጽሩይ ክዳውንቲ ይህብዎ። ክዳውንቲ የጠቓልል ካናቴራ፡ ናይ ላዕሊ፡ ስረ፡ ስረ-ውሽጢ ከምኡ`ውን ሸበጥ። ብተወሳኺ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ንቆልዓኻ ጽሩይ ኣንሶላ ከምኡ`ውን ኮቦርታ ይህብዎ። ቆልዓኻ መለለዪ ሓበሬታ ዘለዎ ናይ ጸጥታ በናጅር ዝመስል ኣብ ኢዱ ዝእሰር ይውሃቦ። ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ድማ ቃለ-መሕትት ከምኡ`ውን ኣካላውን ኣእምሮኣውን ምመያ ጥዕና ይገብርሉ ንቆልዓኻ። ሰራሕተኛታት ቤት-ማእሰርቲ፡ ቆልዓኻ ኣብቲ ቤት-

ማእሰርቲ ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ናይ ዕጸፋርስ መርመራ ኣይገብርሉን ኢዮም፡ እንተኾነ ግን ኣምክሮ ኮተቴታት ካብ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ግን ይገብረሉ ይኾውን ኢዩ።

ቀጺሉ ድማ ቆልዓኻ ይራኸብ ምስ Orientation and Assessment Specialist (ክኢላ ምእዛናን ገምጋምን) ፡ ንሱ ድማ ቃለ-መሕትት ይገብረሉ ንቆልዓኻ፡ ይገልጸሉ መሰላቱ፡ ሕግታት፡ እንታይ ክጽበ ከምዘለዎ ከምኡ`ውን ይውስን እቲ ዝወሓሰ መንበሪ ኣዳራሽ ንቆልዓኻ ብመሰረት ጾታ፡ ዕድሜ፡ ዓቐን ከምኡ`ውን ታሪኽ፡ ከም`ቲ ተኽሲስሉ ዘሎ ገበንን ሕሉፍ ጠባይ ቆልዓኻን።

ናይ ቆልዓኻ ውሕስነት (ኣካላዊ፡ ስምዒታዊ ከምኡ`ውን ጾታዊ) ኢዩ እቲ ቀዳምነት ዝወሃቦ ነገር በቶም ሰራሕተኛታት ቤት-ማእሰርቲ። እንድሕር ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ዝርከብ ካልእ ቆልዓ ንናይ ቆልዓኻ ድሕነት ወይ ውሕስነት ስግኣት ኮይኑ፡ ሰራሕተኛታት እቲ ቤት-ማእሰርቲ ነቲ ጉዳይ ኣተኩሮ ክገብርሉ ኢዮም። ሰራሕተኛታት ቤት-ማእሰርቲ ዝኾነ ኣጽዋር ኣይዓጥቁን ኢዮም ከምኡ`ውን ኣካላዊ መቕጻዕቲ፡ ምስርጣይ፡ ምፍርራሕ፡ ጉድኣት ምውራድ ወይ ምውራድ ኣይጥቀሙን ኢዮም። እቶም ሰራሕተኛታት ባእሲ እንተኣጋጢሙ ቅድሚ ሓይሊ ምጥቃሞም ናይ ምትህድዳእ ሜላ ክጥቀሙ ዝተዓለሙ ኢዮም። ንኩሉ ሰብ ውሕስነቱ ንምሕላው ድማ፡ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት ነዞም ዝስዕቡ ናይ ጠባያት ትጽቢት ኣለዎ፥

- ኣብ ኩሎም ናይ ቤት-ትምህርቲ ክፍልታት ምህላው
- ኣብ ካልኦት ፕሮግራማት ብኣወንታ ምስታፍ
- ክብረት ምርኣይ
- ምስ ካልኦት ምስናይ
- ኣእዳውካ ኣብ ዘይምልከተካ ዘይምንባር
- ደገፍ ዘስምዕ ቃላት ክትጥቀም
- ሰራሕተኛታት ዝበሉኻ ክትገብር
- ቀልጢፍካን ብኣወንታን ክትምልስ
- ኣኽብሮት ዘለዎ ቋንቋ ክትጥቀም
- ጽሬትካ ክትሕሉ መዓልታዊ ነብስኻ ብምሕጻብ
- መደቀሲ ክፍሊ ብጽሬት ክትሕዞ ዓራት ብምንጻፍ፡ ጓሕፍ ናብ ደገ ብምውጻእ ከምኡ`ውን ንብረትካ ብግቡእ ብምስራዕ።

እቶም መንእሰያት ነቶም ናይ ጠባያት ትጽቢት ምስ ዘማልእዎም፡ መዓልታዊ "ከዋኽብቲ" ክኸስቡ ይኽእሉ፡ ንሰም ድማ ክጥቀምሎም ይኽእሉ ኣብ ምግዛእ ፍሉይ ቁርሲ፡ ክራይ መጻወቲታት MP3 ከምኡ`ውን ሓደሽቲ ናይ ጂምናዝየም ጫማ። ብተወሳኺ፡ እቶም መንእሰያት መዓልታዊ እቶም ዝወሓዱ ቁጽርታት ከዋኽብቲ ምስ ኣከቡ፡ ክውከሱ ይፍቀደሎም ንንጥፈታት ክብሪ፡ ግዜ ቪድዮ ጌይም ወይ ክጥቀሙ ይፍቀደሎም ዝተጓደለ ዋጋ ዝርዝር ምግቢ።

እንድሕር ናይቲ መንእሰይ ጠባይ ዘስግእ ኮይኑ፡ ክሳተፉ ይኽእሉ ኢዮም ኣብ ናይ ልምድታት ዳግመ ህንጸት ከም ኣፈታትሓ ጸገም ምስ መዘና ወይ ደብዳቤ ይቕሬታ ምጽሓፍ። እቲ መንእሰይ ክጎድሎ ይኽእል ኢዩ ሓለፋታት ከም ዝተናውሐ እዋን ድቃስ ወይ "honor level status (ናይ ክብሪ ደረጃ)"። እንድሕር እቲ መንእሰይ ተጸሚዱ ኣብ ጠባያት ከም ምስርጣይ፡ ንብረት ምዕናው፡ ኣካላዊ ወይ ጾታዊ መጥቃዕቲ እቲ ናይ ፕሮግራማት ግዜ ክሕልፍዎ ይኽእሉ ኢዮም ኣብ Restoration Hall (ኣዳራሽ ዳግመ ህንጸት)። እቶም ኣብ ኣዳራሽ ዳግመ ህንጸት ዝርከቡ መንእሰያት ትምህርቲ ይምሃሩ ከምኡ`ውን ይሳተፉ ኣብ ፍሉይ ዝኾነ ፕሮግራማት ንክምሃሩ ሓደሽቲ ክእለታት ከም ምትህድዳእ፡ ሕርቃን ምቁጽጻር ወይ ስምዒታት ምርግጋእ።

እንድሕር እቶም መንእሰያት መሰላቶም ዝተጣሕሰ ኮይኑ ተሰሚዕዎም፡ ይተባብዑ ኢዮም ብህጹጽ ከቕርቡ **grievance (ጥርዓን)**። ተቖጻጸርቲ ቤት-ማእሰርቲ ንኩሎም ጥርዓናትን መርመራታትን ይፍትሽዎም ከምኡ`ውን ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት መልሲ ይህቡ። ጥርዓናት ስቱራት ኢዮም። ሰለስተ ቅጥዒ ጥርዓን ዘለወን ሰናዱቕ ኣብቲ ቤት-ንባብ፡ ጂምናዝየም ከምኡ`ውን ክሊኒክ ጥዕና ኣለዋ፡ ኣብኣን ድማ ጥርዓናት ክኣትዉ ይኽእሉ። እቶም ሰራሕተኛታት መዓልታዊ ኣብ ምሸት ይፍትሹ ንሓደሽቲ ጥርዓናት።

ኣብ ውሑስ ቤት-ማእሰርቲ **ክሊኒክ ጥዕና** ኣላ ናይ ምሉእ ግዜን ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትርከብ እትኽእል ነርስ ዘላቶ፡ ንሳ ድማ ቅርብቲ ኢያ ክትፍትሽን ክትከናኸንን ሕማማትን ጉድኣታትን። እንድሕር ቆልዓኻ ሓሚሙ ወይ ተጎዲኡ፡ እታ ነርስ ከተሰጋግሮ ትኽእል ኢያ ናብ ወሃቢ ሕክምና ወይ ክትውስን ትኽእል ኢያ ናብ ሆስፒታል ክውሰድ ኣለዎ ኢላ። ኣብ ክፍለሃገር ዋሽንግተን፡ መንእሰያት ከፍቅዱ ይኽእሉ ኢዮም ውሑናት ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ብዘይ ናይ ሞግዚቶም ፍቓድ። እንድሕር ቆልዓኻ ዝኾነ

መድሃኒት ይወስድ ከይኑ፡ ካብታ ነርስ ክወስዶ ኢዩ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኣብ ዝህልወሉ። ብተወሳኺ፡ ናይ ጥዕና ኣእምሮ ሰራሕተኛታት ኣለዉ ቆልዓኻ እንተደልዩ ክረኽቦም ዝኽእል ወይ እንድሕር እቶም ሰራሕተኛታት ገለ ዘሰክፉ ጠባያት እንተተመልኪቶም (ንኣብነት፡ ስግኣታት ነብሰ-ማህሰይቲ)። ናይ ጥዕና ኣእምሮ ሰራሕተኛታት ክድግፉ ይኽእሉ ኢዮም ንናይ ቆልዓኻ ምስግጋር ናብ ጽኑዕ ማእሰርቲ ከምኡ`ውን ከለልዩ ዝኾነ ኣድላይነት ናይ ዝቕጽል ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ። እንድሕር ቆልዓኻ ቅድሚ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ምእታዉ ኣቐዲሙ ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ ይረክብ ኔሩ፡ ብኽብረትካ ነቶም ወሃብቲ ሕክምናዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ኣፍልጦም ብዛዕብኡ። ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ ብዋሺንግቶን ዩኒቨርሲቲ Department of Psychiatry and Behavioral Sciences (ክፍሊ ሕክምና ኣእምሮ ከምኡ`ውን ጠባያዊ ስነ-ፍልጠት)ኢዮም ዝቐርቡ።

**ኣብነት ናይ ማእሰርቲ ኣሰራርዓ መደብ፥**

| | |
|---|---|
| ቁርሲ/ምድላው ንቤት-ትምህርቲ | 8:00 ቅ.ቀ – 8:30 ቅ.ቀ |
| ቤት-ትምህርቲ | 8:30 ቅ.ቀ – 11:20 ቅ.ቀ |
| ምሳሕን ጽሬትን | 11:50 ቅ.ቀ – 12:35 ድ.ቀ |
| ቤት-ትምህርቲ | 12:45 ድ.ቀ– 2:45 ድ.ቀ |
| ምልዋጥ ሰራሕተኛታት | 2:30 ድ.ቀ- 3:30 ድ.ቀ |
| ፕሮግራማት/ጂምናዝየም | 3:30 ድ.ቀ – 5:00 ድ.ቀ |
| ድራር ከምኡውን ጽርየት | 5:00 ድ.ቀ – 5:45 ድ.ቀ |
| ፕሮግራማት/ጂምናዝየም | 5:45 ድ.ቀ – 8:00 ድ.ቀ |
| እዋን ድቃስ | 8:00 ድ.ቀ - 10:00 ድ.ቀ |

ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዝርከቡ መንእሰያት ካብ ሰንይ ክሳብ ዓርቢ ይምሃሩ ኣብ **ቤት-ትምህርቲ** ይምሃሩ ትምህርቲ ዝቐረብ Seattle Public School's Interagency Academy (ብህዝባዊ ኣካዳሚ መንነ ወኪል ሲያትል)። ይወስዱ ትምህርቲ ናይ ምንባብ፡ ጥበብ ቋንቋ፡ ሕሳብ፡ ስነ-ፍልጠት ከምኡ`ውን ሜላ ኣንባብራ ዝኸይድ ምስ ናቶም ዕድመ፡ ግስጋሰ ትምህርቲ ኣብቲ ማሕበረሰብ ከምኡ`ውን ኣቐዲሙ ዝነበሮም ዓወት። ኣድላዪ እንተኾይኑ ፍሉይ ናይ ትምህርቲ መደባት ቅሩባት ኢዮም። ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ናይ ቤት-ማእሰርቲ መንእሰያት ክሰርሑ ይኽእሉ ኢዮም G.E.D. (ማዕረ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምዝዛም ተቐባልነት ዘለዎ ወረቐት ምስክር) ንምርካብ። ትምህርቲ ምኻድ ግድን ኢዩ።

King County Library System (ስርዓተ ቤት-ንባብ ኪንግ ካውንቲ) **ቤት-ንባብ** የካይዱ ኣብቲ ጽኑዕ ቤት-ማእሰርቲ። ኣብቶም ዝተመደብሎም መዓልታት ኩሎም መንእሰያት ነቲ ቤት-ንባብ ክጥቀምሉ ይኽእሉ ንናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ወይ ንከናድዩ ከምኡ`ውን ከንብቡ መጻሕፍቲ ንምዝንጋዕ።

ብተወሳኺ፡ ናይ Chaplaincy Program (ክህነት ፕሮግራም) ኣሎ፡ ንመንእሰያት ናይ ምምዓድ ከምኡ`ውን መንፈሳዊ መምርሒ ዘቕርብ እንድሕር ምስ ካህን ክዛረቡ ድሌት ኣለዎም። እቶም መንእሰያት ክሳተፉ እንተደልዮም ናይ ክርስትያን ከምኡ`ውን ምስልምና ቅዳሴ ኣለዉ።

ቡዙሓት ከባብያውያን ውድባት ኣለዉ ተወሳኺ ፖርግራማት ዝቐርቡ ኣብ ውሽጢ እቲ ቤት-ማእሰርቲ። ኣብነታት ናይዞም ፕሮግራማት የጠቓልሉ፥ ዮጋ፡ ግጥሚ፡ ጥበባትን ኢደ ስርሓትን፡ ልብወለድ ምጽሓፍ፡ ምምዓድ፡ ንጥፈታት ፈጠራ፡ ፊልም ዝርኣየሉ ምሸት፡ ፕሮጀክታት ፊልም ምስራሕ፡ ብድምጺ ጥራይ ዛንታ ምትራኽ፡ ናይ AA ውሉፋት ኣልኮል ዝደጋገፍሉ ኣኼባ፡ ትምህርቲ ርጸየታዊ ጥበብ፡ ክሊኒካትን ካምፕታትን ኩዕሶ ሰኪዔት፡ ትምህርቲ ኣእምሮኣዊ በሰላ-ዝመሰረቱ ጂምናዝየም፡ ኩስኩሳ ኣታኽልቲ፡ ናይ ሰላም ክቢ ከምኡ`ውን ካልኦት።

**ምመያ ቤት-ማእሰርቲ** (206) 263-9595 (24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ / 7 መዓልታት ኣብ ሰሙን)
ደውሉ ናብ ምመያ ቤት-ማእሰርቲ እንድሕር ቆልዓኹም ተኣሲሩ ኣሎ ከምኡውን ክትፈልጡ እንተደሊኹም ናይ ቆልዓኹም ናይ ማእሰርቲ ኩነታቱ ከምኡውን ናይ ዝቕጽል ቆጸራ ዕለትን ሰዓትን።

**ሓበሬታ ቤት-ማእሰርቲ** (206) 477-9890 (24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ / 7 መዓልታት ኣብ ሰሙን)
ንካልእ ምስ ቤት-ማእሰርቲ ዝተሓሓዘ ሓበሬታ።

**[ክሊኒክ ጥዕና]** (206) 477-9928

# እንድሕር ቆልዓይ ጥርዓን ዓመጽ ወይ ሸለልትነት ኣቕሪቡኸ፧

ዝበዙሑ ዓበይቲ ሰባት ዝሰርሑ ምስ ቆልዑ ከም መምሃራን፡ ኣማኸርቲ፡ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት፡ ኣካየድቲ ጉዳይ፡ ጠበቓታት...ወዘተ ኢዮም **mandated reporters (ሓላፍነታዊ ወሃብቲ ሓበሬታ)** (በጀካ **ተጣበቕቲ**)። እዚ ማለት ድማ እንድሕር ቆልዓኻ ነጊርዎም ከም ዝተዓመጸ ወይ ካልእ ቆልዓ ይዕመጽ ከምዘሎ፡ እዚ ዓቢ ሰብ ክሕብር ኣለዎ ናብ **Child Protective Services (CPS) (ኣገልግሎታት ምክልኻል ቆልዑ)** ዝካየድ ብክፍለሃገር ዋሽንግተን **Department of Children Youth and Families (DCYF) (ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያት ከምኡ`ውን ስድራ-ቤታት)።** መንእሰያት ነዚ ሓበሬታ ንምሃዋ ከካፍሉ ልሙድ ኢዩ ኣብ ስርዓተ ሕጊ።

እቲ ሓላፍነታዊ ወሃቢ ሓበሬታ ክነግር ክሕብር ኣለዎ ንCPS፡ ዋላ ካብቲ ቆልዓ ወይ እኹል ሰብ ፍቓድ ኣይሃልዎ። እንተዘይሓቢሮም ክስጎጉ ወይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክኣትዉ ይኽእሉ ኢዮም። እቲ ሓላፍነታዊ ወሃቢ ሓበሬታ ናቱ ፍርዲ ክወስድ የብሉን። እንድሕር ሓደ ቆልዓ ዓመጽ ይወርደኒ ኣሎ ኢሉ፡ እቲ ሓላፍነታዊ ወሃቢ ሓበሬታ ክሕብር ኣለዎ ናብ CPS። CPS ኢዩ ዝውስን ቀጺሉ እንታይ ክግበር ከምዘለዎ።

CPS ናይ ዓመጽ ጥርዓን ምስ በጽሖም፡ ክጅምሩ ኢዮም ጸብጻብ ብምጽሓፍ ንሰራሕተኛታት CPS ኣብ መጻኢ ክውከስዎ ዝኽእሉ። ናይ ሕሉፍ ጥርዓናት ዓመጽ ክፍትሹ ኢዮም። ብድሕሪኡ ድማ ክውስኑ ኢዮም ከጻርዩ ዘለዎምን ዘይብሎምን። መርመራ እንተ ኣካይዶም፡ ነቲ ቆልዓ ቃል-መጠይቕ ይብርሉ ከምኡ`ውን ካልኦት ሓበሬታ ክህልዎም ዝኽእሉ ሰባት። እቲ ቆልዓ ወይ ካልኦት ሰባት ኣብቲ ስድራ-ቤት ደገፍ የድልዮም እንተኾይኑ ድማ ይውስኑ። ምስ ፖሊስ ክዘራረቡ ይኽእሉ ኢዮም። ብተወሳኺ፡ ክውስኑ ይኽእሉ ኢዮም እታ ስድራ-ቤትን እቲ ቆልዓን ደገፍ ኣየድልዮምን ኢዩ ኢሎም።

እንድሕር CPS እታ ስድራ-ቤት ደገፍ የድልያ ኢዩ ኢሉ ወሲኑ፡ ሰራሕተኛታት ናይ ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያት ከምኡ`ውን ስድራ-ቤታት ነቲ ድገፍ ከቕርብዎ ኢዮም። ዝበዝሕ ግዜ ቆጸራታት ኣለዎ ምስ ወለዲ/ሞጉዚ፡ መደብ ይገብሩ ብዛዕባ እቶም ወለዲ/ሞጉዚ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ነቲ ቆልዓ ድሕነቱ ንምሕላው ከምኡ`ውን ይከታተልዎም ነቶም ወለዲ/ሞጉዚ ከረጋግጹ ይገብርዎ ከምዘለዉ። DCYF ሓገዝ ክገብር ይኽእል ኢዩ ከም ናይ ስድራ-ቤት ተራፒያ ወይ ምትእስሳር ምስ ካልኦት ኣገልግሎታት ናይቲ ማሕበረሰብ ከም መንበሪ፡ ምግቢ ወይ ስራሕ ምድላይ።

ሓደ-ሓደ ግዜ DCYF ስድራ-ቤታት ክፈላሊ ኢዩ። ኣብ ዝክኣለሉ፡ ምስ ወለዲ ይሰርሑ ኣብ ምርካብ ውሑስ ቦታ እቲ ቆልዓ ክነብረሉ ዝኽእል ምስ ናይ ቀረባ ስድራ-ቤት። ዝበዝሕ ግዜ፡ ስድራ-ቤታት ንገለ መዓልታት ጥራይ ኢየን ዝፈላለያ። እዚ ድማ ነቶም ነኣሽቱ ቆልዑ ንምክልኻል ተባሂሉ ዝግበር ኢዩ፡ ከምኡ`ውን ቅልጡፍ ስጉምቲ በቶም ኣባላት ስድራ-ቤት ከምዝውሰድ ንምርግጋጽ። እንድሕር DCYF እቲ ቆልዓ ክፍለ ኣለዎ ካብ ስድራ-ቤቱ ንልዕሊ 3 መዓልታት ስራሕ ኢሉ ይሓስብ ኮይኑ፡ ናይ ቤት-ፍርዲ ቆጸራ ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ ዝወሓደ ግዜያት ግን ቆልዑ ይፍለዩ ካብ ስድራ-ቤታቶም ንነዊሕ ግዜ። እዚ ድማ ኣብ ከቢድ ጉዳይ ዓመጽን ሸለልትነትን የጋጥም፡ እንድሕር ኣባላት ስድራ-ቤት ንቆልዑኦም ውሑስ ዝኾነ ሃዋሁ ክፈጥሩ ዘይክእሉ እንተኾይኖም። ከምቲ ልሙድ፡ ቆልዑ ንነዊሕ ግዜ ካብ ስድራ-ቤቶም ዝፍለዩ ድሕሪ ተደጋጋሚ ፈተነታት ድገፍ ምክያድ ነታ ስድራ-ቤት ኢዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ብኽብረትኩም ብጽሑ ናብ https://www.atg.wa.gov/child-abuse-neglect

**[ንናይ ትሕቲ-ዕድመ ዓመጽ ወይ ሸለልትነት ንምጥራዕ]** (866) END-HARM.

# እቲ መስርሕ ቤት-ፍርዲ

## ምኽርታት ናብ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ኣብ እትበጽሑሉ

እቲ ቤት-ፍርዲ ክፉት ኢዩ ንቆጸራታት ካብ 8:30ቅ.ቀ ክሳብ 4:30ድ.ቀ

መሓዙትካ ወይ ስድራ-ቤትካ ንክድግፉኻ ከተምጽኦም ትኽእል ኢኻ። ንስኻ ጉዳይካ ኣብቲ ቤት-ፍርዲ እናገበርካ እንከለኻ ንክንክን ቆልዑ ተባሂሉ ዝተነድፈ ቦታ ኣሎ። ብኽብረትካ ነቲ ቤት-ፍርዲ ብምሕታት ኣረጋግጽ እቲ ኣገልግሎት ነቲ ምስ ድሌትካ ዝኸይድ ሙኻኑ።

**መኣዝናት:** [ኣብዚ ጠውቕ ንናይ ጉግል ካርታ] ወይ [ኣብዚ ጠውቕ ንናይ King County Metro ናይ ኣብ-መስመር መዳቢት ጉዕዞ]

**ምዕሻግ ተሽከርካሪት:** ንበጻሕቲ ብነጻ መዐሸጊ ቦታ ኣሎ ኣብቲ ቦታ። እንድሕር ኣብቲ ጎድና ዓሺግካ፡ ኣረጋግጽ ኣብ ናይ 2-ሰዓት መዐሸጊ ዞባ ዓሺግካ ዘለኻን ዘየለኻን።

**ኣብኡ ምስ በጻሕካ** ብናይ ሓጺን ዲተክተር ክትሓልፍ ኢኻ። ናብኡ ምስ በጻሕካ እቲ ሰራሕተኛ ጠረጴዛ ሓበሬታ ኣገልግሎት ቤት-ፍርዲ ክምዝግበካ ኣለዎ፡ መታን ነቶም ኣብ ናይ ቆልዓኻ ጉዳይ ዝሰርሑ ዘለዉ ሰራሕተኛታት መጺኻ ከምዘለኻ ክሕብሮም። ቅድሚ እቲ ቆጸራ ቆልዓኻ ዕድል ክረክብ ኢዩ ክላለ ምስ ጠበቓኡ ከምኡ`ውን እንድሕር ይሳተፉ ኣለዉ ምስ **ኣመኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት** ከምኡ ድማ **ጠበቓ**።

**ንክትጽበ ተዳሎ:** ገለ ሰዓታት ክትጽበ ትኽእል ኢኻ ክሳብ በቲ ቤት-ፍርዲ እትጽዋዕ። ቡን፡ ቁርሲ ከምኡ`ውን ዝተዳለወ ምግቢ ዝቕረበሉ እንዳ ሻሂ ኣሎ ኣብቲ ካልኣይ ደርቢ። ብተወሳኺ፡ ገንዘብ ምስ ኣተዋ ቁርስታትን መስታትን እትሽይጥ ማሺን ኣላ ኣብ ቀዳማይ ደርቢ። ኣብ ቀረባ`ውን ቡዙሓት ቤት-መግቢ ኣለዉ።

**ክዳን:** ግድን ጽቡቕ ክዳን ክትክደን ኣድላዪ ኣይኮነን! እንድሕር ክዳውንቲ ደሊኹም፡ ብኽብረትኩም ደውሉልና ናብ (206) 263-8634።

**ኣጽዋር:** ኣጽዋር ኣይፍቀዱን ኢዮም ኣብ ቤት-ፍርዲ፡ እዚ ድማ ሽጉጥ፡ ካራ፡ መሳርሒታት ከምኡ`ውን ካልኦት ከም ኣጽዋር ክትጥቀመሎም እትኽእል ነገራት የጠቓልል። ዝኾነ ናብቲ ቤት-ፍርዲ ዝኣቱ ሰብ በታ ናይ ሓጺን ዲተክተር ክሓልፍ ይጥለብ። እንድሕር ስግኣት ዝፈጥር ንብረት በቶም ሰብ ጸጥታ ተረኺብካ፡ ምስኦም ክጸንሓልካ ኢዩ ከምኡ`ውን ክትወጽእ እንከለኻ ካብቲ ህንጻ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ።

# ቆጸራታት ቤት-ፍርዲ

### ተቖባል ጋሻ ዋና ደርቢ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት (206) 477-2902

court hearing (ቆጸራ ቤት-ፍርዲ) ርክብ ምስ ዳኛ ማለት ኢዩ።

መስርሕ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ካብ ውሑዳት ሰሙናት ክሳብ ቡዙሕ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል ኢዩ። ቡዙሓት ቆጸራታት ኣለዉ ከምኡ`ውን ኣብ ናይ ሰሙን ፍልልያት ጥራይ ክካየድ ይኽእሉ ኢዮም፡ ኣብቲ ኣመዳድባ ቆጸራን ካልእን ብዝሙርኮስ። ክሲ ኣንጻር ቆልዓኻ ከምኡ`ውን ዕለት ቆጸራ ቤት-ፍርዲ ዘለዎ ደብዳቤ ክስደደካ ኢዩ። ናትካ ናይ ፖስታ መስደዲ ኣድራሻ ምህላው ንቤት-ፍርዲ ከምኡ`ውን ንክፍሊ ተጣባቒ ህዝቢ (DPD) ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ ንክረኽቡኻ። እንድሕር ፍሉጥ ኣድራሻ ዘይብልካ፡ ናይ መሓዛኻ ወይ ኣባላት ስድራ-ቤትካ ኣድራሻ ሃቦም።

ንጠበቓ ቆልዓኻ ሕተቶ እንድሕር ቆልዓኻ ናብ ነፍሲ-ወከፍ ቆጽራ ክመጽእ ኣድላዪ እንተኾይኑ ። እንድሕር ህላውነት ቆልዓኻ ኣብኡ ኣገዳሲ እንተዘይኮይኑ፡ ጠበቓ ቆልዓኻ ክነግረካ ኢዩ ኣብታ ትቕጽል ቆጸራ ክመጽኣላ ዘይብሉ። ዝበዝሕ ግዜ፡ ናይ ቆልዓኻ JPC ኣብታ ናይ ቤት-ፍርዲ ቆጸራ ዘለትካ መዓልቲ ኢዩ ቆጸራ ክገብር፡ ስለዚ ኣረጋግጽ ምስቲ ናይ ቆልዓኻ ኣማኻሪ ኣምክሮ ብዛዕባ ቆጸራ ዘለዎን ዘይብሉን።



1
ቀዳማይ ምቕራብ ናብ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ
ቀዳማይ ርክብ ምስ ዳኛ
ጠበቓታት ከሳሲን ተኸሳሲን ጉዳያቶም
ምስ ምኽንያታቶም ይገልጹ
መዕቆቢ መንእሰያት
ጽኑዕ ማእሰርቲ
ኤሌክትሮኒ ካዊ ክትትል
ዝተለቐቐ
ወለዲ፡ ምግዚት፡ ወይ ስድራ-ቤት
ምስ ፍሉያት ጠለባት ናይ ኩነት
እወ
ፋይል ክሲታት
ኣይፋል
ናብ ገዛና ንኺድ
ዝስዕቡ ስጉምታት
ተራኽብ ምስ
ኣማኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት
ወይ
ሰራሕተኛታት ኤሌክትሮኒካዊ ክትትል (ኣማራጺ ንጽኑዕ ማእሰርቲ)
2
ድሕሪ ምቕያድ ናብ ቤት-ፍርዲ ምቕራብ
እቲ ዳኛ ንቆልዓኻ ብምንታይ ተኸሲሱ ከምዘሎ ይነግሮ
3
ገለ ዝክኣሉ ኣማራጺታት
ኣሰራርዓ ጉዳይ
ነቲ ጉዳይ ተዛተይሉ ከምኡ`ውን ንቆልዓኻ ኣማኽሮ
ምንዋሕ ቆጸራ መታን ክትዳሎ
ናብ ፍርዳዊ መስርሕ ገበን ምቕጻል
ገበነኛ ኢየ ኢልካ ንክስኻ ምእማን
እቲ መስርሕ ቤት-ፍርዲ
4
ፍርዳዊ መስርሕ ገበን/ናይ ጨብጢ ምንዳይ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ
ወርሒ
ነጻ ምልቃቕ
እቲ ዳኛ ይውስን
ገበነኛ ኣይኮነን
ገበነኛ
5
ምድላው/ ናይ ምሕጽንታ ምስማዕ
ዳኛ ውሳኔ ይህብ
ኣምክሮ
ካሕሳ
ግዜ ማሕቡስ

ኩሉ ሰብ ዝተፈላለየ ተመኩሮ ኢዩ ክህልዎ፡ ሓደ-ሓደ ግዜ ክልተ ወይ ልዕሊኡ ቆጸራታት ክግበሩ ኢዮም ኣብ ሓደ ናብ ቤት-ፍርዲ ምቕራብ። ካልኦት ግዜያት ድማ ነፍሲ-ወከፍ ቆጸራ ኣብ ዝተፈላለዩ መዓልታት ክኾውን ኢዩ። ገለ ካብቶም ቆጸራታት የጋጥሙ ኣብ መጋበእያ ቤት-ፍርዲ፡ ገለ ድማ ኣብቲ መጸበዪ ክፍሊ የጋጥሙ። ምኽንያቱ ናይ ቤት-ፍርዲ ቆጸራ ቀልጢፉ ክሓልፍ ስለዝኽእል፡ ሕቶታትካ ጽሒፍካዮም ምጽናሕን መታን ነቲ ጠበቓ ቆልዓኻ ወይ ተቐባሊ ኣማኻሪ ኣምክሮ ዘኪርካ ክትሓቶ ኣብ ዝደሓረ ግዜ ጽቡቕ ሓሳብ ኢዩ።

## ቀዳማይ ምቕራብ ናብ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ

First appearance hearings (ቀዳማይ ምቕራብ ናብ ቆጸራታት ቤት-ፍርዲ) ኣብታ ቆልዓኻ ዝተቐየደላ መዓልቲ ትቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ የጋጥም። እቲ **JPC** ወይ **ጠበቓ (DPD)** ክድውለልኩም ኢዩ ንክሕብረኩም መዓስ ክትመጹ ከምዘለኩም ናብቲ ቆጸራ። ብኣካል ክትመጹ ዘይትኽእሉ ምስትኾኑ፡ ብተሌፎን ክትጽንበሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣብ ግዜ እቲ ቆጸራ** ምስ ቆልዓኹም ክትዘረቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እቲ ኣኽባር ሕግን ናይ ቆልዓኹም ጠበቓን ጉዳያቶም ብምኽንያት ኣሰንዮም ክገልጹሉ ኢዮም ነቲ ዳኛ። እቲ ዳኛ ናትካ ዘረባ ክሰምዕ ክደሊ ይኽእል ኢዩ። ብዛዕባ እቶም ክትብሎም እትደሊ ኣገደስቲ ነጥብታት ጽሒፍካ ምጽናሕ ሓጋዚ ኢዩ። ኣሕጽሮ ዘረባኻ መታን እቲ ትብሎ ዝያዳ ሓይሊ ክህልዎ።

**ኣብቲ ቆጸራ፡** እቲ ዳኛ ክውስን ኢዩ ቆልዓኻ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዝጸንሕ ወይ ዝልቀቕ ሙኺኑ። እቲ ዳኛ ነዚ ዝውስን ብመሰረት እቲ ቀሪቡ ዘሎ ክሲ ኣንጻር ቆልዓኻ፡ ስግኣት ውሕስነት ናይቲ ቆልዓኻ ወይ ናይ ካልኦት ከምኡ`ውን ናይ ቆልዓኻ ታሪኽ ኣብ ስርዓት ሕጊ ኢዩ። እንሆ እቲ ዳኛ ክውስኖ ንቆልዓኻ ከጋጥሞ ኣለዎ ኢሉ ክውስኖ ዝኽእል፥ንቆልዓኻ፥

1. እቲ ዳኛ ናይ ስግኣት ውሕስነት ናይ ቆልዓኻ እንተለዎ ወይ ቆልዓኻ ኣብ ዝቕጽል ቆጸራ ኣይክቐርብን ኢዩ ዝብል ስግኣት ምስዝህልዎ፡ ንቆልዓኻ ኣብ ጽኑዕ ቤት-ማእሰርቲ ከጽንሖዎ ኢዮም
2. ይልቀቕ ንስኻ ንገዛ ንክትወስዶ
3. ይልቀቕ ንኣብል ስድራ-ቤት ብናትካ ፍቓድ
4. ብፍሉያት ቅድመ ኩነት ይልቀቕ (ከም ገበን ዘይምፍጻም ወይ ምስ ውሱናት ሰባት ንከይራኸብ)፡ በጀካ “probable cause (ምኽንያታዊ ጥርጣረ)” ኣብ ዘይተረኽበሉ
5. ናብ መዕቆቢ መንእሰያት ይስደድ እንድሕር ስግኣታት ኣለዉኻ ብዛዕባ ናይ ቆልዓኻ ኣብ ገዛ ምጽናሕ
6. ይልቀቕ ተገጢምሉ ኣቕሓ ናይ ዓንካር ዓንካሪቶ **Electronic Home Monitoring (EHM) (ኤሌክትሮኒካዊ ናይ ገዛ ክትትል)**

**ድሕሪ`ቲ ቆጸራ** ምስ JPC ንክትራኸብ ክትስደድ ኢኻ ወይ እንድሕር ቆልዓኻ ኣብ ኤሌክትሮኒካዊ ናይ ገዛ ክትትል ተመዲቡ ኔሩ፡ ክትራኸብ ኢኻ ምስ ሰራሕተኛታት **EHM (ASD)**። ብዛዕባ ናይ ዝቕጽሉ መድረኻት ክዘረቡኻ ኢዮም። ቀልጢፍካ ድሕሪ`ቲ ቆጸራ ምርካቦም ይሓይሽ መታን ካልእ ግዜ ናብቲ ቤት-ፍርዲ ክትምለስ። እንድሕር ቀልጢፍካ ድሕሪ`ቲ ቆጸራ ክትከይድ ሃሊካ፡ ብውሑዱ ናብቲ ኣማኻሪ ኣምክሮ ወይ ሰራሕተኛ EHM ኬድካ ክትረኽበሎም ትኽእል ኣድራሽኦም ውሰድ መታን ቆጸራ ክትገብሩ። ክጽበዩኻ ኢዮም ክትምጽእ።

እቲ ኣኽባር ሕጊ ክውስን ኢዩ ኣንጻር ቆልዓኻ ክሲ ዝምስርቱን ዘይምስርቱን። እንድሕር ክሲ ዘይመስረቶም፡ ንስኻ ከምኡ`ውን ቆልዓኻ ናብ ቤት-ፍርዲ ዳግም ዘኽይድ የብልኩምን። እቲ ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ክሲ እንተመስሪቱ ግና፡ እቲ ዳኛ ክነግረካ ኢዩ ኣብቲ ቀዳማይ ናብ ቤት እትቕርበሉ ድሕሪ ኣብ ቀይዲ ምእታውካ። ኣብታ ቀዳመይቲ ናይ ምቕራብ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ፡ ክትሰምዕ ትኽእል ኢኻ እቲ ኣኽባር ሕጊ ነቲ ዳኛ ክዘረቦ ብዛዕባ ናይ ክሲ ምምስራት ቆጸራታት ወይ ብዛዕባ “ዝተቐላጠፉ ክሲታት”።

# ተወሰኽቲ ቆጸራታት ቤት-ፍርዲ

እንድሕር እቲ **ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ** ክሲ ክምስርት መሪጹ፡ ቆልዓኻ ክግበረሉ ኢዩ ተወሰኽቲ **ቆጸራታት**። እቶም ቆልዓኻ ክቐርበሎም ዘለዎ ቆጸራታት የጠቓልሉ፡

## ክሲ ምንባብ

Arraignment (ክሲ ምንባብ) ማለት እቲ ዳኛ ንቆልዓኻ ብምንታይ ከሲስዎ ከምዘሎ ኣኽባር ሕጊ ዝገልጸሉ ኢዩ። ንነኣሽቱ በደላት፡ ክሲ ምንባብ ይግበር ኣብ ናይቲ ቤት-ፍርዲ መጸበዪ ቆልዓኻን ጠበቓኡን ኣብ ዘለዉሉ። ንዝያዳ ከበድቲ ገበናት፡ ክሲ ምንባብ ይግበር ኣብ መጋባእያ ቤት-ፍርዲ። ዝበዝሑ ሰባት "ገበነኛ ኣይኮንኩን" ዝብል መልሲ ይህቡ ብዝምልከት ንክሰም። እታ ትቕጽል ናይ "ቀዳማይ ቆጸራ ርክብ ጠበቓን ተኸሳስን ነቲ ጉዳይ ንምዝታይ" ጉዳይ ቆጸራ ክትቁጸር ኢያ።

## ቀዳማይ ርክብ ጠበቓን ተኸሳስን ነቲ ጉዳይ ንምዝታይ

እቲ Case Setting Hearing (ቀዳማይ ርክብ ቆጸራ ጠበቓን ተኸሳስን ነቲ ጉዳይ ንምዝታይ) ዝበሃል ርክብ ቆልዓኻ ምስ ጠበቕኡ ኣብቲ መጸበዪ ቤት-ፍርዲ ኢዩ። እቲ ጠበቓ ምስ ቆልዓኻ ንበይኑ ጥራይ ኢዩ ዝዘረብ ዝኾውን ኣብዛ ርክብ። እቲ ዕላማ ናይዚ ርክብ ቆልዓኻን እቲ ጠበቓ ንክዝትየ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ከምኡ`ውን እቲ ጠበቓ ንቆልዓኻ ከማኽሮ ብዛዕባ እቶም ዘለዉዎ ኣማራጺት ከምኡ ድማ ንቆልዓኻ ክሕግዞ እንታይ ከምዝመርጽ ኢዩ።

ቆልዓኻ ብሓገዝ ናይ ጠበቕኡ ክውስን ኢዩ ነቲ ገበን ከምዝወዓሎ ክኣምን፡ ፍርዳዊ መስርሕ ገበን ክቑጸር ወይ ከናውሖ ነቲ ቆጸራ ንዝያዳ ምድላዋት። ኣብዛ ውሳኔ ብምሙርኳስ እቲ ጠበቓ ዕለተ ቆጽራ ክገብር ኢዩ ናይ ሓድሽ ቆጸራ ርክብ ጠበቓን ተኸሳስን ነቲ ጉዳይ ንምዝታይ ወይ ናይ ቆጸራ ምሕጽንታዊ ድርድር።

ዝበዝሕ ግዜ፡ ቆጸራታት ርክብ ጠበቓን ተኸሳስን "ይቕጽሉ" ኢዮም፡ እዚ ድማ ብዝኾነ በዓል ጉዳይ ክሕተት ይክኣል። ኣብ ዝበዝሑ ግዜያት፡ እቲ ጠበቓ ክሱስ ኣብ ክንዲ እቲ ክሱስ ብሙኺን ይውስን ይሓትትን ከምኡ ድማ እንተተፈቒዱ ድማ እቲ ዳኛ ትእዛዝ የመሓላልፍ። እንድሕር ኣሎ "continuance (ቅጸላ)" ንስኻን ቆልዓኻን ኣብኡ ክትህልዉ ኣየድልየኩምን ኢዩ።

## ብቑዕነት

"Competency (ብቑዕነት)" ማለት እቲ ቆልዓ ነቲ መስርሕ ቤት-ፍርዲ ይርድኦ ማለት ኢዩ ከምኡ`ውን ንጠበቕኡ ክከላኸለሉ ከሎ ክሕግዞ ይኽእል ማለት ኢዩ። ናይ ብቑዕነት ቆጸራ ይግበር እቲ ዳኛ ምስ ወሰነ ቆልዓኻ "ብቑዕ" ዲዩ ንክኽሰስ። ሓደ ቆልዓ ክኽሰስ ኣይክእል ኢዩ እንድሕር ብቑዕ ዘይኮይኑ። እንድሕር ቆልዓኻ ብቑዕ ዘይኮነ፡ ክስደድ ይኽእል ኢዩ ናብ ናይ ሆስፒታል ሕክምና ስነ-ኣእምሮ ብቑዕ ንክኸውን። በተወሳኺ፡ እቲ ዳኛ ነቲ ጉዳይ ክዓጽዎ ይኽእል ኢዩ፡ እዚ ማለት ድማ ፍርዳዊ መስርሕ ገበን ከምኡ`ውን ክሲ ኣይክህሉን ኢዩ ኣንጻር ቆልዓኻ።

## Omnibus (ቆጸራ ቤት-ፍርዲ ጭብጢ ንምንዳይ)

እዚ ቆጸራ ነቲ ናይ "ጭብጢ ምንዳይ" ፍርዳዊ መስርሕ ገበን ንምድላው ኢዩ ዝካየድ። መብዛሕትኡ ግዜ ቅድሚ ሓደ ሰሙን ካብታ ፍርዳዊ መስርሕ ገበን ኢዩ ዝካየድ። ኣብዚ ቆጸራ፡ እቲ ኣኽባር ሕግን ጠበቓ ክሱስን ናብ ፍርዳዊ መስርሕ ገበን ክቕጽሉ ድሉዋት እንተኾይኖም ነቲ ዳኛ ይሕብርዎ። እቲ ዳኛ ከናውሖ ይኽእል ኢዩ ንፍርዳዊ መስርሕ ገበን እንድሕር እቲ ኣኽባር ሕጊ ከምኡ`ውን ጠበቓ ዝያዳ ግዜ የድልዮም እንተኾይኑ ንክዳለዉ። እቲ ኣኽባር ሕጊ ከምኡ`ውን እቲ ጠበቓ ድሉዋት ምስዝኾኑ ንፍርዳዊ መስርሕ ገበን፡ ነቲ ዳኛ ነቲ ፍርዳዊ መስርሕ ገበን ንከካይዱ ዘድልዮም ሓበሬታ ክህብዎ ኢዮም። እቲ ዳኛ ነቶም ዓበይቲ ክርክራት ክፈትሕ ይኽእል ኢዩ ቅድሚ እቲ ፍርዳዊ መስርሕ ገበን ምጅማሩ።

## ፍርዳዊ መስርሕ ገበን/ናይ ጭብጢ ምንዳይ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ

እቲ "Fact-Finding Hearing (ናይ ጭብጢ ምንዳይ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ)" ወይ Trial (ፍርዳዊ መስርሕ ገበን) እቲ ዳኛ ንቆልዓኻ ገበነኛ ዲዩ ወይ ዘይገበነኛ ዝውስነሉ ቆጸራ ኢዩ። ነባሮ ናይ ቤት-ፍርዲ የለዉን ኣብ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት፡ እቲ ውሳኔ ብዳኛ ኢዩ ዝወሃብ። እቲ ዳኛ ንቆልዓኻ ገበነኛ ኢዩ ኢሉ ውሳኔ ንክህብ፡ እቲ ኣኽባር ሕጊ እኹል መርትዖ ከቕርብ ኣለዎ ዘርኢ "beyond a reasonable doubt (ልዕሊ ምኽንያታዊ ጥርጣረ)" ቆልዓኻ በቲ ገበን ገበነኛ ሙኳኑ። እንድሕር ቆልዓኻ ገበነኛ ኮይኑ ተረኺቡ፡ እታ ትቕጽል ቆጸራ ናይ "ቆጸራ ፈጽሚ" ኢያ።

**<u>ቆጸራ ፈጽሚ/ምሕጽንታዊ ድርድር</u>**
እዚኦም ክልተ ቆጸራታት ዝበዝሕ ግዜ ብሓንሳብ ኢዮም ዝሕወሱ። ኣብቲ ግዜ “Plea Hearing (ምሕጽንታዊ ድርድር)”፡ እቲ መንእሰይ ከምኡ`ውን እቲ ጠበቓን እቲ ኣኽባር ሕጊ ዝተላዘቡሎምን ዝተሰማምዕሎምን ክሲታት ኢዮም ዝቐርብሎም። እቲ መንእሰይ ድማ ብወግዒ ነቶም ክሲታት ይኣምነሎም።

“Disposition (ፈጽሚ)” ኣብ ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት ልክዕ ከም “Sentencing (ውሳኔ መቕጻዕቲ)” ኣብ ስርዓት እኹላት ኢዩ። ኣብ ግዜ disposition hearing (ቆጸራ ፈጽሚ)፡ እቲ ኣኽባር ሕጊ፡ ጠበቓ፡ ከምኡ`ውን JPC ነፍሲ-ወከፎም ነናቶም ምሕጽንታ ከቕርቡ ኢዮም። እቲ መንእሰይ ከምኡ`ውን እቲ ሞጒዚ(ታት) ድማ ናቶም ቃል ክህቡ ኢዮም። ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ዳኛ ፍርዲ ክህብ ኢዩ ፈጽሚ (መቕጻዕቲ)። እቲ ናይ ፈጽሚ ትእዛዝ የጠቓልል ቆልዓኻ እንታይ ብዓወት ክዛዝም ከምዘለዎ ኣብቲ መስርሕ ሕጊ ኮተቴታት። እቲ ዳኛ ኣብ ግምት የእቱ ንቆልዓኻ ሓላፍነት ክምህሮ ዝኽእል፡ ነቲ ማሕበረሰብ ውሕስነቱ ዝዕቅብ ከምኡ`ውን ንቆልዓኻ ጠባዩ ንክመሓየሽ ዝሕግዝ። ኣብነታት የጠቕልል ከም ኣምክሮ፡ ምምኻር፡ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ፡ ካሕሳ (ገንዘብ ምኽፋል) ከምኡ`ውን ማሕቡስ። ቆልዓኻ ነቶም ሕግታት ናይ ትእዛዝ ፈጽሚ እንተ ዘይተኽቲልዎም፡ ካልኣይ ግዜ ናብቲ ዳኛ ክቐርብ ይኽእል ኢዩ ከምኡ`ውን ዝያዳ ሳዕቤናት ዘለዎ ትእዛዝ ክውሃብ ይኽእል። ድሕሪ ቆጸራ ፈጽሚ እቶም ሰራሕተኛታት ቤት-ፍርዲ ንቆልዓኻ ቅዳሕ ናይቲ ትእዛዝ ፈጽሚ ክህብዎ ኢዮም።

## <u>ካሕሳ</u>
እንድሕር እቲ ዳኛ ትእዛዝ ሂቡ ቆልዓኻ restitution (ካሕሳ) (ገንዘብ ምኽፋል ብሰንኪ ዘጋጠመ ገበን) ንክኽፍል፡ እቲ ዳኛ ናይ ካሕሳ ቆጸራ ክገብር ይኽእል ኢዩ። እዚ ቆልዓኻ ክንደይ መጠን ገንዘብ ክኽሕስ ከምዘለዎ ብዳኛ ክእዘዝ እንከሎ ኢዩ። እቲ ቤት-ፍርዲ ንቆልዓኻ ነቲ ክኽሕሶ ዘለዎ ገንዘብ ንምጥራይ ዝሕግዙ ናይ ስራሕ ፕሮግራማት ኣለዉዎ።

## <u>ምትዕርራይ</u>
እንድሕር ቆልዓኻ ነቶም ሕግታት ኣምክሮ ጥሒስዎም፡ ናቱ JPC ቆጸራ ናይ Modification hearing (ቆጸራ ምትዕርራይ) ክገብር ኢዩ ምስቲ ዳኛ። እቲ JPC እቲ ዳኛ እንታይ ክቕይር ከምዘለዎ ኣብቲ ናይ ቆልዓኻ ትእዛዝ ፈጽሚ ምሕጽንታ የቕርብ።

## ዳግመ-ገምጋም ማእሰርቲ
ኣብ ግዜ Detention Review (ዳግመ-ገምጋም ማእሰርቲ)፡ እቲ ዳኛ ናይቲ መንእሰይ ናይ ማእሰርቲ ኩነታት ኣብ ግምት የእቱ። እቲ መንእሰይ/ጠበቓ፡ ኣኽባር ሕጊ ወይ JPC ናይቲ መንእሰይ ኩነታት ማእሰርቲ ንክቕየር ጠለብ ከቕርቡ ይኽእሉ ኢዮም። እቲ ዳኛ ናብ EHM ወይ ናብ ጽኑዕ ቤት-ማእሰርቲ ክሰጋግሮ ይኽእል ኢዩ። ብኣንጻሩ ድማ እቲ ዳኛ ነቲ መንእሰይ ካብ ጽኑዕ ቤት-ማእሰርቲ ናብ EHM ወይ ከም ዝልቀቕ እውን ክገብር ይኽእል ኢዩ።

# ዘይልሙዳት ቀጸራ ቤት-ፍርዲ

## ብቑዕነት ተኸሳሲ ዝጸረየሉ ቀጸራ ቤት-ፍርዲ

ዳኛ ይውስን እንድሕር ቆልዓኻ ዝኽእል ኮይኑ፥

- ☐ ጉዳዩ ይርድኦ እንተኾይኑ
- ☐ እቲ መስርሕ ቤት-ፍርዲ ይርድኦ እንተኾይኑ
- ☐ ይሕግዙ ንጠበቓኦም



## ዳግመ-ገምጋም ማእሰርቲ

ኩሎም ሰብ ጉዳይ ብሓባር ይመጹ ንክውስኑ ቆልዓኻ ክስደድ እንተኾይኑ ናብ

- ☐ ብትእዛዝ ናብ ቤት-ማእሰርቲ
- ☐ ክልቕቕ ካብ ቤት-ማእሰርቲ
- ☐ ክግበረሉ ወይ ክወጽእ ካብ ኤሌክትሮኒካዊ ክትትል ኣብ ገዛ

## ኦምኒባስ (Omnibus) ቆጸራ ቤት-ፍርዲ



ይጠቅም ንምድላው ነቱ ናይ ጭብጢ ምርካብ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ

እቲ ኣኽባር ሕግን ጠበቓን ናብ ቤት-ማሕቡስ ክኸዱ ቀሩባት እንድሕር ኮይኖም ይነግርዎ ነቲ ዳኛ

# Diversions (ግልሰታት)

እንድሕር ፖሊስ ወኸሳ ኣቕሪበም ናብ **PAO**፡ እቲ PAO ድማ ይውስን እንተ በቲ ልሙድ ሕጋዊ መገዲ ናይ ቤት-ፍርዲ ክቕጽል ወይ ከኣ ንቆልዓኸ ናብ ኣማራጺ ፕሮግራም ክሰዶ። እዞም ኣማራጺ ፕሮግራማት ንመንእሰያት ንዝገብርዎ ነገራት ሓላፍነት ከምዝወስዱ ይገብሩ፡ ምስኡ ድማ ኣብቲ ሱር ጠንቂ ናይ ጠባዮም ኣተኩሮ ይገብሩን ኣብቲ ማሕበረሰብ ድማ ይዕቅብዎም። እዞም ፕሮግራማት ንመንእሰያትን ስድራ-ቤታትን ንምድጋፍ ይሻረኹ ምስ ውድባት ማሕበረሰብ ከምኡ`ውን ውልቀሰባት።

ዝበዝሕ ግዜ እዞም ፕሮግራማት ነቶም ብነኣሽቱ ገበናት ወይ በደላት ዝተኸሰሱ መንእሰያት ኢዮም፡ እንተኾነ ግን ኪንግ ካውንቲ ኣብ ዝያዳ ምስፋሕ ፕሮግራማት ንብገበን ዝተኸሰሱ መንእሰያት ይሰርሕ ኣሎ። ኣብነታት ናይዞም ፕሮግራማት ኣብ ታሕቲ ይርከቡ።

**Family Intervention and Restorative Services (FIRS) (ጣልቃ ስድራ-ቤት ከምኡ`ውን ማእከል ኣገልግሎታት ዳግመ ህንጸት)** – እዚ ፕሮግራም ነቶም ብዘቤታዊ ጎነጽ ዝተተንከፉ ስድራ-ቤታት ዝምልከት ኮይኑ ናይ ፍወሳዊ ርክባት ከምኡ`ውን ናይ ምኽሪ ርክባት የሰላስል። ማእከል ራህዋ ነቶም ኩነታት ውሕስነቶም ዘይርጉጽ ዘሎ ዝኾኑ ስድራ-ቤታት ዘእንግድ ኢዩ። ንዝያዳ ርአ ገጽ 11።

**Juvenile Probation Counselor Diversion (ግልሰት ኣማኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት)** – ሓደ-ሓደ ግዜ፡ እቲ መንእሰይ ንግልሰት ብቑዕ ኣብ ዝኾነሉ እቲ PAO ከምኡ`ውን JPC ከቕርብሉ ኢዮም ዕድል ናይ ዝኾነ ክሲ ምውጋድ፡ እዚ ግን ስምምዕ ናይ ምስታፍ ኣብ ዝተወልቀወ ፕሮግራም ወይ ናይ ጣልቃ ጥዕና ጠባይ መደብ ተሳቲፉ እንድሕር ብዓወት ዘዚምዎ ኢዩ።

**Community Accountability Boards (CABs) (ቦርድታት ተሓታትነት ማሕበረሰብ)** – ገበናት ይሰጋገሩ ናብ CABs፡ ንሰም ጉጅለ ወለንታውያን ሰባት ካብ ማሕበረሰብ ኮይኖም ምስቲ መንእሰይ ከኣ ይራኸቡ፡ ምስ ስድራ-ቤቱ ድማ መደብ ይሰርዑ ከምኡ`ውን ምስቶም ወሃብቲ ማሕበረሰብ እቲ መንእሰይ ዘማልኦም። **[Choose 180]** – ናይ ማሕበረሰብ ውድብ ኮይኑ ናይ ድማ ቅድመ-ክሲ ግልሰት፡ ናይ ፍርቂ መዓልቲ መጽናዕቲ ነቶም እትመርጾም ምርጫታት ንክትርድኦምን ተባሂሉ ዝተነድፈ መሳርሒ ከምኡ`ውን ንመንእሰያት ካብ ስርዓት ሕጊ ኮተቴታት ንክርሕቖም ተባሂሉ ዝተ ናይቶም ተሳተፍቲ ሕጋዊ ወከሳኦም ይስረዝ፡ ድሕሪ እቲ መጽናዕቲ ብዓወት ምዝዛም።

# ደገፍቲ ፕሮግራማት ቤት-ፍርዲ ከምኡ`ውን ሽርክነታት

ኣገልግሎታት ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ኪንግ ካውንቲ ምስ ቡዙሓት ውድባት ማሕበረሰብ ከምኡውን ኣባላት ማሕበረሰብ ብሽርክነት ይሰርሕ ንክራኸብ መንእሰያትን ስድራ-ቤታትን ምስ መርበብ ድገፍቲ ፕሮግራማት፡ ጣልቃታት ከምኡውን መዓድቲ። እቲ መሰረት ናይዚ ስራሕ ኣብ መትከላት ዳግመ ህንጸት ሱር ዝሓዘ ኮይኑ፡ እዚ ድማ የቶኩር ኣብ ኣድላይነት ምጽጋን ጉድኣት ከምኡውን ዳግመ-ምህናጽ ዝምድናታት ኣብቲ ማሕበረሰብ። እዚ ድማ ከም ክብርታት ይጠቅም ንምምራሕ ልምድታት ብኸመይ ከም እንምልስ ንናይ መንእሰያት ጠባይ። ሽርክነታት ማሕበረሰብ ከምኡውን ፕሮግራማት ኣገደስቲ ኢዮም ኣብ ምሕጋዝ ኣብ ቤት-ፍርዲ ዝሳተፉ ዘለዉ መንእሰያት ምስቲ ማሕበረሰብ ክሳተፉን ርክቦም ክቕጽሉን። እንድሕር ድሌት ኣለኩም ኣብ ምሽራኽ ምስ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት፡ ብኽብረትኩም ተወከሱ ንሮበርት ጋንት(Robert Gant)፡ ኣካያዲ ሽርክነታት ማሕበረሰብ (206) 477-0041 [rgant@kingcounty.gov](mailto:rgant@kingcounty.gov)

እቲ ቦታ Youth Support Resources (ደገፍ ጸጋታት መንእሰያት) የቕርብ ሓበሬታ ብዛዕባ ጸጋታት መንእሰያትን ስድራ-ቤትን ኣብ ኪንግ ካውንቲ። ጸጋታት ይጻረዩ ይኾኑ ኢዮም ብዓይነት ናይቲ ኣገልግሎት፡ ዕድመ ከምኡውን ዝተደልየ ርሕቀት ጉዕዞ። ክትውከስ ንመርበብ ሓበሬታ ደገፍ ጸጋታት መንእሰያት ጠውቕ [ኣብዚ]። እንድሕር ክትውስኽ ደሊኻ ወይ ሓድሽ ሓበሬታ ደሊኻ ናብዚ ማዕከን ዳታ፡ ብኽብረትካ ኢመይል ስደዱ ናብ [SCResourceCenter@kingcounty.gov](mailto:SCResourceCenter@kingcounty.gov)።

## [ምላሽ ጥዕና ጠባይ (BHR)፡]

Behavioral Health Response (BHR) (ምላሽ ጥዕና ጠባይ)፡ ዕላማ ሽርክነት ናይ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ቀያሪ BHR ንናይ ጠባይ ጥዕና ጸገማት ዘለዎም (ከም ታሪኽ ኣእምሮኣዊ በሰላ ከምኡ`ውን ናይ ኣእምሮን ናይ ኣልኮል ወይ ዕጾ-ፋርስ ጸገማት ዘልዎም) ብከቢድ ገበን ተኸሲሶም ንዘለዉ ወይ ድማ ማእከላይ መለክዒ ግልሰት ኣብ JR ንዝጽበዮም መንእሰያት ንምሕጋዝ ኢዩ። በዚ መገዲ ድማ፡ መንእሰያት ክድገፉ ኢዮም ብኣማኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት (JPC) ከምኡ`ውን ሓደ ዳህሳሲ ካብ ውድብ ማሕበረሰብ። እቶም ዝሳተፉ መንእሰያት፡ ናቶም ክሲ(ታት) ክጓደለሎም ኢዮም ናብ ንእሽተይ በደል ምስኡ ድማ ኣማራጺ ናይ ዝተናውሐ ግልሰት ወይ ምስራዝ ብዓወት ምስ ዝዛዝምዎ ክህልዎም ኢዩ። ምኽንያቱ እዚ መገዲ ንክልቲኡ ኢዩ ዝቕርብ፡ ንናይ ማሕበረሰብ ግልሰት ከምኡ`ውን ዝተጓደለ ክሲ፡ እቲ ኣኽባር ሕጊ ድማ ክሳተፍ ኢዩ ኣብ ምልላይ እቶም ነዚ ፕሮግራም ብቑዓት ዝኾኑ መንእሰያት።

## [Aggression Replacement Training (ART) (ስልጠና ምትካእ ጎነጽ)] (206) 477-9573

ናይ ብቤት-ፍርዲ ወኸሳ ዝተገብረሎም መንእሰያት ፕሮግራም ዘስፍሕ ንናይ ተሳተፍቲ ሓድሕዳዊ ርክብ፡ ምቁጽጻር ስምዒት ከምኡ`ውን ክእለታት ጠባይ። ሰለስተ ክፋላት ኣለዉዎ ነዚ ካሪክለም ዘተኩሩ ኣብ ምድላብ ክእለታት፡ ምቁጽጻር ሕርቃን ከምኡ`ውን ሞራላዊ ኣስተመኽንዮ። ናይ 1 ሰዓት ትምህርቲ ድማ ይውሃብ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ን10 ኣዋርሕ፡ ብጠቕላላ ድማ ይኾውን 30 ሰዓታት።

## [መንእሰያት ኣብ ስግኣት (ARY)፡ ኣገልግሎታት ሓገዝ ዘድልዮ ቆልዓ (CHINS) ከምኡ`ውን ፕሮግራማት ብኩራት]

እዞም ፕሮግራማት ብቤት-ፍርዲ ስድራ-ቤት ኢዮም ዝካየዱ፡ እዚ ድማ ኣብ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዝርከብ ክፍሊ ኮይኑ ዝተፈልየ ኢዩ ድማ ካብ ኣምክሮ። ፕሮግራማት ARY/CHINS ይሕግዙ ንወለዲ ብዛዕባ ናይ ቆልዓኦም ጠባይን ውሕስነትን ተሻቒሎም ዝርከቡ ከምኡ`ውን ሓገዝ ዝደልዩ ካብቲ ቤት-ፍርዲ ንቆልዓኦም ውሑስ ንምግባር። ፕሮግራም ብኩራት በቲ ናይቲ ዞባ ቤት-ትምህርቲ (ከምቲ ብሕጊ ዝጥለብ) ዝተጀመረ ኢዩ ከምኡ`ውን ምስ ስድራ-ቤታት ኣብ ሓቢርካ ምስራሕ ንመንእሰያት ናብ ዕዉት ዝኾነን ምስቲ ናቶም ትምህርታዊ ሽቶኦም ዝኸይድን መደብ መኣዲ ትምህርቲ ንምምላስ ዝዓለመ ኢዩ።

**At Risk Youth Petition (ARY) (ጥርዓን መንእሰያት ኣብ ስግኣት)**፡

ሓደ ወላዲ/ሞጒዚ ጥርዓን ናይ ARY ከቕርብ ይኽእል ንክረክብ ሓገዝን ደገፍን ካብ ቤት-ፍርዲ ኣብ ምርካብ ክንክን፡ ኣላይነት ከምኡ`ውን ቁጽጽር ናይቲ ቆልዓ፡ ከምኡ ድማ ሓገዝ ንክረክብ ኣብ ምፍታሕ ናይ ስድራ-ቤት ግጭት። እቲ ቤት-ፍርዲ ነቲ መንእሰይ ነቶም ሕግታት ክኽተሎምን ክምዝገብ ኣብ ኣገልግሎታትን ክእዝዝ ይኽእል ኢዩ። ኣካየድቲ ጉዳያት ንስድራ-ቤታት ይድግፉ ከምኡ`ውን ወከሳ ይገብርሎም ናብ ዕርቂ ከጠናኽሩ ዝኽእሉ ፕሮግራማት። ነቲ መስርሕ ንምጅማር ወላዲ/ሞጒዚ ግድን ክረክብ ኣለዎ Family Assessment (ገምጋም ስድራ-ቤት) ካብ ክፍሊ ቆልዑ መንእሰያት ከምኡ`ውን ስድራ-ቤታት ኣብ (800) 609-8764።

ብኽብረትኩም ንናይ ጉዳይ ኣካያዲ ተወከሱ ንዝያዳ ሓበሬታ ወይ ብጽሑ ናብ https://www.kingcounty.gov/courts/superior-court/becca/ary.aspx፡

ቤት-ፍርዲ ኪንግ ካውንቲ ኣብ ሲያትል – ኣካያዲ ጉዳይ (206) 477-4946
የገልግል ንበሌቩ፡ ኢዛክዋ፡ ሌክ ዋሺንግተን፡ መርሰር ኣይላንድ፡ ኖርዝሾር፡ ሪቨርቪው፡ ሲያትል፡ ሾርላይን፡ ስካይኮሚሽ፡ ስኖክዋልሜ ከምኡ`ውን ቤት-ትምህርታት ዞባታት ቫሽን

ማለንግ ዘባዊ ማእከል ፍትሒ ኣብ ኬንት - ኣካያዲ ግዳይ (206) 477-2759
የገልግል ንኦውበርን፡ ኢኑምክላው፡ ፈደራል ወይ፡ ሃይላንይን፡ ኬንት፡ ረንቶን ፡ታሆማ ከምኡ`ውን ቤት-ትምህርታት ዞባታት ቱክዊላ

**Child in Need of Services (CHINS) (ኣገልግሎታት ሓገዝ ዘድልዮ ቆልዓ)፡**

ናይ CHINS ጥርዓን ብወላዲ/ሞጓዚ ወይ መንእሰይ ወይ **DCYF** ክግበር ይክኣል ኢዩ። እንድሕር እቲ ቆልዓ ኣብ ገዛ እንዳነበረ ከሎ ክፍታሕ ዘይክእል ዓቢ ግጭት ኣሎ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ከፍቅድ ይኽእል ኢዩ ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዝበጽሕ ግዚያዊ ካብ ገዛ ወጻኢ ምቕማጥ እቶም ስድራ-ቤት ንዳግመ-ምሕባር ኣብ ዝጽዕርሉ።

ነዚ መስርሕ ንምጅማር፡ እቲ ወላዲ/ሞጓዚ ወይ መንእሰይ ግንድ ክረክብ ኣለዎ ገምጋም ስድራ-ቤት ካብ ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያት ከምኡ`ውን ስድራ-ቤታት ኣብ (800) 609-8764።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ብኽብረትኩም ንኣካያዲ ጉዳይ ተወከሱ ወይ ብጽሑ ናብ https://www.kingcounty.gov/courts/superior-court/becca/chins.aspx ፡

ቤት-ፍርዲ ኪንግ ካውንቲ ኣብ ሲያትል – ኣካያዲ ጉዳይ (206) 477-4946
የገልግል ንበሌቩ፡ ኢዛክዋ፡ ሌክ ዋሺንግተን፡ መርሰር ኣይላንድ፡ ኖርዝሾር፡ ሪቨርቪው፡ ሲያትል፡ ሾርላይን፡ ስካይኮሚሽ፡ ስኖክዋልሚ ከምኡ`ውን ቤት-ትምህርታት ዘባታት ቫሾን

ማለንግ ዘባዊ ማእከል ፍትሒ ኣብ ኬንት - ኣካያዲ ግዳይ (206) 477-2759
የገልግል ንኦውበርን፡ ኢኑምክላው፡ ፈደራል ወይ፡ ሃይላንይን፡ ኬንት፡ ረንቶን ፡ታሆማ ከምኡ`ውን ቤት-ትምህርታት ዘባታት ቱክዊላ

## Truancy & Education Reengagement (ብኩራት ከምኡ`ውን ዳግመ-ምጽማድ ኣብ ትምህርቲ)

ኣብ ክፍለሃገር ዋሽንግተን፡ ዘባታት ቤት-ትምህርቲ ብሕጊ ይጥለባ ንከመልክታ ናይ “Truancy Petition (ጥርዓን ብኩራት)” ኣብ ቤት-ፍርዲ ካብታ ሻብዐይቲ ብዘይ ምኽንያት ብኩራት ዝተኻየደላ ወርሒ ወይ ካብታ ዓስረይቲ ብዘይ ምኽንያት ብኩራት ዝተኻየደላ ኣብታ ዓመት (RCW 28A.225.030)። ጥርዓን ብኩራት ሲቪላዊ ጥርዓን ኮይኑ ዕላምኡ ድማ ንተመሃሮ ዳግም-ምጽማድ ናብ ትምህርቶም ኢዩ። እቲ ሕጊ ብተወሳኺ ይጠልብ እቲ ዘባ ቤት-ትምህርቲ ጣልቃ ክኣቱ ንክፍትን መታን ክሕግዝ ኣብ ምውጋድ ወይ ምጉዳል ዘይምኽንያታውያን ብኩራት።

ኣብ ኪንግ ካውንቲ፡ ዕላማ መስርሕ ብኩራት ከምኡ`ውን ዳግመ-ምጽማድ ኣብ ትምህርቲ ምስ ዘባታት ቤት-ትምህርቲ ምስራሕ ከምኡ`ውን ስድራ-ቤታት ከወግድዎም ነቶም ልሙዳት ዕንቅፋታት ካብ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምስታፍ ዝዕንቅጹ ኮይኑ፡ ምስኡ ድማ ምርግጋጽ እቲ መንእሰይ ዘድልዮ ነገር ከምዘለዎ ኣብ ትምህርቲ ዕዉት ንክኸውን። እቲ ቤት-ፍርዲ ክውስን ኢዩ እቲ መንእሰይ ምምጻእ የድልዮ እንተኾይኑ ናብቲ ቤት-ፍርዲ ከም ውጽኢት ናይቲ ጥርዓን ብኩራት። ቅድሚ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ ምግባር፡ እቲ መንእሰይን ስድራ-ቤትን ይዕደሙ ናብ ቡዙሓት ደገፋት ማሕበረሰብ ዝጥቀሙ እቲ ኩለንታዊ፡ ዝለዓለ ሕጊ ከምኡ`ውን ዳግመ ህንጻዊ ኣተሓሕዛ ኣብ ዳግመ-ምጽማድ። እታ ጋንታ ዳግመ-ምጽማድ ኣብ ትምህርቲ ትጽዕር ኣወንታውያን ውጽኢታት ክትረክብ ንነኣሽቱ ሰባት ካብ ወግዓውያን መስርሓት ብኩራት ቤት-ፍርዲ ብምድሓን ብመገዲ ዝዛይዱ ሽርክነታት ማሕበረሰብ፡ መጽናዕታት ዳግመ- ምጽማድ ትምህርቲ፡ ናይ ቅድመ መስርሕ ገበናዊ ፍርዲ ኣኼባታት፡ ዓላማይ ብምምዛዝ፡ ተጣበቕቲ መንእሰያት፡ ውከሳታት ማሕበረሰብ ከምኡ`ውን ካልኦት ኣማራጺታት ፕሮግራማት ትምህርቲ። ብተወሳኺ፡ ናይ ብኩራት ጉዳያት ብቦርድ ማሕበረሰብ ብኩራት ክትሓዝ ይኽእል ኢዩ ኣብ ናይ ዘባ ደረጃ።

**ኣወሃሃዲ ቤት-ፍርዲ ኪንግ ካውንቲ ቤካ፡** (206) 477-2746

**ፕሮግራም ብኩራት ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኪንግ ካውንቲ፡** (206) 477-2746

ዝያዳ ንክትፈልጥ ንናይ ቤት-ትምህርትኻ ዘባ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ ከምኡ`ውን መርከቢ ሓበሬታ ናይ ዘባኻ ብኩራት ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ ኣብዚ፡

https://www.k12.wa.us/student-success/support-programs/attendance-chronic-absenteeism-and-truancy/district-truancy-liaison

**መርከቢ ሓበሬታ ተወከልቲ ዞባ፡** https://www.k12.wa.us/student-success/support-programs/attendance-chronic-absenteeism-and-truancy/district-truancy-liaison

**ምክትል ኣኽባር ሕጊ፡** ናይ መሬት መስመር (206) 477-4336 | ተንቀሳቓሲ (206) 965-5614

**ተናዲዶ ኣማራጺታት ዕድላት ትምህርቲ፣** ዳግመ-ምርካብ ዕድላት፡ https://reopp.org/

## [ገምጋሚት ጉጅለ ፍትሒ ኮተቴ (JJAT)](#) (206) 263-1522

Juvenile Justice Assessment Team (JJAT) (ገምጋሚት ጉጅለ ፍትሒ ኮተቴ) ትህብ ሓገዛት ናይ ጥዕና ኣእምሮ፡ ምጥቃም ዕጸ-ፋርስ ከምኡውን ስነ-ኣእሞሮኣዊ ገምጋማትን ምኽርታትን ንኣብ ቤት- ፍርዲ ዝሳተፍ ዘሎ መንእሰይ፡ ንዑኡ ዘማዕብልን ዝመርሕን ቴራፒያዊ ውጥን ሕክምና ድማ ይሰርዕ። JJAT ሓቢርካ ምስራሕ ኣብ መንጎ መሻርኽቲ ጥዕና ጠባይ ሕብረተሰብ (Ryther ከምኡ'ውን Seneca Family of Agencies) ከምኡ'ውን ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ኪንግ ካውንቲ ኢዩ። ሪተር ከምኡ'ውን ሰነካ ብውዕል ክሊኒካዊ ገምጋማት መንእሰይ ዝገብሩ ሰራሕተኛታት የዳልዉ።

JJAT ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ሞያውያን ጥዕና ጠባይ ዘጠቓልሉ ከም ክሊኒካዊ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ፡ ክሊኒካዊ በዓል ሞያ ጥዕና ኣእምሮ ከምኡ'ውን ሞያውያን ዝንቡዕ ኣጠቓቅማ ሳብስታንስን፡ ኮይኖም ዘቕርቡ ገምጋም፡ ምኽሪ፡ ማዕዳ ከምኡውን ምሕጽንታን ንቴራፒያዊ ጣልቃታት። ብተወሳኺ፡ JJAT ተቖጻጻሪ፡ ኣዋሃሃዲ ፕሮግራም ከምኡ'ውን መሻርኽቲ ስድራ-ቤት ኣለዋ። ገምገምቲ JJAT ኣብ ቤት- ጽሕፈት፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ወይ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ክንድ'ቲ ዘድሊ ግዜ ነቲ መንእሰይ ይረኽብዎ መታን እቲ ምሉእ ስእሊ ናይቲ መንእሰይ ድሌታቱት ክፈልጡ።

## ማእከል ጸጋታት ቆልዓን ስድራ-ቤትን ናይ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ

ትርጉም ዘለዎ ማሕበረሰብ ዘማእከለ ርክባት ኣብ ዓወት መንእሰያት ኣዝዩ ኣገዳሲ ተራ ይጻወት። ማእከል ጸጋታት ቦብ ጀይ ብሪጅ መንእሰያትን ስድራ-ቤታትን ንድሌታቶምን ሸቶታቶምን ንምብጻሕ ዝድግፉ ሓበሬታ፡ ፕሮግራማት ከምኡ'ውን ዕድላት ንኽረኽቡ መገዲ ይኸፍት። እቲ ማእከል ጸጋታት ምስ ንረብሓ ዘይሰርሓ ውድባትን ኣካላት ማሕበረሰብን ብምትሕብባር ዝተወሃሃደ ሓገዛት ንመንእሰያትን ስድራ-ቤቶምን ኣብ ሓደ ዝተማእከለ ቦታ ኣብ ማእከል ፍትሒ ቆልዑን ስድራ-ቤትን የዳሉ። ሰዓታት ስራሕ እዚ ማእከል ጸጋታት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 8:30ቅ.ቀ ክሳብ 4:30ድ.ቀ ኢዮም። ኣብዞም ሰዓታት ዝኾነ ሰብ ኣገልግሎት ክረክብ ይኽእል። ንኽትረኽቡና ደውሉ (206) 263-8634።

እዚ ማእከል ጸጋታት ዘለዎ **Clothing Shop (ናይ ክዳውንቲ ዱኳን)** ክርኦ ዝኽእል ናይ ቡቲክ ምስሊ ዘለዎ ዱኳን ኮይኑ መንእሰያት ብነጻ ዝዕድጉሉ፡ ብጽቡቕ ዝተዳለወ ሓደስትን ብዙሕ ዘይተኸድኑ ክዳውንቲ ኣብ ዝቕጽል ናይ ስራሕ ቃለ-መሕትት፡ ናይ ቤት-ፍርዲ ቆጸራ፡ ብልጫ ናይ ምውሳድ ጽንብል፡ መመረቕታ ወይ ካልኦት ፍሉያት ኣጋጣሚታት ክኽደንዎም ዝኽእሉ። ጠውቑ [ኣብዚ](#) ዝያዳ ብዛዕባ ናይ ክዳውንቲ ዱኳን ንክተፍጡ።

## ትምህርቲ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ከምኡ`ውን ስልጠና ስራሕ (206) 477-3020

Education and Employment Training (EET) (ትምህርቲ ከምኡ`ውን ስልጠና ስራሕ) ኣብ ቤት-ፍርዲ ንዝሳተፍ ዘሎ ብቑዕ መንእሰይ ይህብ ደገፍ ንዓወት ኣብ ትምህርቲ፡ ስልጠና ንድልውልነት ስራሕ ከምኡ'ውን ዱጎማ ናይ ስራሕ ልምዲ። EET ካብ 15-19 ክሊ ዕድመ ንዘለው ኣብ ቤት-ፍርዲ ዝሳተፉ ንዘለዉ መንእሰያት፡ ኣብ ትምህርትን ስራሕን ንኽዕወቱ ይሕግዝ። ክኢላታት ትምህርትን ስራሕን ኣብ መላእ ኪንግ ካውንቲ ምስ መንእሰያት ይሰርሑ። EET ካብ ካልእ ንዝተላእኩ መንእሰያት ይቕበል ከምኡ`ውን ዓመት ምሉእ ምስኦም ይሰርሕ።

ናብ EET ክትምዝገቡ ወይ ናብኡ ክትልኣኹ ምስትደልዩ፡ ብኽብረትኩም ንናይቲ መንእሰይ ኣማኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት ርኸብዎ መታን ክግምግም ብቕዓት ከምኡ`ውን ከሰጋግሮ።

# ኣማራጺታት ንጽኑዕ ማእሰርቲ

## ኤለክትሮኒካዊ ክትትል ኣብ ገዛ (206) 477-9915 ወይ (206) 477-9891

እንድሕር እቲ ቤት-ፍርዲ ቆልዓኻ ናብ ቤት-ፍርዲ ኣይክምለስን ኢዩ ዝብል ስክፍታ ምስዝህልዎ ከምኡ`ውን እቲ ዘድልዮ ሓገዝ ካብ ማእሰርቲ ወጻኢ ክረክብ ይኽእል እዩ ኢሉ ምስዝሓሰብ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ንቆልዓኻ ኣብ ትሕቲ ኤሌክትሮኒካዊ ክትትል ኣብ ገዛ (EHM) ከእትዎ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ዓካሪቶ እትእሰር EHM ክውሃብ ኢዩ፡ መታን **DAJD** ህላውነቱ ክቆጻጽርዎ ክኽእሉ። እዚ ምርጫ ንቆልዓኻ ካብ ኣብ ጽኑዕ ማእሰርቲ ኣብ ገዛ ወይ ኣብቲ ማሕበረሰብ ንክጸንሕ የፍቅደሉ።

ቆልዓኻ ተኻፋሊ ፕሮግራም EHM እንተኾይኑ፡ ንስኻ ንሰራሕተኛታት DAJD ምርካብ ክድልየካ እዩ። እቶም ሰራሕተኛታት የጠቓልሉ ከም ክኢላታት ኣቀማምጣ፡ እታ EM ኣብ ቆልዓኻ ኣብ ምግጣም ዝሕግዙ፡ ቀጺሉ ድማ በዓል መዚ ተቖጻጻሪ ማሕበረሰብ በታ መሳርሒት ተጠቂሙ መንእሰያት ነቲ ብቤት-ፍርዲ ዝተዋህበ ሕጊ ከምዘኽብርዎን ዘለዉ ይቆጻጽጸር ከምኡ`ውን ኣብቲ ማሕበረሰብ ብምጽናሕ ድማ ከምዝዕወቱ ዘረጋግጽ። EHM ዘለዎም መንእሰያት ኣቐዲሞም ብዘቕረብዎ ዝተፈቕደሎም ቦታታት ከም ቤት-ትምህርቲ፡ ሕክምና ወይ ናይ ምኽሪ ቆጸራታት፡ ናይ ቤት-ፍርዲ ቆጸራ ወይ ናይ ጠበቓ ቆጸራ ጥራይ ክኸዱ ይኽእሉ። ናይ ቆልዓኻ ኣሰራርዓ መደባት ምስ ሰራሕተኛታት DAJD ክዝተየሉን ፍቓድ ክረክብን ኣለዎ።

### ጉጅለኣዊ ክንክን

Group Care (ጉጅለኣዊ ክንክን) ናይ 24 ሰዓታት መንበሪ ቦታ ኮይኑ ቆልዓኻ ንግዚኡ ኣብኡ ክነብር ይኽእል። እዚ ፕሮግራም ማሕበረሰብ መሰረት ብዝገበረ ውድብ ይካየድ ከም YouthCare። ጉጅለኣዊ ክንክን ካብ ሞንጎ 13-17 ክሊ ዕድመ ንዘለዉ መንእሰያት ዝወሃብ ኮይኑ፡ ቆልዓኻ ኣብዚ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ግድን ኣብ ኩሉም ዝካየዱ ፕሮግራማት ክሳተፍ ክሰማማዕ ኣለዎ። ቆልዓኻ ኣብዚ ናይ ጉጅለኣዊ ክንክን እንከሎ ኤሌክትሮኒካዊ ክትትል ኣብ ገዛ ክግበረሉ ይኽእል ኢዩ። ናይ ቆልዓኻ ተኽሲስሉ ዘሎ ደረጃ ገበን ከም`ኡ`ውን ናይ ዝሓለፈ እዋን ጠባዩ ኣብዚ ጉጅለኣዊ ክንክንን ኣብ ዝነበረሉ፡ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል ኢዩ ናብዚ ፕሮግራም ንክምደብ።

# ምዕጋት መዛግብቲ

ኣብ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ኩሎም ናይ ኮተቴታት ናይ ቤት-ፍርዲ ጉዳያት ህዝባውያን መዝገብ ኢዮም። እዚ ማለት ኣብ ልዕሊ ቆልዓኻ ዝተመስረተ ክሲ ንህዝቢ ክፉት ኢዩ። ሓደ ቆልዓ ኣብ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ገበነኛ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ "Adjudication (ብይን)" ተባሂሉ ይጽዋዕ፡ እዚ ድማ ገበናዊ ፍርዲ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ብይን ንቆልዓኻ ስራሕ ኣብ ምርካብ ኣሸጋሪ ክኾኖ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ናይ ቆልዓኻ ገበናዊ ታሪኽ ብምምርኳስ ቆልዓኻ ነቲ ገበናዊ መዝገብ "ክዓግቶ" ይኽእል ኢዩ። እዚ ማለት ናይ መጻኢ ኣስራሕቲ ቆልዓኻ ከምኡ`ውን ካልኦትን ነቲ ገበናዊ መዝገብ ክርእይዎ ኣይክእሉን ኢዮም። መዝገቡ ንምዕጋት ቆልዓኻ ናብ ቤት-ፍርዲ ሕቶ ከቕርብ ኣለዎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ምዕጻው መዝገብ ተራኸቡ ምስ ክፍሊ ምክልኻል ኪንግ ካውንቲ ኣብ (206) 296-7662።

ምስ ጠበቓኹም ከምኡ`ውን ናትኩም JPC ክትዘራረቡ ንምሕጻነኩም ብዛዕባ ውልቃዊ ኩነታትኩም ከምኡ`ውን ብኸመይ ሓገዝ ትረኽቡ ኣብ ምዕጋት መዝገብ።

# ብብዝሒ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ቃላት

**Adjudication (ብይን)** ውሳኔ ቤት-ፍርዲ ብዳኛ፡ ሓደ መንእሰይ በቲ ዝቐረበሉ ክሲ ገበነኛ ኮይኑ ክርከብ ከሎ።

**Advocate (ጠበቓ)** ሞያዊ ተራ ናይ ሓደ ሰብ ኮይኑ፡ የረጋግጽ ድማ ካልኦት ድምጾም ከምዝስማዕ፡ መሰሎም ከምዝሕለወሎምን ከምዝኽልከለሎምን ከምኡ`ውን ኣብ ግዜ ንህይወቶም ዝጸሉ ውሳኔ ናቶም ኣረኣእያን ድሌታቶምን ኣብ ግምት ንክኣትዉ ዝሕግዝ ክኢላዊ ተራ ዝጻወት ኢዩ።

**Anger Replacement Training (ስልጠና ምትካእ ሕርቃን)** እዚ ፕሮግራም መንእሰያት ስምዒታቶም ንኽቆጻጸሩን ናይ ዝርርብ ክእለቶም ንምምዕባልን ዝምህር ኢዩ። እዚ ኣብ ቤት-ፍርዲ ብJPCs ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበረሰብ ብገለ ውድባት ኣገልግሎት ጥዕና ዝወሃብ ትምህርቲ ኢዩ።

**Arrested (ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታው)** ሓደ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ፖሊስ ክኣቱ ከሎ።

**Arraignment (ናብ ቤት-ፍርዲ ምቕራብ)** እዚ ናይ መጀመርታ ቆጸራ ቤት-ፍርዲ ኮይኑ እቲ ቆልዓ ድማ ኣንጻሩ ዝቐረበ ክሱ ይንበበሉ ከምኡ`ውን መሰላቱ (ተኸሳሲ ገበነኛ ሙኳኑ ዝኣምነሉ ወይ ዝነጽገሉ ኢዩ)።

**Assessment (ገምጋም)** እዚ ገምጋም ድሌታት ናይቲ መንእሰይ ከምኡ'ውን/ወይ ናይ ስድራ-ቤት ኣብቲ ዘሎ ጸገታት ብምምርኳስ ቃለ-መሕትት ብምክያድ ብሞያዊ ዝምላእ ኢዩ።

**At Risk Youth Petition (ኣብ ስግኣት ዝርከቡ መንእሰያት)** እዚ ጥርዓን ብወለዲ/ሞጉዚ ናብ ቤት-ፍርዲ ዝቐርብ ሕቶ ንቆልዖኦም ኣብ ትሕቲ ቁጽጻር ንኽእትውዎ፡ ክንክን ክገርብርሉክ ኣምኡ`ውን ኣብቲ ስድራ-ቤት ተፈጢሩ ንዘሎ ግጭት ንምፍታሕ ክሕግዙን ዝጽውዕ ኢዩ።

**Attorney (ጠበቓ)** ብሕጊ ዝሰልጠነ ሞያዊ ኮይኑ ኣብ ቤት-ፍርዲ ንሰባት ክውክል ፍቓድ ወረቐት ስራሕ ዘለዎ ኢዩ።

**Case Manager (ኣካያዲ ጉዳይ)** ገምጋማት የካይድ፡ ንዓማዊል ይሕግዝ ኣብ ምገምጋም፡ ምምዳብ፡ ምጥባቕ ከምኡ'ውን ኣብ ምውህሃድ ኣገልግሎትን።

**Charge (ክሲ)** እቲ ቆልዓ ጥሒስዎ ተባሂሉ ብወግዒ ተኸሲስሉ ዘሎ ሕጊ።

**Children and Family Justice Center (ማእከል ፍትሒ ቆልዑን ስድራ-ቤትን)** ህንጻ ዝርከብ ኣብ 1211 E. Alder Street፡ ኣብኡ ድማ ኣገልግሎታት ቤት-ፍርዲ ስድራ-ቤት፡ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት፡ PAO፡ ፕሮግራማትን ማሕበረሰብን ኣጋጣሚታትን፡ ማእከል FIRS ከምኡ'ውን ናይ ኮቴተታት ቤት-ማእሰርቲ ዘለዉዎ።

**Child in Need of Services (ኣገልግሎታት ሓገዝ ዘድልዮ ቆልዓ)** ሲቪላዊ መስርሕ ጥርዓን ዝምሰርት ብወለዲ፡ መንእሰይ ወይ DCYF ወኪል፡ ንቤት-ፍርዲ ዝሓትት እቲ መንእሰይ ካብቲ ዘለዎ ቦታ ብሰንኪ ዘሎ ከቢድ ግጭት ናብ ካልእ መንበሪ ንክቕይር።

**Child Protective Services (ኣገልግሎታት ምክልኻል ቆልዑ)** ክፍለሃገር ዋሽንግተን ጨንፈር ክፍሊ ኣገልግሎታት ቆልዑን ስድራ-ቤትን፡ እዚ ኣብ ሓደጋ ንዝርከቡ ቆልዑ ወይ ሸለልትነት ዝገጠሞም፡ ኣካላዊ፡ ጾታዊን ስምዒታዊ ዓመጻት ንዝወረዶም ዑቕባ ይህብ። እቲ ኣተኩሮ ኣብ ድሕነት እቲ ቆልዓ ከምኡ'ውን ንምሕያል ደገፍ ስድራ-ቤት ንወለዲ ከምኡ'ውን ድሕነት ዘለዎ መዕበይ-ቤት ንቆልዑ ንምፍጣር ኢዩ።

**Civil (ሲቪል)** ሓደ ኣባል ስድራ-ቤት ንካልእ ኣባል ሕጋዊ ግብኡ ምስ ዘይፍጽመሉ ናብ ቤት-ፍርዲ ዝቐርብ ክሲ (ኣብ ሞንጎ ሞጉዚን ቆልዑን ወይ መንእሰይ)።

**Community Accountability Boards (ቦርድ ተሓታትነት ማሕበረሰብ)** እዞም ጉጅለ ወለንተኛታት ማሕበረሰብ ምስ መንእሰያት ብምርኻብ፡ ውጥናት ምስ ስድራ-ቤቶም ከምኡ'ውን ወሃብቲ ማሕበረሰብ ብምስራዕ፡ መንእሰያት ትሑት ናይ ዘይሕጋዊ ገበናት ምፍጻም ደረጃ ይሕልው።

**Community Empowerment Disposition Alternative Resolution (ኣማራጺ ፍታሕ ባህሪ ማሕበረሰብ ንምሕያል)** እዚ ፕሮግራም መንእሰያት ምስ ጸጋታት ማሕበረሰብ ዝጠምርን ከምኡ'ውን ድሕሪ'ቲ ንመጀመርያ ግዜ ዝቐረበሎም ክሲ ገበን ደገፍ ይህብ። ብምስታፍ እቶም መንእሰያት ማእሰርቲ የወግዱ።

**Conditions of Probation (ኩነታት ኣመክሮ)** ኣብቲ ዳኛ ቅኑዕ ኢሉ ዝኣመነሉ ብምምርኳስ፡ ካብ መንእሰይ ናብ መንእሰይ ይፈላለ። ሓባራዊ ኩነታት ናይ ኣመክሮ ትምህርቲ ምምሃር፡ ናይ ገዛ ሕግታት ምኽባር ከምኡ'ውን ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ ዘይምጥቃም ዘጠቓልል ኢዩ። ገለ እዋን እቲ ዳኛ ናይ ምኽሪ ወይ ክንክን ናይ ድራግ፡ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ ወይ ካሕሳ ክእዝዝ ይኽእል።

**Continuance (ቅጸላ)** ናይ ቤት-ፍርዲ ቆጸራ ምስግጋር።

**Counsel (ኣመኽሪ)** ካልእ መጸውዒ ንጠበቓ።

**Court (ቤት-ፍርዲ)** ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኪንግ ካውንቲ ብንጹር ድማ መጋባእያ ኮተቴታት። ብተወሳኺ፡ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ተባሂሉ ዝጽዋዕ።

**Court Order (ትእዛዝ ቤት-ፍርዲ)** ወግዓዊ ሕጋዊ ትእዛዝ ብውክልና ዳኛ።

**De-Identification (ምሕባእ መንነት)** ብሕትና ንምዕቃብ ምስ ሓበሬታ ዝተተሓሓዘ ናይ ሰብ መንነት ምሕባእ መስርሕ ኢዩ።

**Department of Children, Youth, and Family Services (ክፍሊ ኣገልግሎት ቆልዑ፡ መንእሰያት ከምኡ'ውን ስድራ-ቤት)** ንድሕነት ቆልዑን መንእሰያትን ክፍለሃገር ዋሽንግተን ሓላፍነት ዘለዎ ትካል ክፍለሃገር ኮይኑ፡ ኣገልግሎት ደገፍ ስድራ-ቤት ከምኡ'ውን ድሕነትን ክንክንን ቆልዑ ዘረጋግጽ መደብ ዘዳሉ ኢዩ።

**Dependency (ጽግዕትነት)** ኣብ ሞጒዚነት ቆልዓ ዘቶኩር መስርሕ ኢዩ።

**Detained (ምእሳር)** ኣብ ጽኑዕ ማእሰርቲ ምሓዝ።

**Disposition (ፈጽሚ)** ናይ ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት ውሳኔ መቕጻዒት (ዳኛ ነቲ ፈጽሚ ኣብ ግዜ ቆጸራ ይውስኖ)።

**Diversion (ግልሰት)** ናይ ኮተቴታት ጉዳይ ካብ ልምዳዊ መስርሕ ቤት-ፍርዲ ወጻኢ ጌርካ ንክትርኢ ዕድል ምርካብ ከምኡ`ውን ጽኑዕ ማእሰርቲ።

**Due Process (ግቡእ ኣገባብ መስርሕ ፍርዲ)** ቤት-ፍርዲ ቅኑዕን ፍትሓውን ኣገባብ ክኽተል ኣለዎ፡ ንኣብነት ንቆልዑ ሓበሬታ ቆጸራ ክወሃቦም ኣለዎ ከምኡ`ውን መሰሎም ብምሕላው ናቶም መጎት ንከቕርቡን ክስምዑን ዕድል ክህቦም ኣለዎ።

**Evidence-Based Program (ብመሰረት መርትዖ ዝመሰረቱ ፕሮግራም)** ብጥንቃቐ ዝተጸንዑ ፕሮግራማት ክንክን ውጽኢታውያን ምዃኖም ዘምስክሩ መጽናዕታት። ንሳቶም ዘጠቓልልዎም ART፡ FFT፡ MST፡ ከምኡ`ውን FIT።

**Family Court Services (ኣገልግሎታት ቤት-ፍርዲ ስድራ-ቤት)** እዚ እቲ ቤት-ጽሕፈት ቤት-ፍርዲ ዘሳልጥ ርዕመት፡ ውጥናት ኣተዓባብያ ቆልዑ፡ ዘቤታዊ ግጭት ከምኡ`ውን ፕሮግራማት ቤካ፡ ARY፡ CHINS ከምኡ'ውን Truancy።

**Felony (ገበን)** ናብ ናይ ነዊሕ እዋን ማእሰርቲ ወይ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት መቕጻዕቲ ከኸትል ዝኽእል ከቢድ ምጥሓስ ሕጊ ወይ ተግባር። ተመልከት JR (ፍኹስ ዝበሉ ገበናት ንእሽቶ ገበናት ተባሂሎም ይጽውዑ)።

**File charges (ክሲ ገበን)** ብኣኽባር ሕጊ ዝምስረት ወግዓዊ ክሲ ብመስርሕ ፍርዲ ንሓደ ገበን ዝፈጸመ መንእሰይ ንምቕጻዕ። መስርሕ ፍርዲ ክካየድ ኢዩ ከምኡ`ውን ኣንጻር ቆልዓኻ ድማ መርትዖታት ክቐርብ ኢዩ።

**First Appearance Hearing (ቀዳማይ ምቕራብ ናብ ቶጸራ ቤት-ፍርዲ)** እዚ ቶጸራ እቲ መንእሰይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ድሕሪ ምእታዉ ዝካየድ ኮይኑ፡ እቲ ዳኛ በቶም ዝቐርቡሉ መርትዖታት ይውስን እቲ ቤት-ፍርዲ ስልጣን ዘለዎን ዘይብሉን ነቲ መንእሰይ መስርሕ ፍርዲ ከካይደሉ።

**Functional Family Therapy (FFT) (ተግባራዊ ናይ ስድራ-ቤት ቴራፒ)** እዚ ኣብ ልዑል ሓደጋ ንዝርከቡ ካብ 11-18 ክሊ ዕድመ ንዘለው ቆልዑ ኣብ ቤት ዝሰረቱ ናይ ሓጺር እዋን ናይ ምክልኻል ከምኡ'ውን ጣልቃ ናይ ምእታውን ፕሮግራም ኢዩ።

**Guardian (ሞጕዚ)** ሓደ እኹል ሰብ ብዛዕባ ቆልዓ ክውስንን ክንክን ክገብረሉን ዘኽእል ሕጋዊ መሰል ዘለዎ። ሞጕዚ ወላዲ ክኸውን ይኽእል፡ ኣባል ስድራ-ቤት፡ ዝምድና ዘይብሉ እኹል ሰብ ወይ ክፍለሃገር ክኸውን ይኽእል።

**Grievance (ጥርዓን)** ወግዓዊ መመልከቲ ጥርዓን ኣብ ልዕሊ ግጉይን ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ።

**Hearing (ቶጸራ ቤት-ፍርዲ)** ናይ ቤት-ፍርዲ ርክብ ኣብ መጸበዪ ክፍሊ ቤት-ፍርዲ ምስ ጠበቓ ወይ ኣብ መጋባእያ ቤት-ፍርዲ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ክኸውን ይኽእል።

**Jurisdiction (ሕጋዊ ስልጣን)** ዓቕሚ ናይ ቤት-ፍርዲ ናይ ቆልዓ ጉዳይ ክሰምዕን ክውስንን።

**Juvenile (ኮተቴ/ኮተቴታት)** ዝኾነ ውልቀ ሰብ ኣብ ትሕቲ ዕድመ 18 ዓመት ዘለው።

**Juvenile Justice Assessment Team (ገምጋሚት ጉጅለ ፍትሒ ኮተቴታት)** ኣብ ቤት-ፍርዲ ጉዳይ ንዘለዎ መንእሰይ ኣትግምግም ቤት-ፍርዲ ዝሰረታ ገምጋሚት ጉጅለ።

**Juvenile Detention Officer (በዓል መዚ ቤት-ማእሰርቲ ኮተቴታት)** ኣብ ጽኑዕ ቤት-ማእሰርቲ ዝሰርሑ ውልቀሰባት ኮይኖም፡ ምፍጣር ድሕነቱ ዝሓለወ ሃዋሁ ከምኡ`ውን ምዕቃቡ ንኮተቴታት ከምኡ ድማ ድሕነቶምን ድሌታት ፕሮግራማቶን ከምዝተማልአ ንከረጋግጹ ሓላፍነት ዝወስዱ ኢዮም።

**Juvenile Probation Counselor (ኣማኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት)** ናይ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ሞያዊ ኮይኑ፡ እቶም ገበኖም ዝኣምኑ ወይ ገበነኛታት ኮይኖም ዝርከቡ ብቤት-ፍርዲ መንእሰያት ከኣ ይምደብሉ። ንሶም ምስቶም መንእሰያት ከምኡ'ውን ኣባላት ስድራ-ቤት ብምኺን ናይ ጉዳይ ውጥን ብምምዕባል፡ ብዛዕባ ቆልዓኻ ንዳኛ ሓበሬታ የቐርቡ። እቲ ቀንዲ ዕላማ ኣማኻሪ ኣምክሮ፡ ንቆልዓኻ ከምኡ'ውን ንስድራ-ቤትካ ኣብቲ እዋን መስርሕ ጸጋታት ምቕራብ ከምኡ`ውን ውሑስን ጥዑይን መጻኢ ንምውሓስ ኢዩ።

**Juvenile Rehabilitation (JR) (ተሃድሶ ኮተቴታት)** ማለት ኣብ ውሽጢ DCYF ዝርከብ ኮይኑ ከምኡ ድማ ኣብ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ኣብ ዝለዓለ ስግኣት ዝርከቡ መንእሰያት የገልግል። መንእሰያት ብዝኾነ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ካውንቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ JR ክኣትው ይኽእሉ። ኣብያተ-ፍርዲ ኮተቴታት ኣየናይ መንእሰይ ኣበየናይ ተሃድሶ ክኣቱ ከምዘለዎ ዝኽተልኦ ሓፈሻዎ መምርሒ ትእዛዝ መፍረዲ ኣለወን። እቶም መንእሰያት ብመሰረቱ ብዙሕ ትሑት ደረጃ በደል ዝፈጸሙ ወይ ከቢድ ገበን ዝፈጸሙ ይኾኑ።

**Law Enforcement (ኣተግበርቲ ሕጊ)** ሕጊ ኣብ ምትግባር ዝሰርሑ ሰብ መዚ ፖሊስ። ኣብ ኪንግ ካውንቲ እቲ ሸሪፍ ኣገልግሎት ምትግባር ሕጊ ንምሃብ ምስ ዘባውያን ከተማታት ከምኡ'ውን ምምሕዳራት ውዕል ይኣቱ።

**Mandated Reporter (ሓላፍነታዊ ወሃቢ ሓበሬታ)** ማለት ሓደ ሰብ ብስርሑ ምኽንያት ዝኾነ ጥርጣረ ዓመጽ ወይ ሸለልትነት ናይ ቆልዓ ናብ ኣገልግሎታት ምክልኻል ቆልዑ ሓበሬታ ክህብ ብሕጊ ዝግደድ ኢዩ። ጠበቓ ክሱስ ከምኡ'ውን ክኢላታት ምፍኺስ ግና ሓላፍነታውያን ወሃብቲ ሓበሬታ **ኣይኮኑን**።

**Mentor (መዓዲ)** ሓደ ሞያዊ ኣማኻሪ ንመንእሰይ ኣርኣያ ክኸውን ዝኽእል ከምኡ'ውን ንምሕያሎም ዝደገፍ።

**Misdemeanor (ንእሽቶ በደል)** ከም ገበን ብዙሕ ክብደት ዘይብሉ ጥሕሰት ሕጊ።

**Multi-Systemic Therapy (ብዙሕነት ኣገባብ ዘለዎ ቴራፒ)** ጽዑቕ፡ ንኣብ ክሊ ዕድመ 12-17 ዘለው ዕቱብ ዝንቡዕነት ጠባይ ዘለዎም ቆልዑ ኣብ መንበሪ-ቤት ስድራ-ቤት ዝወሃብ ቴራፒ።

**Offense (ገበን)** ብሓደ እኹል ሰብ ዝፍጸም ከም ገበን ዝቑጸር በደል።

**Parent (ወላዲ)** ኣብዚ ምንጪ፣ እታ "ሞጉዚ" ከምኡውን "ወላዲ" ዝብላ ቃላት ሓደ ዓይነት ትርጉም ኣለወን።

**Plea Bargain (ምሕጽንታዊ ድርድር)** ጠበቓ ናይ ቆልዓን ከሳስን ንዝተመዝገበ ገበናዊ ክሲ ንኽፈትሕዎ ስምምዕ ከካይዱ ከለው፡ ዝበዝሕ እዋን እቲ ቆልዓ ነቲ ዝተፈጸሞ ገበን ይኣምነሉ እሞ ኣብ ዝወሃቦ ናይ መቕጻዕቲ ንውሓት ወይ ጽንኩርነት ምጉዳል ክግበር ከሎ ኢዩ።

**Probable Cause (ምኽንያታዊ ጠንቂ)** እቲ ቆልዓ ተኸሲስሉ ንዘሎ ገበን ፈጺምሉ ክኸውን ዝኽእል ተባሂሉ ዝእመነሉ ምኽኒት።

**Probation (ኣምክሮ)** ኮተቴታት ብፍርዲ ዳኛ ኣብ ትሕቲ ውንዙፍ ፍርዲ ዝጸንሑ ንዘድልዮም ደረጃ ምቁጽጻር ንምውሳን ብኣማኻሪ ኣምክሮ መንእሰያት (JPC) ይግምገሙ ከምኡ'ውን ብቤት-ፍርዲ ንዝተዋህበ ሕጊ ይኽተሉ ምህላዎም ንምርግጋጽን ነቲ መንእሰይን ስድራ-ቤትን ኣድላይ ኣገልግሎት ይቕረበሎም ከምዘሎ የረጋግጽ።

**Prosecution (ምኽሳስ)** ኣገባብ ምምጻእ ገበን ዝፈጸመ ሰብ ኣብ ፍርዲ።

**Prosecutor (ከሳሲ)** ናይ ኪንግ ካውንቲ ከሳሲ ንሓደ ክሱስ ኮተቴ ብገበን ከሲሱ ከምኡ'ውን ብሕጋዊ ስጉምቲ ብይን ዘቕርበሉ ኢዩ።

**Public Defender (ተጣባቓ ህዝቢ)** ብቤት-ፍርዲ ናይ ኪንግ ካውንቲ ዝተመዘ ንሓደ ጠበቓ ክቖጽር ዓቕሚ ዘይብሉ ክሱስ ኮተቴ ዝውክል ጠበቓ።

**Recidivism (ልማደኛነት ገበን)** ተደጋጋሚ ገበናዊ ብይናት።

**Referral (መወከሲ)** እዚ ቃል ብኣተግባርቲ ሕጊ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ከሎ ንጸብጻብ ፖሊስ የመልክት። ከም ኣብ "መወከሲ ኣገልግሎታት" ብኣማኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት (JPC) ወይ ኣቕራቢ ኣገልግሎት ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ከሎ ግና ከም ሓገዝ ወይ ደገፍ ንምርካብ ይምሕጸን ምህላው ኢዩ።

**Respondent (ተኸሳሲ)** ብምጥሓስ ፈደራላዊ፡ ሃገራዊ ወይ ዞባዊ ሕጊ ኣብ ትሕቲ ብይን ናይ መንእሰይ ቤት-ፍርዲ ዝርከብ ኮተቴ።

**Restitution (ካሕሳ)** ንግዳይ ዝወሃብ ክፍሊት።

**Statute (ስርዓት/ ሕጊ)** ብሓጋጊ ኣካል ክፍለሃገር ዋሽንግተን ዝጸደቐ ወይ ዝተደንገገ ሕጊ።

**Subpoena (መጸዋዕታ)** ናይ ሰብ ስም ዝሓዘ፡ ኣብ ዝተጠቕሰ መዓልትን ግዜን ኣብ ዝተወሰነ ቤት-ፍርዲ ብምቕራብ ብዛዕባ እቲ ዝተጸውዓሉ ጉዳይ ምስክርነት ንክህብ ዝሓትት ሕጋዊ ሰነድ።

**Superior Court (ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ)** ኣምክሮ ኮተቴታት፡ ኣገልግሎታት ቤት-ፍርዲ፡ ቤት-ፍርዲ ስድራ-ቤት፡ ጸሓፍቲ ከምኡ`ውን ናይ ደገፍ ሰራሕተኛታት የጠቓልል።

**Testimony (ምስክርነት)** ምሒልካ ዝወሃብ ጸብጻብ ወይ ጽሑፋዊ መፍለጢ ብዛዕባ ዘጋጠመ ጭብጢ ወይ ጭብጥታት።

**Truant (ብኩራት)** ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ 5 ወይ ኣብ ዓመት 10 ምኽንያት ዘይብሎም ብኩራት ቆልዓ ወይ መንእሰይ ካብ ቤት-ትምህርቲ።

**Truancy Petition (ጥርዓን ብኩራት)** ጥርዓን ብኩራት ተመሃሮ ዳግማይ ትምህርቶም ከምዝቕጽሉ ንምግባር ብቤት-ትምህርቲ ዝቐርብ ስቪላዊ ጥርዓን ኢዩ።

**Undocumented (ዘይተሰነደ)** ሕጋዊ ኩነታት መነባብሮ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ብዘይ መርመራ ከምኡ'ውን ፍቓድ ብመንግስቲ ሕቡራት መንግስታትን ብሕጋዊ ቪዛ ናብዛ ሃገር ዝኣተው እንተኾነ ኣብዚ እዋን ቪዝኦም ዝወደቐን።

**Warrant (ትእዛዝ)** ብሕጋዊ ወይ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንፖሊስ ዝውሃብ ሰነድ ትእዛዝ፡ ንሓደ መንእሰይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ መእተዊ ወይ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ።

# ኣሕጽሮተ ቃላት

"acronym (ኣሕጽሮተ ቃል)" ማለት በቲ መጀመርታ ፊደል ናይ እኩብ ቃላት ዝቖመ ቃል። እዚኣቶም መብዛሕትኡ እዋን በቶም ኣብ ስርዓት ሕጊ ዝሰርሑ ሰባት ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ። ዝርዝር እንጥቀመሉም ልሙዳት ኣሕጽሮ ቃላት ይስዕብ።

**ART** Aggression Replacement Therapy (ቴራፒ ምትካእ ጎነጽ)

**ARY** At Risk Youth (ኣብ ስግኣት ዝርከቡ መንእሰያት) እዚ ፕሮግራም ብሲቪላዊ ጥርዓን ይብገስ። ተመልከት "ጥርዓን ኣብ ስግኣት ዝርከቡ መንእሰያት" ኣብ "ትርጉም"።

**CABs** Community Accountability Boards (ቦርድ ተሓታትነት ማሕበረሰብ)

**CEDAR** Community Empowered Disposition Alternative and Resolution (ኣማራጺ ፍታሕ ባህሪ ማሕበረሰብ ንምሕያል ከምኡ`ውን ፍታሕ)

**CFJC** Children and Family Justice Center (ማእከል ፍትሒ ቆልዑን ስድራ-ቤትን)

**CHINS** Child in Need of Services (ኣገልግሎታት ሓገዝ ዘድልዮ ቆልዓ) ጥርዓን። ተመልከት "ኣገልግሎታት ሓገዝ ዘድልዮ ቆልዓ" ኣብ "ትርጉም"

**CPS** Child Protective Services (ኣገልግሎታት ምክልኻል ቆልዑ) ብክፍለሃገር ዋሽንግተን ክፍሊ ቆልዑ፡ ኮተቴታት ከምኡ'ውን ስድራ-ቤታት ዝካየድ

**DAJD** ኪንግ ካውንቲ Department of Adult and Juvenile Detention (ክፍሊ ቤት-ማእሰርቲ ዓበይትን ኮተቴታትን)

**DCYF** ክፍለሃገር ዋሽንግተን Department of Children Youth and Families (ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያት ከምኡ'ውን ስድራ-ቤታት

**DPD** ኪንግ ካውንቲ Department of Public Defense (ክፍሊ ተጣባቒ ህዝቢ)

**DSHS** ክፍለሃገር ዋሽንግተን Department of Social and Health Services (ክፍሊ ኣገልግሎታት ማሕበረሰብን ጥዕናን)

**EBP** Evidence Based Program (መርትዖ ምርኲስ ዝገበረ ፕሮግራም)

**FFT** Functional Family Therapy (ተግባራዊ ናይ ስድራ-ቤት-ቴራፒ)

**FIRS** Family Intervention and Restorative Services (ኣገልግሎታት ጣልቃ ስድራ-ቤት ከምኡ`ውን ዳግም ምህናጽ)

**JPC** Juvenile Probation Counselor (ኣማኻሪ ኣምክሮ ኮተቴታት)

**JJAT** Juvenile Justice Assessment Team (ገምጋሚት ጉጅለ ፍትሒ ኮተቴታት)

**JR** Juvenile Rehabilitation (ተሃድሶ ኮተቴታት)

**MST** MultiSystemic Therapy (ብዙሕነት ኣገባብ ዘለዎ ቴራፒ)

**PAO** Prosecuting Attorney's Office (ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ)

# ኣገግሎታትን ጸጋታትን ማሕበረሰብ

ኣብ ታሕቲ ገለ ካብቶም ንመንእሰያትን ስድራ-ቤቶምን ኣገልግሎት ዘቕርቡ ፕሮግራማት ኣብ ኪንግ ካውንቲ ኣለው። ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ትረኽበሉ መገዲ ኣንተሃልዩ፡ ዝተመሓየሸ ማዕከን ዳታ ምንጭታት ንኽትውከሱ ጠውቑ [ኣብዚ](https://youthresources.kingcounty.gov/) ወይ ብጽሑ ናብ https://youthresources.kingcounty.gov/

**[4Culture](#)** (206) 296-7580
101 Prefontaine Pl S Seattle, WA 98104
ኣብ ቤት-ፍርዲ ጉዳይ ዝነበሮ መንእሰይ ድሕሪ ዝወሰዶ ናይ 16 ሰምንቲ ብኣሰልጣኒ ዝተዋህበ ናይ ክእለት ትምህርቲ ስነ ጥበባዊ ፍርያት ኣቕሪቡ። ኣተክሮኻ ኣብ ምጉዳል ዓሌታዊ ፍልልያት ኣብ ሕጋዊ ናይ ኮተቴታት መስርሕ ኢዩ።

**[Alive and Free (ህሉዉን ነጻን)](#)** (206) 749-7550
2100 24th Avenue South, Suite 250, Seattle, WA 98144
ኣብ ዘይሕጋውያን ጉጅለታት፡ ጎነጽ ከምኡ`ውን ኣብ ስርዓተ ሕጊ ኮተቴታት ዝሳተፉ ዝነበሩ መንእሰያት ካብ ጎነጽ ንምክልኻል ዝዕልም።

**[Asian Counseling and Referral Service (ኤስያን ኣገልግሎት መምከርን መወከስን)](#)** (206) 695-7600
3639 Martin Luther King Jr. Way S. Seattle, WA 98114
ኣገልግሎት ቋንቋ ኤስያን፡ ገምጋማት፡ ውልቃዊ፡ ጉጅለኣዊ ከምኡ'ውን ስድራ- ቤታዊ ቴራፒ፡ ኣካይዳ ጉዳይ፡ ምላሽ እዋን ቅልውላው፡ ሳይኪትርያዊ ኣገልግሎታትን ሕክምናን። ናይ ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ ናይ ኣጉባዝ ጉጅለ፡ ናይ ትሕቲ ዕድመ ግጭት ናይ ዕርክነት፡ ምውጋድ ምጥቃም ሳብስታንስ፡ ትምህርቲ፡ ኣካዳምያዊ ፋይናንሳዊ ሓገዝ፡ ስራሕ፡ ውልቃዊ ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ናይ ምዝንጋዕ ንጥፈታት።

**[Center for Human Services (ማእከል ሰብኣዊ ኣገልግሎታት)](#)** (206) 362-7282
2 ቦታታት ኣብ ሾርላይን
ምኽሪ፡ ትምህርቲ ኣተዓባብያ ቆልዑ ብቋንቋ ስጳኛ፡ ኣገልግሎት ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ሳብስታንስ ከምኡ'ውን ኣከዳድና፡ ኣገልግሎት ከምፒተር፡ ናይ መቐምቀሚ ቅብሊታት፡ ደገፍ ንወለዲ ህጻን። ወለዲ ኣብ ሾርላይን ኣገልግሎታት ክረኽቡ ከለው ክንክን ቆልዑ ኣሎ።

**[Centro Rendú](#)** (253) 499-4245
St. Vincent DePaul, Kent, Burien, and Renton
ኣገልግሎት ንላቲንክስ፡ ንማሕበረሰብ ተዘረብቲ ቋንቋ ስጳኛ። ክእለት ኣተዓባብያ ቆልዑ፡ መሰረታዊ መደብ ትምህርቲ፡ GED፡ ኮምፒተርን ፋይናንሳዊን ትምህርቲ፡ ኣመሓድራ ጉዳይ፡ መንእሰያትን ኣመሓድራ ጉዳይን፡ ጉጅለ ጭፍራ፡ ጎነጽ፡ ድራግ ምኽልካልን ኣገልግሎት ጣልቃ ምእታው ምስ ትምህርትን መሻርኽቲ ትካላትን። ኣገልግሎታት ስደት።

**[Changes Parent Support Network (ለውጥታት ኣብ መርበብ ደገፍ ወለዲ)](#)** (888) 468-2620
Discovery House, 4401 2nd Ave NE, Seattle
ቅርጺ ዝሓዘ፡ ደቆም ኣብ ተቓራንን ነፍሰ-ኣዕናዊ ጠባያት ብምውፋሮም ንወለዲ ደገፍ ዝህብ ብመዛኑ ዝምራሕ ፕሮግራም። Changes ተስፋ፡ ሓገዝ፡ ደገፍ ከምኡ'ውን ዕረፍቲ ካብ ዓቕሊ ምጽባብን ብሕትውናን ይህብ። ናይ ስያትል እኬባዊ ርክባት ነፍሲ-ወከፍ ረቡዕ ኣብ ሰዓት 7:00-9:30 ድ.ቀ ኢዩ። ኣብ ቀዳመይቲ ረቡዕ ናይ ወርሒ ሰዓት 6:00 ድ.ቀ ድማ ምግቢ ኣዳሊኻ ብምምጻ ይካየድ።

**[Children's Crisis Outreach Response System (CCORS) (ንቅልውላው ቆልዑ ሓጋዚ ምላሽ ዝህብ ስርዓት)](#)** 206-461-3222
ናይ ቅልውላው ኣገልግሎታት ነቶም ኣብ ስድራ-ቤቶም ግጭት ዘለዎም፡ ስሚዒታውን ጠባያውን ጸገማት ንዝገጠሞም መንእሰያት ከምኡ'ውን ካብቲ ክነብሩሉ ዝተዳለወ ቦታ ኣብ ናይ ምውጻእ ሓደጋ ንዝርከቡ መንእሰያት ኢዩ።

**[Choose 180](#)** (206) 457-8940
1416 SW 151st ST Burien 98166
ናይ ምዕላም፡ ጥብቅና፡ ናይ ስራሕ ዕድላት፡ ናይ ክረምቲ ናይ ስራሕ ተመክሮ ከምኡ'ውን ኣካዳምያዊ ደግፍን ይህብ።

**Commercially and Sexually Exploited Children (ብንግዳውን ጾታውን ዓመጽ ዝተመዝመዙ ቆልዑ)** (206) 205-9534 ቤት-ጽሕፈት ወይ (206) 601-5563 ተንቀሳቓሲ
ንግዳዊ ጾታዊ ዓመጽ ዝገጠሞምን ተመሳሳሊ ሓደጋ ዘንጸላልዎም ዘሎ ቆልዑን መንእሰያትን ከምኡ'ውን ነቶም ክንክን ዘቕርብሎም ውልቀ-ሰባትን ስድራ-ቤትን ኣገልግሎት ይህብ።

**Community Passageways (መሕለፊ መገዲ ማሕበረሰብ)**
7728 Rainier Ave S, Seattle, WA 98118
ናይ ምዕላም፡ ጥብቅና፡ ሜላታት ኣነባብራ፡ ዓሌታዊ መሰረት ዘለዎ ሕውየት፡ ፖሊሲ ጥብቅና ከምኡ'ውን ኣገልግሎት መዳዓዝያ ንመንእሰያትን ወለድን ኣብ ናይ ሕጋዊ ኣገባብ ኮተቴታት ንዝሳተፉ።

**Community Psychiatric Clinic(ክሊኒክ ሳይኪያትሪ ማሕበረሰብ)** (206) 366-3015
ዝተፈላለዩ ቦታታት ቀንዲ፡ 4319 Stone Way N Seattle, WA 98103
ጠቕላሊ ናይ ምኽሪ ተሓካማይ፡ ገምጋማት፡ ውልቃዊ ቴራፒ፡ ደገፍ ወለዲ፡ ቴራፒ ስድራ-ቤት፡ ክእለት ዝሃንጹ ጉጅለታት ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ኣካይዳ ጉዳይ።

**Consejo Counseling & Referral Services (ኮንሰሆ መምከርን መወከስን ኣገልግሎት)** (206) 461-4880
ዝተፈላለየ ቦታታት ቀንዲ፡ 3808 S Angeline Street Seattle, WA 98118
ኣገልግሎት ንላቲንክስ፡ ኣብ ልዑል ሓደጋ ዝርከብ መንእሰይን ስድራ-ቤትን ከም ጉጅለ ጭፍራ፡ ጎንጽ፡ ምውጋድ ምጥቃም ሳብስታንስን ምትእትታውን፡ ውልቃዊ ትምህርቲ፡ ምዕላምን ኣዘናጋዒ ንጥፈታት ኣካዳምያዊ ማህደረ ትምህርታት፡ ኣገልግሎት ጥዕና ተሓከምቲ ናይ ስነ-ኣእምሮ፡ ቤት-ትምህርቲ ዝሰረቱ ናይ ምኽሪ ፕሮግራም፡ ምክልኻል ጾታዊ ዓመጽ፡ ዝርኣን ዝቕረጽን ስነ-ጥበባት ከምኡ ውን ኣገልግሎት ማሕበረሰብ።

**Credible Messengers (ሓቐኛ ተለኣኣኽቲ)** (206) 981-1190 (253) 335-6731 ከምኡ'ውን (206) 261-2410
ካብ ተመሳሳሊ ዓሌት ዝኾኑ ዓለምቲ፡ ባህላውን ማሕበረ ቁጠባዊ ድሕረ ባይታታትን ናይ ህይወት ተመክሮ ምስ መንእሰያት ዘለዎም። ሜላታት ሂወት፡ ጥብቅና፡ ዓወት፡ ዓሌታዊ መሰረት ዘለዎ ሕውየት፡ ምሕያል ከምኡ'ውን ኣካድምያዊ ምዳበታት።

**Crime Victims Compensation (CVC) (ካሕሳ ግዳያት ገበን)** (800) 762-3716
ክፍሊት ሕክምና፡ ምኽሪ ከምኡ'ውን ውሱን ጥፍኣት ደሞዝ ንንጹሃን ግዳያት ገበን።

**Employment and Education Youth Services (ኣገልግሎታት ስራሕን ትምህርትን መንእሰያት)** (206) 477-7000
WorkSource Center 645 Andover Park West Tukwila, WA 98188

**Friends of Youth (ኣዕሩኽ መንእሰያት)** (425) 869-6490
ኢዛክዋ
ጠቕላሊ ኣገልግሎታት፡ ናይ ምኽሪ ተሓካማይ፡ ንተመሃሮ ማእከላይ ደረጃን ነበርቲ መዕቆብን ካብ ቤት-ኣልቦነት ንምድሓን ዝወሃብ ስልጠና ሜላታት ኣነባብራ።

**Glover Empowerment Mentoring (GEM) (ግሎቨር ሓላፍነት-መውሃቢ መምሃሪ)** (253) 277-2726
827 N Central Ave Suite B-109 Kent, WA 98032
ውልቃዊ፡ ጉጅለኣዊ ከምኡ`ውን ኣብ ቤት-ምህርቲ ዝተሞርከሰ ምምዓድ። ኣመሓድራ ጉዳይ፡ ጥብቅና፡ ደገፍ ቅልውላው፡ ምንባይ ኣብ ጎደና ዝለውን ኣገባብ ድህሰሳ።

**Greater Maple Valley Community Center (ማእከል ማሕበረሰብ ግሬተር ማፕል ቫሊ)** (425) 432-1272
ምክልኻልን ጣልቃ ምእታውን ናይ ትሕተ ዕድመ ፕሮግራም። ፕሮግራማት ንትሕቲ ዕድመ ተመሃሮ ካብ 6 ክፍሊ -12 ክፍሊ፡ ናይ መዛኑ ንጥፈታት፡ ምክልኻል ናይ ትሕቲ ዕድመ ናይ ዕርክነት ግጭት፡ ናይ ክረምቲ ንጥፈታት፡ ውልቃዊ ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት LGBTQ።

**Guided Pathways Support for Youth and Families (ተመራሒ መገዲታት ደገፍ ንመንእሰያትን ስድራ-ቤታትን)** (253) 236-8264
መስመር ሓገዝ ንመንእሰያትን ስድራ-ቤታትን ሰሉስን ሓሙስን 9:00ቅ.ቀ-5:00ድ.ቀ (253) 277-4052
6625 S. 190th St., Suite B108, Kent, WA 98032

ኣብዚ ኣገባብ ክንክን ንዘለው ቆልዑ፡ ንወለዶም 1-1 ደገፍ የዳሉ። ናይ ወለዲ ትምህርትን ስልጠናን ንወሃብቲ ደገፍ ወለዲ። ደገፍ ናይ መዘና ንመንእሰያት። ናይ ስድራ-ቤት ማሕበራዊ ኣጋጣሚ።

**Harborview Medical Center Traumatic Stress Counseling (ሃርበርቪው ማእከል ጥዕና ምኽሪ ንጉድእትን ጸቕጥን)** (206) 744-1600 ሲያትል
(425) 688-5130 በሌቩ
ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ንግዳያት ኹሉ ዓይነት ጎነጽ።

**Helping Youth Perform Excellence HYPE (መንእሰት ብሉጻት ንኽኾኑ ዝሕጋዝ)** (253) 740-8198
ፈደራል ወይ
ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ፡ ናይ ቀዳመ ሰንበት ፕሮግራም ንቆልዑ ካብ 14-18 ዝዕድሚኦም ኣብ ኣምክሮ ኮተቴታት ወይ ኣብ ሓደጋ ኣምክሮ ኮተቴታት ንዘለው። ብመራሕቲ ማሕበረሰብ፡ መሪሕነት ከምኡ'ውን ሜላታት ህይወት ይምህር። ዕዉት መደብ ምውጻእ ከምኡ'ውን ደገፍ።

**Horn of Africa (ቀርኒ ኣፍሪቃ)** (206) 760-0550
5303 Rainier Ave. S. Suite D Seattle, WA 98118
ስልጠና ኣመሓድራ ጉዳይን ድልውነት ንስራሕን ብኣምሓርኛ፡ ኦሮሞ፡ ትግርኛ ከምኡ'ውን ሶማሊኛ። ነገልግሎት ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ስደተኛታት ካብ ኩሉ ኪንግ ካውንቲ።

**The IF Project**
መግለጺ

**Journeymen** (206) 429-5203
ቫሾን ኣይላንድ
ምኹስኳስ ናይ ለውጢ ተመክሮ ንኣወዳትን ሰብኡትን ብመገዲ ባህርያዊ-መሰረት ጽንብልን ቀጻሊ ታዕሊምን። ካምፕ፡ ዓውደ መጽናዕታትን ናይ ብሕቲ ግዜ ምውሳድን ወዘተ።

**Kent Youth and Family Services (ኬንት ናይ መንእሰያትን ስድራ-ቤትን ኣገልግሎታት)** (253) 859-0300
232 2nd Ave. S. Ste 201 Kent, WA 98032
ናይ ኣእምሮ ጥዕናን፡ ኣገልግሎት ምትእትታው ምጥቃም ሰብስታንስን ኣገልግልይ LGBTQ መሻርኽቲ ደገፍቲ ጉጅለ ንኣብ ዕድመ 13-19 ዘለው መንእሰያት፡ ምሕጋዝ መንእሰያትን ናይ ድሕረትምህርቲ ፕሮግራማት ከምኡ'ውን ምውጋድ ቤት-ኣልበነት።

**King County Sexual Assault Resource Center (KCSARC) (ማእከል ጸጋታት ጾታዊ ዓመጽ ኪንግ ካውንቲ)**
(425) 226-5062
24-ሰዓታት ናይ ቅልውላው ሓገዝ መስመር (888) 998-6423
200 Mill Avenue South, Suite 10 Renton, WA 98057
ጾታዊ ዓመጽ ንዝወረዶም ሰባት ናይ ቴራፒ፡ ጥብቅና፡ ሕጋዊ ጥብቅና፡ ደገፍ ስድራ-ቤት፡ናይ ቅልውላው ደገፍ ኣገልግሎት ይህብ። ብተወሰኺ ብቋንቋ ስጳኛ ኣገልግሎት ይህቡ።

**King County Wraparound WISE** (206) 263-8957 ወይ (206) 263-9006
ጉጅለ ዝመሰረቱ ናይ ምምዳብ ኣገባብ ንመንእሰያት ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም መንእሰያትን ስድራ-ቤታቶምን ዝተመሓየሸ ውጽኢት ንኽምጹ ዝተነድፈ።

**ማእከላት ትምህርቲ**
Shoreline Community College (206) 533-6733
Seattle Vocational Institute (206) 934-4439

ኣብ ክሊ ዕድመ 16-24 ዝርከቡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዘይወድኡ እንተኾነ ናይ GED ዕላምኦም ክረኽቡን ኮለጅ ክቕጽሉ፡ ቴክኒካዊ ስልጠናታት ከምኡ'ውን/ወይ ንክሰርሑ ኣገልግሎት ይህብ። ናይ ትምህርቲ ጥብቅናን ምሕደራ ጉዳይን።

**Mentoring Urban Students and Teens (M.U.S.T.) (ምምሃር ተማሃሮ ከተማን ኮተቴታትን)** (206) 949-7444
4093 Letitia Ave S. Seattle, WA 98118
ዝኸፈሉ ናይ ኮለጅ ተምሃሮ ንመንእሰያት ካብ 8ይ ክፍሊ ክሳብ ካልኣይ ደራጃ ናይ ራይነር ቫሊ ቤት-ትምሀርቲ ስልጠና ይህቡ።

**Mercer Island Youth and Family Services (መርሰር ኣይላንድ ናይ መንእሰያትን ስድራ-ቤትን ኣገልግሎታት)**
ቤት-ትምሀርቲ ዝሰረቱ ናይ ምኽርን ናይ ተመላላሲ ተሓካሚ ስድራ-ቤታዊ ቴራፒ።

**National Suicide Prevention Lifeline (ሃገራዊ ምክልኻል ርእሰ-ቕትለት መድሓኒመስመር)** (800) 273-8255 TTY (800) 799-4889
መድሓኒ መስመር 24/7 ዝሰርሕ፡ ነጻን ምስጢራዊ ሓገዝ ንኣብ ጭንቀት ዝርከቡ ሰባት፡ ምኽልካልን ናይ ቅልውላው ምንጪታት ንዓኻን ንፈተውትኻን ይህብ።

**Navos** (206) 248-8826
ዝተፈላለዩ ቦታታት። ቀንዲ 2600 SW Holden Street, Seattle, WA 98126
ደቂሶም ዝሕከሙን ተመላለስቲ ክሊንክን፡ ኣብ ገዛን ቤት-ትምሀርትን ዝሰረቱ ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ።

**Neighborhood House (ናይ ከባቢ ገዛ)** (206) 461-8430
ቦታታት ኣብ ሲያትልን ኦበርን
ናይ ድሕረትምህርቲ ፕሮግራማት፡ ንነበርቲ ሃይ ፖይንት ናይ ስድራ-ቤት ማእከል ጸጋታት ከምኡ'ውን ኣገልግሎታት ትምህርትን ስራሕን ንመንእሰያት።

**North Shore Youth and Family Services (ኖርዝ ሾር ኣገልግሎታት መንእሰያትን ስድራ-ቤትን)** (425) 485-6541
19201 120th Ave. NE Ste 108 Bothell, WA 98011
ጥዕና ኣእምሮ፡ ምኽሪ ምጥቃም ሳብስታንስን፡ ትምህርቲ ኣተዓባብያ ቆልዑ ከምኡ'ውን ሓገዝ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝህቡ ፕሮግራማት።

**Open Doors for Multicultural Families (ክፉት ማዕጾ ንባህላዊ-ብዙሑነት ዘለዎም ስድራ-ቤታት)** (253) 216-4479
24437 Russell Rd., Suite # 110 Kent, WA 98032
ንመንእሰያትን ስድራ-ቤታት ዝሰንከሉ መንእሰያትን ቆልዑን ዝተፈላለየ ቋንቋ ዝዛረቡ ሓገዝ ይህብ። ባህላዊ ግብረ መልሲ፡ ንምምዕባል ክእለት ንመንእሰያትን ስድራ-ቤታትን ዝወሃብ ዓውደ መጽናዕታት፡ ደገፍቲ ጉጅለታት፡ ንስራሕ ድልውነትን ሜላ ኣነባብራ፡ ምክልኻል ቤት-ኣልቦነት፡ ጥብቅና፡ ስርዓት ምድህሳስን፡ ናይ ምዝንጋዕ ንጥፈታት ወዘተ።

**Parent for Parent (ወላዲ ን ወላዲ)** (206) 477-2311
**Superior Court, Seattle and Maleng Regional Justice Center, Ken (ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ሲያትልን ማለንግ ዞባዊ ማእከል ፍትሒ፡ ኬን)**
ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ነቶም ብኣገልግሎታት ምክልኻል ቆልዑ (CPS) ደቆም ካብ ትሕቲኦም ዝተወስዱ ስድራ-ቤታት ወይ ደቆም ኣብ ትሕቲ ጽግዕተኝነት ቤቶም ንዘለው ሓገዝ ይህብ። እዚ የራኽብ "Parent Allies" "ኪዳን ወለዲ" (ወለዲ ነቲ ናይ ኮተቴታት ጽግዕተኝነት ኣገባብ ብዓወት ዝዳህሰስዎ) ምስቶም ነቲ ኣገባብ ሓደስቲ ዝኾነ ወለዲ። ኪዳን ወለዲ ደገፍን ሓገዝን ነቶም ሓደስቲ ወለዲ፡ ነቲ ኣገባብ ንኽርድእዎን ምስ ደቆም ዳግማይ ብዓወት ንክነብሩ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ይሕግዝ።

እቲ ፕሮግራም ሰለስት ቀንዲ ነገራት የጠቓልል፡ ኪዳን ወለዲ ደገፍ ኣብ ቤት-ፍርዲ ጽግዕተኝነት፡ ናይ ክልተ ሰዓት ናይ ትምህርቲ ክፍሊ Dependency 101 (ጽግዕተኝነት) 101 ዝፍለጥ ከምኡ'ውን ዝቕጽል ናይ ደገፍ ትምህርቲ ብ Dependency 201 (ጽግዕተኝነት 201) ዝፍለጥ።

**Positive Outcomes Program (ኣወንታዊ ውጽኢታት ዘለዎ ፕሮግራም)** (253) 838-6810
ፈደራል ወይ
ናይ መንእሰያት ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርት ንምምራቕ ወይ GED ንምርካብ፡ ኣብ ኮለጅ ንምምዝጋብ ወይ ናይ ስልጠና ፕሮግራም፡ ስራሕ ምሓዝ፡ ደገፍ ከም መጓዓዚያ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቀረብ ክዳውንቲ መንበሪ ገዛ ወይ ምግቢ ከምኡ'ውን ኣብ ኣወንታዊ ንጥፈታት ናይ ምስታፍ ዝድግፍ ፕሮግራም።

**Powerful Voices (ሓይሊ-ዘለዎ ድምጽታት)** (206) 860-1026
1620 18th Ave. Ste. 100 Seattle, WA 98122
ኣብ ቤት-ትምህርቲን ናይ ክረምቲ ፕሮግራማት፡ ናይ ባህሊ ምህብታም ፕሮግራማት፡ ናይ ስራሕ ፕሮግራማት፡ ጥብቅና ምምዕባል ንመንነት ደቂ ኣንስትዮ ዝድግፍን ክልተኣዊ ጾታ ንዘለዎም መንሰያትን።

**Puget Sound Adlerian Society** (206) 527-2566
ነጻ ናይ 14- ሰዓታት ተኸታታሊ ትምህርቲ ኣወንታዊ ስነ-ስርዓታዊ ኣተዓባብያ ከምኡ'ውን ዝተመደቡ ኣብ መስመር ዓውደ ኣዋርሕ ኣወዳድባ ንጥፈታት ኣተዓባብያ ቆልዑ ከምኡ'ውን ካልኦት ተሓባበርትን ትካላትን ትምህርቲ ናይ ስልጠና ትምህርቲ ሓበሬታ ኣብ ውሽጢ ማእከል ፑጌት ሳውንድ ከባቢ።

**Reconnect to Opportunity (ዳግመ-ርክብ ንዕድላት)** (206) 263-8244
ካብ 16-24 ክሊ ዕድመ ንዘለዉ ኣብ መንበሪ-ቤት ዳግማይ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ምድላው። ከምኡ'ውን ደገፍ ናይ ስራሕ።

**Renton Area Youth & Family Services (ኣገልግሎታት መንእሰያትን ስድራ-ቤትን ከባቢ ረንቶን)** (425) 271-5600 ወይ (206) 772-2050
1025 South 3rd St. Renton, WA 98057 and 12704 76th Ave. S. Seattle, WA 98178
ስድራ-ቤታዊ ፍወሳን ምኽሪ ናይ ጠባይ ጥዕናን። ጉዳይ ምሕደራን ምክልኻል ኣብ ሓደጋ ንዝርከቡ መንእሰያት ብመገዲ SPARK T.H.I.S. ፕሮግራም።

**Ryther** (206) 525-5050
2400 NE 95th St. Seattle, WA 98115
ቴራፒን ምኽርን ንመንእሰያት፡ ኦውቲዝም ንዘለዎም ክንክንን ክእለትን ንመንእሰያት ሕማም ADHD (ኢ.ይ.ዲ.ኢ.ች.ዲ) ንዘለዎምን። ገምጋማት ከምኡ`ውን ጣልቃ ምእታው ኣብ ተጠቃምነት ሳብስታንስ ብመንእሰያት።

**SafeFutures Youth Center (ማእከል መንእሰያት ሰይፍ ፍዩቸር)** (206) 938-9606
6337 35th Ave. SW Seattle, WA 98126
ብባህሊ ቅልጡፍ ግብረመልሲ ምኽልካልን ጣልቓ ምእታውን ፕሮግራማት ኣብ ሓደጋ ምእታው ናይ ሕጋዊ ኣገባብ ንዘለው መንእሰያትን ኣብዚ እዋን ተሸሚሞ ዘለውን። ቤት-ጽሕፈቶም ኣብ ምዕራብ ሲያትል ኢዩ፡ እንትኾነ ግን ኣብ ምሉእ ኪንግ ካውንቲ ኣገልግሎት ይህቡ ኢዮም። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምጽማድ፡ ስልጠና፡ ጥብቅና፡ ጉዳይ ምሕደራ ከምኡ ውን ካልኦት ኣድለይቲ ምንጭታት ሓገዝ ይህብ።

**SeaMar**
ዝተፈላለዩ ቦታታት
ኣገልግሎት ብቋንቋ እንግሊዝኛን ስጳኛን። ላቲንክስ ትምህርታዊ ፍጻመ ፕሮግራም። ጽዑቕ ግዳይ ምሕደራ፡ ዳግማይ ምጽማድ ኣብ ትምህርቲ፡ ምኽሪ ድራግ/ኣልኮል፡ ምክሪ ስድራ-ቤት፡ ኣገልግሎት ጥዕናን ዘቤታዊ ሓገዝ ንኣብ ናይ ኮተቴታት ስርዓተ ሕጊ ኣገባብ ዝኣተዉ፡ ኣብ ሓደጋ ምስጓግ ዝርከቡ ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ከምኡ`ውን ኣብ ማሕበረሰብ ብዓመጽ ዝተጸልዉን። ብተወሳኺ፡ መንእሰያት ሓገዝ ናይ ስራሕ፡ ድሕሪ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዕድላት ምድህሳስ፡ ዕድላት ማሕበረሰባዊ ኣገልግሎትን ይረክቡ።

**Seattle Children's (ቆልዑ ሲያትል)** (206) 987-2000
4800 Sand Point Way NE Seattle, WA
ናይ ወለዲ ትምህርታትን ናይ ደገፍ ጉጅለታትን፡ ናይ ብጽሕና ምዕባለ ስልጠና ንእኹላት ሰባት፡ ናይ መዘና ምኽሪ፡ ጸጋታት ትምህርቲ። ደገፍ ስንኩላን መንእሰያት ንዘለውዎም ስድራ-ቤታት።

**Sound** (206) 901-2000
6400 Southcenter Blvd. Tukwila, WA 98188
ጠቕላሊ ኣገልግሎታት መንእሰያት። ተመላላሲ ተሓካሚ፡ ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ቤት-ትምህርቲ ዝሰረቱ ኣገልግሎታት። ክእለት ኣተዓባብያ፡ ብውልቂ፡ ብጉጅለ፡ ብጽምዲ ከምኡ'ውን ናይ ስድራ-ቤት ቴራፒ። ገምጋማት፡ ጉዳይ ምሕደራ፡ መልሰ ግርጭት፡ ኣገልግሎት ሳይኪያትሪ፡ ስራሕ ከምኡ'ውን ደገፍ መንበሪ ቤት። መጻምድቲ ወለዲ ከምኡ'ውን ምኽሪ መዘኑ። ፍሉያት ኣገልግሎታት ስንባደ ንዘለዎም ሰባት ከምኡ'ውን ኣውቲዝም ንዘለዎም ቆልዑ።

**Southeast Youth & Family Services (ኣገልግሎታት መንእሰያትን ስድራ-ቤትን ሳውዝኢስት)** (206) 721-5542
3722 South Hudson Street Seattle, WA 98118
ምኽሪ፡ ምዕባለ ቆልዑ ከምኡ'ውን ፕሮግራማት ንምምዕባል መንእሰያት። ህዝባውን ሃናጺ ህይወት ትምህርታትን፡ ባህላውን ኣዘናጋዕን ንጥፈታት ከምኡ'ውን ኣካዳምያዊ ደገፍ። ደገፍ ስድራ-ቤትን ወለድን ከም ጉዳይ ምሕደራን ምኽርን። ንኣፍሪቃውን ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ዝተመደበ (ጉዳይ ምሕደራ፡ ሓገዝ ናይ ስራሕን ባህላዊ ልምምዳትን ምምእዛንን)። ንኤስያውያን ስደተኛታት ዝተመደበ ናይ ምኽሪ፡ ጥብቅና፡ ሓበሬታን መወከስታን፡ ኣብ ቐልውላው ጣልቃ ምእታው ከምኡ'ውን ጉዳይ ምሕደራ፡ ሓገዝ ናይ ስራሕን ባህላዊ ልምምዳትን ምምእዛንን ፕሮግራም ። ናይ ምትርጓምን ምስቱርጓምን ኣገልግሎት ድሉዋት ኢዮም።

**Southwest Youth & Family Services (ኣገልግሎታት መንእሰያትን ስድራ-ቤታትን ሳውዝዌስት)** (206) 937-7680
4555 Delridge Way SW Seattle, WA 98106
ናይ መንእሰያትን ስድራ-ቤትን በብውልቂ፡ ናይ ጉጅለ ከምኡ'ውን ስድራ-ቤታዊ ቴራፒ። ሓደሽቲ ኩነታት፡ ART፡ ፕሮግራም ምክልኻል ጎነጽ መንእሰያት፡ ጠቕላላ ኣገልግሎታት፡ ይህብ ምኽርን ምሕደራ ጉዳይን፡ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ፕሮግራማት፡ ናይ ክረምቲ ፕሮግራማት ከምኡ'ውን ናይ ምዝንጋዕ ፕሮግራማት።

**Substance Abuse Hotline (መስመር ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ሳብስታንስ)** (800) 662-4357
24/7፡ 365-መዓልቲ-ኣብ-ዓመት ናይ ሕክምና ምውካስን ሓበሬታ ናይ ምርካብን ኣገልግሎት (ብቋንቋታት እንግሊዝኛን ስጳኛን) ንውልቀ ሰባትን ስድራ-ቤታትን ናይ እእምሮ ሕማም ከምኡ'ውን/ወይ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ሳብስታንስ ንዘለዎም።

**Suicide Crisis Text Line (ናይ ርእሰ ቕትለት ቅልውላው ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ መስመር)**
24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ኣብ መላእ ሕቡራት መንግስታት ሓገዝ ኣሎ ብናይ ጽሑፍ መልእኽቲ መስመር ልኣኹ START ናብ 741741። እቲ መልእኽቲ ዝሰድድ ዘሎ ኣብቲ ግዜ ምስ ዘሎ ናይ Crisis Counselor (ቅልውላው ኣማኻሪ)፡ ብዘለዎ ክእለት ምትህድዳእ ኣብ ቅልውላው ዘለው ሰባት ብንቕሓት ብምስማዕን ሓቢርካ ሽግር ናይ ምፍታሕ ኢዩ።

**TeamChild** (206) 322-2444
1225 S. Weller Ste 420 Seattle, WA 98144
ምዕጋት መዛግብቲ ኣብ ክሊኒካት ሲያትልን ኬንትን ሕጋዊ ጥብቅና ንኣሰራርሓ መዕገቲ ከም ኣካዳምያዊ፡ መንበሪ ቤት፡ ክንክን ናበይቲ፡ ዘይተማልአ ናይ ጥዕና ጸገም ከምኡ'ውን ሓገዝ ኣብ ሕጋዊ ኣሰራርሓን ደገፍን።

**Teen Clinics by Seattle and King County Public Health (ክሊኒካት ኮተቴታት ብሲያትልን ኪንግ ካውንቲን ህዝባዊ ጥዕና)**
ኦውበርን፡ ኢስትበይ፡ ፈደራል ወይ፡ ኬንት
ነጻን ትሑት ዝዋግኡ ኣገልግሎታት ካብ ትሕቲ ዕድመ ክሳብ 21 ዓመት ዝዕድሚኦም። ነጻ ኮንዶማት፡ ናይ ጥንሲ መከላኸሊ ኣገባባት፡ ብስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን (STD) መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ (HIV)፡ መደብ ለ (ንግሆ ድሕሪ ከኒና) ናይ ጥንሲ መርመራታት ከምኡ'ውን ሓበሬታ ብዛዕባ ጾታዊ ጥዕና።

**Teen Link** (866) 833-6546
ስሙ-ስዉር ናይ ተሌፎን ናይ ሓገዝ መስመር ንኮተቴታት። ምሸት 6:00ድ.ቀ- 10:00ድ.ቀ

**TXT 4 HELP** 44357
ሃገር ሙሉእ ዘጠቓልል፡ 24-ሰዓታት ናይ ሓገዝ ናይ ጽሑፍ ኣገልግሎት ኣብ ቅልውላው ንዘለው ትሕቲ ዕድመ። ብሰንኪ ዘጋጥም ዓመጽ፡ ምፍርራሕ፡ ናይ ስድራ-ቤት ጸገም፡ ጭንቀት፡ ነብስኻ ናይ ምጥፋእ ሓሳብን ከምኡ'ውን ካልኦት ሓገዝ ንምሕታትን ድሕነት ንምርካብን ክጠቅም ይክኣል። TXT 4 HELP ኣማኸርቲ ብናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ሓገዝ ክገብሩ ይኽእሉ ከምኡ`ውን ተወሰኽቲ ሓሳባት ዝሕግዙ ህጹጽ ሓገዝ ንክትረክብ ክህቡ ይኽእሉ። ኣዛ ቃል ጽሒፍካ ስደዳ "safe" ከምኡ'ውን ዘለኻዮ ኣድራሻ (ኣድራሻ, ከተማ, ክፍለሃገር) ስደዶ ናብ 4HELP (44357)። ኣብ ውሽጢ ካልኢታት መልእኽቲ ክትቕበል ኢኻ ናይቲ ዝቐረበ Safe Place (ቦታ ድሕነት) ናይቲ ውሽጣዊ ናይ መንእሰያት ወኪል ኣድራሻ ኢንተርነትን ቁጽሪ ተሌፎንን። ንህጹጽ ሓገዝ፡ መልስ ብ "2chat" ምስ ኪኢላ ኣማኻሪ ንኽትጸሓሓፍ።

**Therapeutic Health Services (THS)ቴራፐቲካዊ ኣገልግሎት ጥዕና** (206) 323-0930
ዝተፈላለዩ ቦታታት
ጠቕላላ ኣገልግሎት፡ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን ምጥቃም ሰብሳታንስን ጥዕና ኣእምሮን፡ ናይ 5 ሰምንቲ ንስጳኛውያን ወለዲ ዝዕልም ጉጅለ ነቶም ዝደጋገም ናዕቢ ንዝገብሩ ንመንእሰያት ። ቤት-ትምህርቲ ሰረት ዝገበረ ኣገልግሎት ኣብ ማድሮና ማእከላይ ቤት-ትምህርትን ጋርፊልድ ካልኣይ ደረጃን፡ ከም ገምጋም፡ ምክልኻል ቅልውላው፡ ውልቃውን ጉጅለኣውን ምኽርታት፡ ጎነጽን ጣልቃ ምእታውን/ምክልኻልን ጉጅለ ጭፍራ፡ ምርኻብ ምስ ጸጋታት ከምኡ'ውን ትምህርቲ ሜላ ኣነባብራ ንኣፍረቃዊ መቦቆል ዘለዎም መንእሰያት።

**Urban Artworks (ስርሓት ስነ-ጥበብ ከተማ)**
Inscape Arts Building 815 Seattle Blvd S Ste B7 Seattle, WA 98134
ናይ ድሕረ ትምህርትን ናይ ልምምድ ፕሮግራም፡ ናይ ስራሕ ፕሮግራም፡ ናይ ክረምቲ ፕሮግራም፡ ናይ ቤተ መዘክርን ናይ ልምምድን ፕሮግራም። EET ኣብ ኣመክሮ ንዘሎ መንእሰይ መሻርኽቲ ፕሮግራም።

**Urban Impact (ጽልዋ ከተማ)** (206) 722-2052
7728 Rainier Ave. S Seattle, WA 98118
ዝተፈላለዩ ማእከላት ሲያትል ካብ ማእከላይ ዘበ ናብ ማእከል ዋይት ዘሎ ንስደተኛታት ተመሃሮ ዝወሃብ ውልቃዊ ናይ ትምህርቲ፡ ደገፍ ስድራ-ቤት ስደተኛ፡ ምምዓድ፡ ደገፍ ድሕረ ትምህርቲ፡ ናይ ኣቦነት ተራ ከምኡ ውን ልዕሊ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ የዳልው።

**Urban League of Metropolitan Seattle (ጥምረት ከተማ ማእከል ከተማ ሲያትል)** (206) 461-3792
105 14th Ave. Ste 200 Seattle, WA 98122
ትምህርቲ፡ መንበርን ከምኡ`ውን ደገፍ ስራሕ፡ ፕሮግራማት ምሕያል መንእሰያት ከምኡ'ውን ንጥፈታት ንሞያውያን መንእሰያት።

**Valley Cities Counseling and Consultation (ምኽርን ውከሳን ቫሊ ሲቲስ)** (253) 833-7444
ዝተፈላለዩ ቦታታት

**Vashon Youth and Family Services (ቫሾን ኣገልግሎታት መንእሰያትን ስድራ-ቤታትን)** (206) 463-5511
20110 Vashon HWY SW Vashon, WA 98070
ጉዳይ ምሕደራ፡ ምኽሪ፡ ኣገልግሎት ኣጠቓቕማ ሳብስታንስ፡ ሓገዝ ናይ ጸጋታት፡ ናይ ምግቢ ከብሒ፡ ናይ ስኒ ኣገልግሎት፡ ጥብቅና፡ ምክልኻል ቤት-ኣልቦነት፡ መነባብሮኣዊ ሓገዝ፡ ኣገልግሎት ንነፍሰ-ጾራት፡ ኣገልግሎት ኣተዓባብያ፡ ኣገልግሎት ላቲኒክስ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ምክልኻል ግጭት።

**Victim Support Services (ኣገልግሎታት ደገፍ ግዳያት)** (800) 346-7555 (24-ሰዓት መስመር ሓገዝ)
ናይ ቀደም ስሙ Families & Friends of Violent Crime Victims (ስድራ-ቤታትን ኣዕሩኽን ግዳያት ገበናዊ ግጭት) ዝነበረ። ማሕበረሰባዊ ዝሰረቱ ኣገልግሎት ደገፍ ንኩሉ ዓይነት ገበናዊ ግዳያት ዝበጽሖም።

**Washington Recovery Help Line (ናይ ዋሽንግተን ናይ ምሕዋይ ሓገዝ መስመር)** (866) 789-1511
ናይ 24 ሰዓታት ስምዒታዊ ደገፍን ውከሳ ዝተገብረሎም ንዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ሳብስታንስን፡ ጸገም ናይ ምጥላዕን ናይ ኣእምሮ ጥዕናን ደገፍ ይህብ።

**YMCA (ዋይ.ኤም.ሲ.ኤይ)**
ዝተፈላለዩ ቦታታት
ንመንእሰያትን ነኣሽቱ እኹላት ሰባትን ዝወሃብ ናይ መንበሪ፡ ምስግጋር መደብን ትምህርቲ፡ ስራሕ፡ ደገፍ ስድራ-ቤትን መንበሪ ክንክንን፡ ምኽርን ቴራፒን፡ ምምዕባል መሪሕነት ከምኡ ውን ምውጋድ ግጭት ኣገልግሎት ይህብ።

**You Grow Girl (ንስኺ ጎብዚ ጥራይ)** (206) 417-9904
2200 Rainier Ave S, Suite 201, Seattle, WA 98144
ብግዜ መዓልቲ ዘገልግሉ መዓስከራት፡ ክእለት ዝቀስምሉ ጉጅለታት፡ ኣሰልጠንቲ ሞያ፡ ጉዳይ ምሕደራ፡ ውልቃውን ስድራ-ቤታውን ምኽርታት፡ ትምህርቲ ኣኣምሮ፡ ናይ ደገፍ ጉጅለታት ንቆልዑን ካብ 7 ዕድመ ንላዕልን ንዘለው መንእሰያትን።

**Young Women Empowered (Y We) ምሕያል መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ** (206) 519-2426
2524 16th Avenue S. Suite #301 Seattle, WA 98144
Y-WE ናይ ምስልጣንን ምሕያልን ፕሮግራማት ኣብ ክሊ ዕድመ 13-24 ዝርከባ ዝተፈላለያ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ዝበዝሐ ከባቢ ሲያትል ዝርከባ እኹላት ደቂ ኣንስትዮ ኣሰልጠንቲ የገልግል። Y-We ብኣሰልጠንቲ ዝተዳለው ትርጉም ዘለዎም ምስ ባህሊ ዝተተሓሓዘ ፕሮግራማት ይፈጥር።

**YouthCare** (800) 495-7802
ናይ መዕቆቢ ፕሮግራማት ንመንእሰያት፡ ስርዓት ምድህሳስ ኮተቴ፡ ካብ ቤት-ኣልቦነት ምድሓን፡ ምዕላም፡ ጥብቅና ንጾታዊ ዓመጽን ናይ ንግድን ጾታውን ምዝመዛን የዳሉ።

**Youth Eastside Services (YES)ናይ ምብራቓዊ ሸነኽ ናይ መንእሰያት ኣገልግሎት** (425) 747-4937
ቤልቩ፡ ኪርክላንድ ከምኡ'ውን ሬድመንድ
መርትዖ ምርኩስ ዝገበረ ናይ እእምሮ ናይ ጥዕና ምኽሪ፡ ምጥቃም ሳብስታንስ፡ ሓቢሩ ዝመጽእ ምኽሪ ምዝንባላትን ኣፈዋውስኡን፡ ሳይከያትርያዊ ኣገልግሎት፡ ትምህርትን ናይ ምክልኻል ፕሮግራም ንቕልዑ፡ መንእሰያትን ስድራ-ቤቶምን ኣብ ኢዚ ኪንግ ካውንቲ። ኣገልግሎት ብቋንቋ ስጳንኛ።

**Youth and Family Clothing Shop at Juvenile Court (ናይ መንእሰያትን ስድራ-ቤትን ድኳን ክዳን ኣብ ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት)** (425) 531-1756
1211 E. Alder St. Seattle, WA 98122
ናይ ክዳውንቲ ባንክ ንዝኾነ ዝደሊ መንእሰይ ከምኡ`ውን ንስድራ-ቤታት ኣብ ናይ ኮተቴታት ናይ ስርዓት ሕጊ ጉዳይ ዝሳተፉ ዘለዉ።

**YouthSource** (206) 477-7010
እዚ ማእከል ነቶም ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ዘይዛዘሙ ኣብ ክሊ ዕድመ 16 ክሳብ 24 ዝርከቡ መንእሰያት ዝበቅዕ ስሩዕ ፕሮግራማት ይህብ። እዞም ፕሮግራማት ኣብ ትምህርቲ፡ ስራሕ ከምኡ'ውን ምምዕባል መሪሕነት ዘተኮሩ ኢዮም። ብተወሳኺ፡ እዚ ማእከል ርክብ ምስ ናይ መንእሰያት ፕሮግራማት፡ ርጉእ ሂወት ንምምራሕ ማሕበረሰባዊ ጸጋታት፡ ናይ ስራሕ ድልውነትን ምቕራብ ኣገልግሎትን ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ምምሕዳር ጉዳይ የቕርብ።

# ምስጋና

**ትሕዝቶታት ዝተወስዱ ካብ** the "King County Juvenile Justice Resource Booklet (ንእሽቶ መጽሓፍ መወከሲ ፍትሒ ኮተቴታት ኪንግ ካውንቲ)" ዝተዳለወት ብ Juvenile Justice 101 (ፍትሒ ኮተቴታት 101), "A Family Guide to Pennsylvania's Juvenile Justice System Developed by the Family Involvement Committee of the Pennsylvania Council of Chief Juvenile Probation Officers (ናይ ስድራ-ቤት ሓባሪ ናይ ፐንሲልቫንያ ናይ ኮተቴታት ናይ ፍትሒ ስርዓት፡ ብኮሚተ ስድራ-ቤታዊ ምትእትታው ቀንዲ ጸሓፍቲ ቓውንስል ኮተቴታት ፐንስልቫንያን ዝማዕበለ)" ከምኡ'ውን እቶም Parents of Incarcerated Children Bill of Rights (ወለዲ ናይቶም ዝተኣስሩ ቆልዑ እማመ መሰል ካብቲ) Texas Juvenile Justice Division (ክፍሊ ፍትሒ ኮተቴታት ናይ ቴክሳስ)።

**ZYD(ዚ.ዋይ.ዲ) ምስጋና ነዞም ዝስዕቡ፡ ዘይቁጸር ሰዓታት ንዝገበርዎ ዳግመ መርመራ፡ መልሰ-ዕንገላ ከምኡ'ውን ምኽሪ።** ኣገልግሎታት ቤት-ፍርዲ ኮተቴታት ናይ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኪንግ ካውንቲ፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምክልኻል : ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ኪንግ ካውንቲ፡ ቤት-ጽሕፈት ስትራተጅያዊ ትግባረ ባጀት ኪንግ ካውንቲ፡ ህዝባዊ ጥዕና ኪንግ ካውንቲን ስያትልን፡ ክፍሊ ቤት-ማእሰርቲ ዓበይትን ኮተቴታትን ኪንግ ካውንቲ፡ ናይ ኪንግ ካውንቲ ናይ ጠባይ ጥዕናን ናይ ምሕዋይ ክፍልን፡ ኣማኻሪ ስድራ-ቤትን መንእሰያትን ኪንግ ካውንቲ፡ ኣኒታ ኣስፌ፡ ሻልይን ኮልማን፡ ክሪስታል ፊልድስ፡ ኣልሪክ ሆሊንግስዎርዝ፡ ካሪሳ ሞሪካዋ፡ ጆን ሮጀርስ፡ ላቶንያ ሮጀርስ ከምኡ'ውን ሊነት ቶድ። ስእላዊ ምስሊ ብማከታ ዊልቦርን ከምኡ'ውን ማሪ ሺቡያ።

**ብዛዕባ እዚ ሓበሬታ** ግብረመልሲ ወይ ሕቶታት ንምቕራብ ብኽብረትኩም በዚ ርኸቡና zydinfo@kingcounty.gov። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ዜሮ ማእሰርቲ መንእሰያት፡ ብጽሑ ናብ zeroyouthdetention.com.